ወ ያ ን

ፉሉይ ሕታም

ልሳን ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ | መበል 49 ዓመት ቁፅሪ 1072 | www.woyenmedia.com | 1968 - 2017 ዓ/ም | ዋጋ ብር 50

“ገጢሙና ዘሎ ፈተና ንምስጋር ብሄራዊ ሓድነትና ምሕላውን ውዳበታትና ምጥንኻርን የድሊ፡፡”

“ተሳተፍቲ መድረኽ፤ “ወፍሪ ብሄራዊ ሓድነት ትግራይ”!!

ህልውናን ድሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ሐዚ እውን ሓደጋ ኣንፀላልይዎ ከምዘሎን እዚ ዝስገር ድማ ብሄራዊ ሓድነት ህዝቢ ትግራይ ብምሕላውን ውዳበታትና ብምጥንኻርን ከምዝኾነ ተሳተፍቲ መድረኽ “ወፍሪ ብሄራዊ ሓድነት ትግራይ” ገሊፆም፡፡

እቶም ተሳተፍቲ ነዚ ዝገለፁ ካብ ዝተፈላለዩ ክፋላት ሕብረተሰብ፣ ካብ ስድራ ስውኣት ነባር ዓቕሚ ተጋደልቲ፣ ሃርበኛታት፣ ደቂ ኣንስትዮ፣ መናእሰይ፣ ምሁራት፣ ነጋዶ ሰብ ሞያ ኪነ-ጥበብ፣ ሰብ ሞያን ኣመራርሓን ሚድያ፣ ሰራሕተኛታት መንግስቲ፣ ምሁራን ዝተውፃእዩ “ብሄራዊ ሓድነት፣ ንምውሓስ ብሄራዊ ህላወን ድሕንነትን ትግራይ” ብዝብል መሪሕ ሓሳብ ካብ 7 መስከረም 2018 ዓ/ም ጀሚሩ ኣብዝተኻየዱ መድረኻት እዩ፡፡

እዚ ብብርኪ ትግራይ ዝተኻየደ መድረኽ ወፍሪ ብሄራዊ ሓድነት፣ ህዝቢ ትግራይ ኣንፀላልይዎ ዘሎ ሓደጋን መዋፅኢታቱን ኣመልኪቱ ዝተኻየደ እንትኾን ህዝቢ ትግራይ ብሄራዊ ዓቕምታቱን ውዳበታቱን ብምጥንኻር ቐፀልቲ መደባት መሰረት ዝገበረ ውዕውዕ ተሳትፎ ህዝቢ ዝተርኣየሉ፣ ብሕቶን ርኢቶን ተሳተፍቲ ብዕምቆት ዝተዘተየሉን መደምደምታታት ዘዕረፈሉን መድረኻት እዮም ነይሮም፡፡

ኣብፈላማይ መድረኽ ብሄራዊ ሓድነት ስድራ ስውኣት ተረኺቦም መኽፈቲ መደረ ዘስምዑ ኣቦ መንበር ህወሓት ዶ/ር ደብረፅዮን ገ/ሚካኤል፤ ብሄራዊ ሓድነት እንተዘይሃልዩ ጥር ዝብል ዝመፅእ ለውጢ ከምዘየለን ህዝቢ ትግራይ ምስጢር ሰዓራይነቱ፤ ጅግንነቱን ህላውኡን ኣብ ብሄራዊ ሓድነቱ ዝምስረት ስለዝኾነ ሎሚ እውን ከም ቀደሙ ንብሄራዊ ሓድነቱ ምርግጋፅ ህልውንኡን ድሕንነቱን ኣብ ሓደ ክዓስል ይግባእ ኢሎም፡፡

“ኩሉ ግዜ ሰላም መትከላዊ እምነት ህዝቢ ትግራይን ውድብ ህወሓትን እዩ” ዝብሉ ዶ/ር ደብረፅዮን፤ ሰላምና ውሑስ ንምግባር ድማ ብሄራዊ ሓድነት ምህላው ወሳኒ ከምዝኾነ ኣፍሊጦም፡፡ ፀላእቲ ህዝቢ ትግራይ ሐዚ እውን ብልሒ ጫፍ መኽተን ዋሕስ ሰላምናን ዝኾነ ሰራዊት ትግራይ ንምፍራስ ዝተፈላለየ ፀልማታትን ሽርሒታትን ይካየድ ምህላው ዶ/ር ደብረፅዮን ወሲኾም ዝሓበሩ እንትኾኑ፤ ይኹን እምበር ሰራዊት ትግራይ

ናብ ገፅ 9 ይዘውር

ወፍሪ “ብሔራዊ ሓድነት ንምውሓስ ብሄራዊ ህላወን ድሕንነትን” ካብ ዝገጠሙና ብድሆታት ዘሳግረና እዩ ተባሂሉ፡፡

ህዝቢ ትግራይ ዘኹርዕ ናይ ነዊሕ እዋን ታሪኽ ዘለዎን ኣብ ዝለዓለ ስልጣነ በዚሖም ካብ ዝነበሩ ህዝብታት ዓለም ብቐዳምነት ዝጥቀስ እኳ እንተኾነ በቢመዋእሉ ብናይ ውሽጥን ደገን ፀላእቲ ከበድቲ ፈተናታትን ፀገማትን እናጋጠምዎ ግን ድማ ንዕኦም ብምብዳህ ህልውንኡ ብምርግጋፅ ኣብዚ ደረጃ ዝበፅሐ ህዝቢ ምኺኑ ኣብ ወፍሪ ብሄራዊ ሓድነት ክሳተፉ ዝቐነዩ ዝተፈላለዩ ክፋላት ሕብረተሰብ ሓቢሮም።

ኣብዚ ሕዚ እዋን ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዘጋጠመ ፅንተታዊ ወራርን ንዕኡ ንምምካት ዘካየዶ መኽተ ምርግጋፅ ህልውናን ድሕንነትን እውን ናይቶም ሕሉፋት ፈተናታት መቐፀልታ ተገይሩ ከምዝውሰድ ኣብ ወርሒ መስከረም 2018 ዓ/ም ኣብ መላእ ትግራይ ዝተኻየዱ መድረኻት ዝተሳተፉ ዝተፈላለዩ ክፋላት ሕብረተሰብ ሓቢሮም፡፡ “እቲ መኽተ ሐዚ እውን ኣይተዛዘመን” ዝበሉ እቶም ተሳተፍቲ፣ ስለዚ ኩሎም ዓቕምታትና ዓቂብናን ወዲብናን ብሓድነት ክንቃለስ ከምዝግባእ ኣስሚሮምሉ፡፡ ጉጅለ ብሄራዊ ክሕደት ምህንተ ህላወ ህዝቢ ትግራይ ዝተኸፈለ ከቢድ መስዋእቲ የመራስሑ ከምዘሎ ወሲኾም ዝገለፁ እቶም ተሳተፍቲ፣ ጉጅለ ክሕደትን ንሱ ዝመርሖም

ተሳተፍቲ ወፍሪ ሓድነት ብሄረሰብ ኩናማ

ዕጡቕትን ዕላማን ሕልምን መንግስቲ ብልፅግና ኣብ ምፍፃም ተዋፊሮም ምህላዎም ኣመላኺቶም፡፡

መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ክንዲ ስምምዕ ፕሪቶርያ ምፍፃም፣ ህዝቢ ትግራይ ንምፅናት ብዘለዎ ዕላማ ሐዚ እውን ዳግም ኩናት ንምውላዕ ከምዝተዳለወ ብግልፂ ይዛረብ ምህላዉ ዝገለፁ ተሳተፍቲ እቶም መድረኻት፣ ነዚ ሕልሚ ንምፍፃም ጉጅለ ብሄራዊ ክሕደትን ዕጡቕቱን እውን ኣብቲ ህዝቢ ትግራይ ናይ ምጥፋእ ወፍሪ ብምስላፍ ውሽጣዊ ሰላም ትግራይን ህዝቢ ትግራይን ንምዝራግን ንምብታንን ብዕቱብ ይሰርሑ ስለዘለዉ ሓድነትና ኣስጢምና ምቅላስ የድሊ ኢሎም፡፡ ኣብ ኢትዮጵያ ዘሎ ስርዓት ባዕሉን ተለኣኣኽቱን ኣዋፊሩ ህዝቢ ትግራይን መላእ ሓይልታት መኽተን ካብ ዋና ኣጀንድኦም ንኽወፁን ውዕሊ ፕሪቶርያ ብምሉእነት ከይትግበርን ኮነ ኢሉ እናሓንከረ ከምዝፀንሐ ሓቢሮም፡፡

ተሳተፍቲ መድረኻት ብዘይካ እዚ፤ ኣብዚ ሐዚ እዋን ኣንፀላልዩና ዘሎ ከቢድ ሓደጋ ህልውና ብምኺኑ ከምህዝቢ ኣብ መኽተ ከምዝለና ብምርዳእ ህልውናና ንምውሓስ ዝተወደበ ፖለቲካዊ ቃልሲ ምክያድ ወሳኒ እዩ፤ ዝበሉ እንትኾን ብተወሳኺ ድማ ስትራተጂካዊ ዓቕምታት ዝኾኑ ውድብ ህወሓት፣ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ከምኡ እውን ሰራዊት ትግራይ ንፁር ብሄራዊ ረብሓ ህዝቢ ትግራይ ብምሓዝ ንተግባራውነቶም ይቃለሱ ከምዘለዉ ኣገንዚቦም፡፡ ብዋናነት ሉኣላውነት ትግራይ ክኽበር፣ ተመዛበልቲ ወገናት ናብ መረበቶም ክምለሱ፣ ፀጥታን ሰላምን ትግራይ ውሑስ ክኸውንን ዓርሰ ምርኮሳ ቁጠባ

ናብ ገፅ 14 ይዘውር

ዋና ዳይሬክተር - ተወልደብርሃን ተኽሉ
ቁ.ስ - 034 440 00 10

ዋና አሰናዳኢ- አክሊሉ ታደሰ
ቁ.ስ - 034 440 22 92

ም/ዋና አሰናዳኢ- አማኑኤል ገ/ሩፋኤል

ዲዛይንን ለይአውትን - መነን ይሕደጐ
- ማርታ መረሳ
ቁ.ስ - 03 42 40 53 98

15 መስከረም 2018 ዓ/ም
መበል 49 ዓመት ቁፅሪ 1072
ፋክስ - 034 440 46 07
ቁ.ሳ.ፖ- 840 መቐለ

መልእኽተ ወይን

ብሄራዊ ሓድነት ህዝቢ ትግራይ፤ ቀዳማይ ውራይ ውድብና!!

ኣብቶም ዝሓለፉ ፅንተታዊ ኩናት ዝተኻየደሎም እዋናት ኮነ ብድሕሪኡ ዝቐፀለ ዕፅዋን ክባን ህዝቢ ትግራይ ንምድምሳስን ትግራይ ካብ ካርታ ንምፉሓቕን ብልፍንታውያን ወረርቲ፣ ብምድርን ኣየርን ዝተኸፈተልና ወራር መኪትና ኣብ ቅድሚ ዓለም ቶኹሲ ደው ዘበለ ውዕል ሰላም ፕሪቶሪያ ፈሪምና ኢና። እንተኾነ፤ ህዝቢ ትግራይ ብፅንተታዊ ኩናት ንምጥፋእ ዝተኣወጀ ኩለመዳያዊ ኩናት ደው እንተበለ እውን ሰላሕታዊ ፅንታ ግና እናቐፀለ ይርከብ። መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ቅድሚ ዓለም ዝኣተዎ ውዕል ምሉእ ብምሉእ ንምፍፃም ፍቓደኝነት ስለዘየርኣየ ዓቢይቲ ትሕዝቶታት እቲ ውዕል ክሳብ ሕዚ ኣይተፈፀሙን። ህዝብና ኣብዛ ሰዓት እዚኣ ኣብ ትሕቲ ፀላእትን መዓስክራትን ኮይኑ ይሳቐን ይፀንትን ምህላው እንትንሓስብ እቲ ዓለም ዘስደመመ ቅያ ዝሰራሕናሉን ኣሽሓት መለምል ደቂ ህዝቢ ዝገበርናሉን ህዝባዊ መኽተ ገና ልኡኹ ከምዘይተዛዘመ ምርግጋፅ ይከኣል።

መንግስቲ ኢትዮጵያ ነቲ ኣብ ቐድሚ ዓለም ዝኣተዎ ውዕል ፕሪቶሪያ ዘይምፍፃሙ ሓደ ዓብይ ጉዳይ ኮይኑ፤ ነቲ ውዕሊ ብቕሉዕ ዝጥሕሱን ናብ ዘይተደለየ ሓዱሽ ሓደጋ ዝመልሱን ኩነታት እናፈጠረ ከምዘሎ በብመዓልቱ ይረአን ይስማዕን ኣሎ። ካብ ተግባራት ፕሮፖጋንዳ ፅልኢ ጀሚሩ ክልከላ ነዳዲ፣ ክልከላ ሓገዝ፣ ክልከላ በጀት፣ ሰላም ህዝቢ ትግራይ ዝሀውኹን ሓድነት ሰራዊትና ዝኸፋፍሉን ተግባራት ምምልማል ምስልጣንን ምዕባቐን ሓይሊ ሰብ የካይድ ኣሎን ከካይድ ፀኒሑን። ካብዚ ብተወሳኺ፣ ሰብኣውን ሕገ-መንግስታውን ሕቶታት ህዝቢ ትግራይ ንምዕፋን ኣብ ቐሉዕ ኣደባባይ “ዓሪፍኩም ተቐመጡ፣ ሎሚ ከምቲ ዝሓለፈ እንተይኮነ መሊእና ክነጥፈኣኩም ኢና፣ ምስኤርትራ ዝፈጠርኩምዎ ፅምዶ ምድላው ኩናት ትገብሩ ምህላውኩም ስለዘረጋግፅ ኣይንዕገሰኩምን፣ እንተደሊኹም ክትግንፀሉ ትኽእሉ ኢኹም፣ ወዘተ” ዝብሉ ብደዐታትን ፈኽራታትን ወግሒ ፀብሒ እንተስጉም ንዕዘብ ኣለና።

እዞም ብመንግስቲ ኢትዮጵያ ዝካየዱ ዘለው ፈኽራን ጐስጓስን ብመሰረቱ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዳግም ዘቕነዐ ሓደጋ ብሄራዊ ህልውናን ድሕንነትን ከምዘሎ መረጋገፂ እዮም። እዚ ብምኂኑ ምርጫ ህወሓት፣ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ፣ ሰራዊት ትግራይን ህዝቢ ትግራይን ሰላምን ሰላምን ጥራሕ ምኂኑ ፈፂሙ ዘየጠራጥር እኳ እንተኾነ ነቲ ብፀላእቲ ዝህቀን ዘሎ ውሁብ ሓደጋ ግና ኢድካን እግርኻን ኣጣሚርካ ምፅባይ ዕሽነት እዩ ዝኸውን። ነዚ እዩ ድማ ቅድሚ ኹሉ ውሽጣዊ ሓድነትና ዘጠናኽር ቀፂሉ ድማ ክፍጠሩ ዝኽእሉ ሓደጋታት ብሰላማዊ መንገዲ ንምምካት ዘኽእል “ብወፍሪ ብሄራዊ ሓድነት” ዝተሰነየን ንኩሎም ስትራተጂክ ዓቕምታትና ዘካተተን ቃልሲ መኽተ ምክያድ ወሳኒ ኣብዝኾነሉ ምዕራፍ ንርከብ። “ወፍሪ ብሄራዊ ሓድነት!” ብሄራዊ ህልውናን ድሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ብምርግጋፅ ዝተሃቀነልና ሓደጋ ክብርዕን ብምግባር ዓቕምታትና ናብ ብራኽ ዘሰጋግር እዩ። ነቲ ኣብ ህዝባዊ መኽተ ዝነበረ ግን ድማ ልኡኽ ዘይወደአ ዓቕሚ ብምጥንካር ናብ ሓዱሽን ተዓፃፃፉይን ናይ ቃልስን ዓወትን ጉዕዞ ዝመርሕ ናይ ህዝባዊ መኽተና ልኡኽ መዛዘሚ ምዕራፍ እውን እዩ። ብሄራዊ ሓድነት ህዝቢ ትግራይ ምንጪ ኩሎም ዓወታትና እዩ። ስለዝኾነ ድማ እዩ ፀላእትና ብቢልዮን ዝቐፀር በጀት ኣፍሲሶም ሓድነት ህዝብና ንምዝራግ ብዕቱብ ዝሰርሑን ዝረባረቡን ዘለው። ነዚ ምንጪ ብሄራዊ ዓወትና ዝኾነ ብሄራዊ ሓድነት ንምዝራግ ብውሽጥን ብደገን ዝግበሩ ዘለው ሽርሒታት ተቓሊስና ብምስዓር፤ ከም ወትሩ ሓድነትና ብምውሓስ ህዝቢ ትግራይ ንፀላእቱ ዘይቐርጠም እምኒ ዓረ ምኂኑ ክነረጋግፅ ኣለና። እዚ ሰላምና ዝዕቅብ፣ ኣንፃር ሰላምና ንዘቕንዕ ሓደጋ ዘቕህምን ንትግራይ ናብ ብራኽ ዘደይብን ብ “ወፍሪ ብሄራዊ ሓድነት!” ዝተሰየመ ምዕራፍ ቃልሲ እምበኣር ኣብ መላእ ትግራይ ካብ ሓደ ጳጉመን 2017 ዓ/ም ጀሚሩ ክሳብ ወርሒ መስከረም 2018 ዓ/ም ብዝለዓለ ህዝባዊ ምንቕናቕ ተኻይዱ ብዓወት ተዛዚሙ ኣሎ።

እዞም ካብ ላዕለዎት ኣመራርሓ ውድብን መንግስትን ጀሚሩ ንኹሉ ኣብ መላእ ትግራይ ዝርከብ ክፋል ሕብረተሰብ ዘሳተፉ መድረኻት ምርግጋፅ ብሄራዊ ሓድነት፤ ካብ ክልል ክሳብ ጣብያ ተማእኺሎም ዝተኻየዱን ምልኣተ ህዝቢ ዝተሳተፈሎምን ብምኂኖም ብመንፅር ልኡኽ እንትርአ እቶም መድረኻት ኣብኡ እናሃለው ብሄራዊ ሓድነትና ኣብ ምውሓስ ተፈጢሮም ንዝፀንሑ ነቓዓት ዝሓከሙን ከምህዝቢ ናብቲ ንቡር ሓድነታዊ ጥንካረና ክንምለስ ፅቡቕ ባይታ ዘንፀፉን ኮይኖም እዮም ተሳሊጦም።

ውድብና ህወሓት፤ እቶም ኣብ መላእ ትግራይ ብልዑል ምርድዳእን ሕራነን መንፈስ ዝተኻየዱ መድረኻት “ወፍሪ ብሄራዊ ሓድነት!” ኣመልኪቱ 9 መስከረም 2018 ዓ/ም፤ “ብሄራዊ ዓቕሚ ዘጐልበተ ብሄራዊ ወፍሪ” ብዝብል ርእሲ ዘወፀኦ ሰሙናዊ መልእኽቲ ነቲ ልዕል ኢልና ዝሓበርናዮ ሓሳብ ዘጠናኽር ብምኂኑ ከምዘለዎ ነቕርቦ ኣለና።

“ወፍሪ ብሄራዊ ሓድነት” ተባሂሎም ብዝተሰየሙ መድረኻት ህዝብና ከምህዝቢ ከቲቱ ኣብ መዋፀኦ እቲ ገጢምዎ ዘሎ ሓደጋ ውሁይ ምይይጥ ይገብር ኣሎ። እዞም ኣብ ሓድነቱ ማእኸል ገይሩ ዘካየዶም መድረኻት ነቲ ንዝሓለፉ ዓመታት ብውሽጥን ብደገን ብዝተዋደደ መልክዑ ሓድነቱ ንምሽርሻርን ዓቕምታቱ ንምብታንን ዝተኻየዱ ፈተነታት ዘቕህም፤ ንወገን ዘኹርዕ ብኣንፃሩ ንዝተሰለፉ ኩሎም ድማ ተስፋ ብዘቕርዕ መልክዑ ዝተኻየዱ እዮም። እዞም መድረኻት፤ ህዝቢ ትግራይ ኣብዝኾነ ይኹን ኩነታት ሓድነቱ ዘሪግኻ ንምስኳን ዝግበር ፈተነ ከንቱ ፃዕሪ ምኂኑ ዘመስከሩ እዮም። እቲ ብፈተኣውራርነት ኣብ ትግራይ ዝጠጠዐ ጠላም ጉጅለ ኣብ ልዕሌና ዝተተለመ ፕሮጀክት ምብትታን ብዝለዓለ መንፈስ ቓልሲ ህዝብናን መሪሕ ውድቡ ህወሓትን ይብርዕን ኣሎ። ብሳላ ሓድነቱ ህልውንኡ ዘረጋገፀ ህዝቢ ትግራይ ነዚ ዋሕስ ሃለዋቱ ዝኾነ ዓቕሚ ንዝሃሰዩ ኩሎም ኣረኣእያታት ኣምሪሩ ይቃለሶም ኣሎ። ህዝብና ኣብዘም መድረኻት ኣብ ህልውን ቀፀልትን ሓደጋታቱ ብምዝታይ ካብዘም ሓደጋታት መውፀኢ ብሕታዊ መንገዲ ሓድነቱ ኣስጢሙ ምቅላስ ምኂኑ ኣብ ምሉእ ምርድዳእ በፂሑ መድረኻቱ ዛዚሙ ኣሎ።

“ወፍሪ ብሄራዊ ሓድነት!” ህዝብና ብሰላሕታዊ ፅንተት ኣብ ዝሃልቀሉ ዘሎ፣ ሉኣላውነቱ ኣብዘይተረጋገፀሉ እዋን ኮይኑ ዘካየዶ ከምዝኾነ ይፍለጥ። በቲ ኻልእ ገፅ ድማ፤ እቶም ሓድነት ህዝብና ንምሽርሻርን ውዳበታቱ ንምፍራስን ዝተፈላለየ ምንቅስቓሳት ከካይዱ ዝፀንሑ ናይ ውሽጥን ደገን ፀላእቲ ድማ “ዕላማና ወቒዕና ኢና፤” ብዝብል ግጉይ መበገሲ ካልእ ዙርያ ቅሉዕ ወራር ንምፍፃም ኣብዘየቋርፅ ታህዲድ ኣብዝተፀመድሉ እዋን ዝተኻየዱ እዮም። በዚ እውን ህዝብና እቶም ቓልሲ ህዝቢ ትግራይ ጠሊምም መሳርሒ ጀኖሳይደራት ኮይኖም ዘለው ኣካላት ዝፍፅምዎ ዘለው ታሪኽ ይቕረ ዘይብሎ ክሕደት ካብዝኾነ ይኹን እዋን ንላዕሊ ኣምሪሩ ከምዝቃለስ ወሲኑ ወፂኡ ኣሎ። ንመንግስቲ ኢትዮጵያ ድማ ካፍቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዘወጣውጦ ዘሎ ናይ ዳግም ቐሉዕ ኩናት ኣዋጅ ተቐጢቡ ብመሰረት ዝኣተዎ ስምምዕነት ግቡኡ ክፍፅም ፀዊዑ ኣሎ።

ብሓፈሻ እቶም ብሄራዊ መድረኻት ሃለዋት ህዝብናን ሉኣላውነት ትግራይናን ዝረጋገፀ ኣብ ስጡም ሓድነትና ምኂኑ ምሉእ ምርድዳእ ዝተበፅሐሉ፣ ብሄራዊ ዓቕምታትን ውዳበታትን ህዝቢ ትግራይ ኣብዘጠናኽሩ ቐፀልቲ መደባት መሰረት ገይሩ ኩሎም ባህግታት ህዝብና ብሰላማዊ መንገዲ ንምፍታሕ ኣብዝካየድ ወሳኒ ቓልሲ ውድብ ህወሓት ከምወትሮ መሪሕ እጃሙ ከምዘበርክት ቃል ዝኣተወሉን ዝለዓለ ሓደራ ዝተሸከመሉን ኮይኖም ተዛዚሞም ኣለው።

ትብፃሕ

ነገርያ ዝደለየስ...

ዝኸበርኩም ኣሰናዳእቲ ጋዜጣ ወይን፤ ሰላም ከመይ ቀኒኹም እናበልኩ ንሎሚ ናብ ዝሓረኹዎ መበገሲ ፅሑፈይ ክኣቱ።

ቅድሚ ጥቅምቲ 23/2013 ዓ.ም ብሽም ምኽባር ሕጊ ቀዳማይ ሚኒስተር ኣብይ ኣሕመድ “ሓይሊ መከላኸሊ ሃገር እዚ ሰሜን ተደፊሩ” ዝብል ሓቂ ዘይብሉ ምኽንያት ተጠቒሙ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ቅሉዕ ኩናት ፅንተት ምእዋጁ ይዝከር። ኣብይ ኣሕመድ ቀዳማይ ሚኒስተር እዛ ሃገር ኮይኑ ምስተሾመ ኣብ ፅባሕ ሽመቱ ንፈለማ እዋን ዐደት ናብ ትግራይ መፂኡ ነይሩ። ኣብቲ እዋን ኣብ ኣዳራሽ ሓወልቲ ሰማእታት ካብ ኩሉ ክባቢታት ትግራይ ምስ ዝተዓደመ ህዝቢ እንትራኸብ፣ ስምዒት ህዝቢ ትግራይ ክምርምርን በቲ መምሰሊ መልሓሱ ድማ ሓላይ ህዝቢ ትግራይ መሲሉ ንህዝቢ ክሰብኽን ተቐባልነት ክረክብን ፈቲኑ እዩ።

“ክበልዕዋያ ዝደለዩ ኣባጉምባሕስ ዛግራ ዛግራ” ይብልዋ ከም ዝበሃል ኣብቲ ዝተረኸበሉ መድረኽ ሕጫጨ መጀረ። ንኣብነት፡-ትግራይ ዘይብላ ኢትዮጵያን ሞተር ዘይብላ መኪናን ሓደ እየን ብምባል ኣስተዋፀኦ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ኢትዮጵያ ዘንፀባርቕ ግን ድማ ልባዊ ዘይኮነ መደረ ምጎሳ ኣስሚዑ እዩ። ብዝተፈላለየ እዋን ኣብ ዓሰርተ ሸውዓተ ዓመት ምእንተ ፍትሒ፣ ሰላም፣ መንነት፣ ማዕርነትን ዴሞክራሲን ክቡር ዋጋ ከፊሎም ንዝሓለፉ ስውኣትና ሽሞም እናፀውዐ ሓደ ብሓደ እንተወድሶም ካብ ልቢ ዝዛረብ ዘሎ መሲልና ኢድና ክሳብ ዝደክም ኣንጨብጨብናሉ። ብኣንፃሩ ድማ ኣይ ዓመት ኣይ ዕለት መቐፀልታ ናይቲ ዐደቱ ናብ ኹሉን ክልላት ኢትዮጵያ እንትዘውር ተገልቢጡ ንህዝብን መራሕትን ትግራይ መፀለምታን ፀርፍን ብምስባኽ ህዝቢ ትግራይ ብኻልኦት ህዝብታት ኢትዮጵያ ክፅላእን ንግስንኡ ካብ ሕገ-መንግስቲ ወፃእ ከም ድላዩ ክዕንድር ዘኽእሎ ሰፋሕቲ ስራሕቲ ፕሮፓጋንዳ ሰሪሑ እዩ። እንተይወዓለ እንተይሓደረ ድማ ነቲ “ትግራይ ዘይብላ ኢትዮጵያ ማለት ሞተር ዘየብላ መኪና እያ” ኢሉ ዘደነቕ ህዝቢ ኣብ ልዕሊኡ ወፍሪ ፀለመ፣ ክሕደት፣ ፀርፍን ካልኦት ስነልቦናዊ ጥቕዓታትን ከብፀሐሉ ጀሚሩ።

ካብቶም ኣብ ላዕሊ ዝተገለፁ ፀለመታት ሓሊፉ እውን እቲ ብቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ኢትዮጵያ ዝተረጋገፀ ማሕበራዊ፣ ቁጠባውን ሰለማውን ዕብየታት ብባዶ ኣባዚሑ 27 ዓመታት ህዝቢ ኢትዮጵያ ኣብ ፀልማት ከም ዝነበረ ኣምሲሉ ክዛረብን ክኽሕድን ብዕሊ ተሰሚዑን ንባዕሉ ድማ ከም ሓደ ብፁእ ነብይ ገይሩ ክምጎስን ክድረፈሉን ለይትን ቀትርን ሰሪሑ። ናይዚ ድምር ውፅኢት ኣብይ ኣሕመድ እታ ዝምነያ ስልጣን ብብሕታውነት ክቆፃፀርን ኣሃዳዊ ስርዓት ክተክልን ካብ ውሽጥን ደገን ሓይልታት ክሕደትን ጥፍኣትን ኢሉ እውን ወንጀለኛታት ከተኣኻኽብ ጀሚሩ። ከምዚ እናበለ ድሌታቱን ዕላማኡን ዘሳኽፀሉ መንገድታት ድሕሪ ምስትኽኻሉ ኣሃዳዊ ደርባውን ስርዓት ንምትእትታው ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይን መራሕቱን ሱር በቆስ ዝኾነ ዘይምኽንያታዊ ስጉምቲ ክወስድ ናይ መጠረሻ ኣማረጊ ገይሩ ወሲኑ። በዚ መሰረት ጥቅምቲ 2013 ዓ.ም ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ቅሉዕ ፅንተታዊ ኩናት ኣካይዱ። እቲ ወራር ፅንተት ሕዱር ቂም ዘለዎም ሰራዊት ሻዕብያን ካልኦትን ዘራያት ዓዲሙ ንዓለም ብዘስደምም መልክዑ ግፍዓዊ ጨፍጭፍን ዕንወትን ኣካይዱ። በቲ ዘካየዶ ግፍዓዊ ጨፍጭፍ ድማ ብኣማኢት ኣሻሓት ዝቐፀር ህዝቢ ተቐቲሉ ብሚልዮን ዝኣክል ህዝቢ ድማ ተመዛቢሉን ተሰዲቱን። ብኣሽሓት ዝቐፀራ ኣዴታትን ደቂ ኣንስትዮን ድማ ብዕስለ ተደፊረንን ኣካላውን ስነ ልቦናውን ጥቕዓት በፂሑወን።

ደመኛታት ፀላእቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝፈፀምዎ ከቢድ ጥፍኣትን ሰብኣዊ ገበንን ከይኣክል ሕዚ እውን መሊኦም ንህዝቢ ትግራይ ንምጥፋእ ይሸባሸቡ ኣለዉ። እዚ ንምግባር ከም ጉልባብ ዝጥቀመሉ ኣጀንዳ ድማ ህ.ወ.ሓ.ት ውዕሊ ስምምዕ ፕሪቶርያ ክፍፀም ከም ዘይደሊ እኳድኣስ ደላይ ኩናትን ውግእን ከም ዝኾነ ኣምሲሎም ሽርሒ ዝተላዕጠጠ ተልእኾ ልኡኻት ሰላም ናብ ትግራይ ሰዲዶም “ሰላም ይሕሸና” ኢሎም ከም ትማሊ ክሰብኩ ተራእዮም። እንተኾነ ግን ኣብዚ ሐዚ እዋን ቅድሚ ኩሉ ሰላም ዝደልን ውዕሊ ፕሪቶርያ ብግዚኡን ብኣግባቡን ዝፈፀመን ህዝቢ ትግራይ፣ ግዚያዊ ምምሕዳር ትግራይን ውድብ ህ.ወ.ሓ.ትን እምበር መንግስቲ ፌደራል ክፍፀም ኣይተራኣየን። ኣብዚ ክፍለጥ ዘለዎ ንውዕሊ ፕሪቶርያ ከይፍፀም፣ ልኣላዊ ግዝኣት ትግራይ ናብ ዋንኡ ከይምለስን ተመዛበልቲ ናብ ቤት ንብረቶም ከይምለሱ ኣትሪሩ ሽርሕን ሰበብን ዝፈጥር ዘሎ ቀዳማይ ሚኒስተር ኣብይ ኣሕመድ እዩ። ብግልፂ ድማ ኣብይ ንኩናት ዝዳሎ ምህላዉ ብዘመላኽት ኣብ መወዳእታ ወርሒ ሰነ 2017 ዓ.ም ኣብ ፓርላማ ቀሪቡ ሓውሲ ምፍራሕ ብዘምስል “ሕዚ ዳግም ኩናት እንተተጀሚሩ ከምቲ ሕሉፍ ኣይኽውንን፤ ኣብዚ ሕዚ እዋን ንሕና ዘመናዊ ኣፅዋራት ዝተዓጠቕናን ብዝበለፀ ዝተጠናኸርናን” ኢና ክብል ገሊፁ እዩ። እንተኾነ ግን ልዕሊ ኩሉን ቅድሚ ኩሉን ሰላም ቀዳማይ ምርጫ ህዝቢ ትግራይን ውድብ ህወሓትን ሰለ ዝኾነ ሐዚ እውን ኣብ ውሽጢ ሓድነት ዝተመስረተ ሰለማውን ዲፕሎማስያውን ቃልሲ ኣጠናኺርና ንቀፅል ብምባል ሓሳበይ ይኽምብት።

ኣስረስ ኣረሩ
ካብ መቐለ

50 ዓመት ኣብ ቃልሲ፤ ፅንዓትን ዓወትን!

እዋናዊ ዛዕባ

ኣብ ዋሕስ ብሄራዊ ህልውናና ንረባረብ!

ኣብዛ ሃገር፤ ሕጋዊ ብዘይኮነን ብሓይልን ኮረቻ ስልጣን ዝተቐፃዐረ ስርዓት፤ ካብታ መንበረ ስልጣን ዝበሓተላ ዕለት ኣትሒዙ እዩ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ፀለመን መርዚ ፅልኢትን ምንዛሕ "ህ" ኢሉ ዝጀመረ። ትግራዋይ፤ ብብሄሩ ምኽንያት ተኣሲሩ፣ ተቐቲሉ፣ ሃፍቱን ንብረቱን ተወሪሩ፣ ተወሪሱ፣ ካብ ዝተፈላለዩ መንግስታዊ ሓላፍነታት ተባሪሩ፣ ኣብ ዝተዋፈረሉ ዓውደ ስራሕ ግልፂ ዝኾነ ኣድልዎ ተገይርሉ። እዚ ጥራሕ ኣይኮነን። እቲ ህወሓት ኮር መሪሕነት ኾይኑ ዝፀንሐሉን ሃገር ኣብ ዘየቋርፅ ዕብየት ዘብፀሐን 27 ዓመት ከምናይ ፀልማት ግዘ ተፈሪጁ። እቲ ዝገርም "ናብዚ ፀልማት ዘእተዉና ተጋሩን ህወሓትን እዮም፤ ካብ ካልእ ኢትዮጵያዊ ንላዕሊ ተጋሩ ሕልፊ ተጠቀምቲ ነይሮም፤ ሃፍቲ ሃገር ተወሪሩ ናብ ትግራይ ተጓዒዙ፤ ኣብ ልዕሊ ካልእ ኢትዮጵያዊ ኢ-ሰብኣዊ ግፍዕታት ብተጋሩ ተፈፂሞም እዮም" ወዘተ ብምባል ናይ ፈጠራ ደኩሜንተሪ ፊልምታት ብምስራሕ ሰፊሕ ወፍሪ ፀለመ ተኻይዱ። ህወሓትን ህዝቢ ትግራይን ከምፀላእቲ ህዝቢ ኢትዮጵያ ንክርአዩ ብዙሕ ፅልኢ ዘንሃህር ስራሕ ተሰሪሑ። ነዚ ህዝቢ ነፂልኻ ንምውቃዕ ዘኽእሉ ተቐፅላ ኣስማት እውን ተዋሂቦም። ንኣብነት፤ ዝብኢ ቀትሪ፣ ካንሰር፣ ፃህያይ፣ ፀጉሪ ለወጥ ወዘተ ተባሂሉ። ከምዚ ዝበሉ ወፍርታት ፀለመን መርዝታት ፅልኢትን ድሕሪ ምንዛሕ ቅሉዕ ወተሃደራዊ ወራር ብምስግጋር ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ፅንተት ተፈፂሙ።

ቀንዲ ዕላማ እዚ ጀኖሳይዳዊ ኩናት ህዝቢ ትግራይ ንምጥፋእ እዩ። ኣብቲ ኩናት፤ ካብ ኣብ ኹብዲ ኣዲኡ ዝርከብ ዕሽል ጀሚሩ ክሳብ ካብ ማእሲ ክትስእ ዘይኽእል ሽማግለ፣ ዓቢይቲ ዓዲ፣ ተፈለጥቲ ውልቀ ሰባትን መራሕቲ ሃይማኖትን ኣዝዩ መስካሕክሒ ብዝኾነ ግፍዒ ተቐቲሎም። ደቂ ኣንስትዮ ደረጃ ዕድመ ብዘይፈሊ ፆታዊ ጥቕዓት ተፈፂሙለንን ብዕስለ ተደፈረንን። ኣብያተ ክርስትያንን መስጊዳትን ከዓንዉ፣ ጥንታዊ ፅሑፋቶምን ንብረቶምን ክዝረፍን ኪቃፀልን ተገይሩ። ሃፍትን ጥሪትን ህዝቢ ትግራይ ትሉም ብዝኾነ መንገዲ ዓንዩ፣ ተዘሪፉን ተቓፂሉን። ብሚልዮናት ዝቕፀር ህዝቢ ካብ መረበቱ ተመዚሉ። ብሓፂሩ ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ ትግራይ ደም ንፁህት ውሒዙ። መሬት ትግራይ ዓውደ ውግእ ኾይኑ። መሬት ትግራይ ብመዳፍዕ፣ ድሮናትን ካልኦት ኣፅዋራት ውግእን ብሰማይን ብምድርን ተደብዲቡ። ካብዞም መርኣይታት ብምብጋስ ከድምደም እንተሎ፤ ኣብ ትግራይ ዝተኻየደ ኩናት ከምህዝቢ ናይ ምጥፋእ ወፍሪ እዩ። እዚ ወፍሪ፤ ትግራዋይ ዝበሃል ሰብ ጥራሕ ዘይኮነስ ንትግራዋይ መንነት ዝገልፁ ኩሎም ነገራት ናይ ምድምሳስ ወፍሪ ነይሩ።

ነዚ ህዝቢ ናይ ምጥፋእ ወፍሪ (ጀኖሳይድ) ንምስካዕ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኩሉ ፖለቲካውን ወተሃደራውን ዓቕምታቱ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ኣፍሲስዎ እዩ። እቲ ዝገርም መደበኛ ሰራዊቱ ጥራሕ ዘይኮነስ ፍሉይ ሓይልን ምልሻን ካልኦት ክልላት ኢትዮጵያ፣ ከምኒ ፋኖ ዝበሉ ዕጡቓት ኣዝሚቱ። እዚ ምእኻል ኣብይዎ ምስካልኦት ሃገራት ተላፊኑ ብፍላይ ሰራዊት ሻዕብያ ብኹሉ ዓቕሙ ካብ መጀመርያ ክሳብ መወዳእታ ተሳቲፉ። መንግስቲ ሃገረ ሶማልያ እውን ብኣሽሓት ዝቕፀሩ ወተሃደራቱ ምስሰራዊት ኢትዮጵያ ኣሰሊፉ ኣብ ጀኖሳይድ ትግራይ ተሳቲፉ እዩ። ካብዚኦም ብተወሳኺ ከምኒ ሕቡራት ዓረብ ኢምሬትስ፣ ቱርኪ፣ ኢራን፣ ቻይናን ካልኦትን ብኣፅዋር፣ ፋይናንስን ክኢላታት ብምምዳብን ኣብ ጎድኒ መንግስቲ ኢትዮጵያ ብምስላፍ ኣብ ጀኖሳይድ ትግራይ ብቕጥታን ብተዘዋዋርን ተሳቲፈን። ህዝቢ ትግራይ ከምህዝቢ ናይ ምጥፋእ ወፍሪ ንምስካዕ ሚድያታት፣ ሰብ ሞያ ኪነ -ጥበብ፣ መራሕቲ ሃይማኖት፣ ሰብ ሃፍትን ምሁራትን ንምእማኑ ብዘፀግም ብርኪ ተዋዲዶም ብታሪኽ ይቕረ ዘይበሃል ገበን ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ፈፂሞም። እዚ እውን ኣይኣኽሎምን። ህዝቢ ትግራይ ብጥምየትን ሕማምን ክረግፍ ንምግባር ምሉእ ዕፅዋን ክባን ተነቢርሉ። ከምኡ እውን ሰብኣዊ ሓገዝ፣ ኣፋውስ፣ ነዳድን ካልኦት ሸቕጣትን ናብ ትግራይ ከይኣትዉ ምሉእ ብምሉእ ተኽልኪሎም። ስልኪ፣ ባንኪ፣ መብራህትን ካልኦት ግልጋሎታትን ምሉእ ብምሉእ ተዓፅዮም። መጓዓዝያ ኣየርን ምድርን ተቐሪፁ። ትግራይ ምስጎረቤት ይኹን ካልእ ዝኾነ ዓይነት ርክብ ዘይብላን ዕፅውቲ ኾይናን ዓለም እንተይሰምዐ ንክትጠፍእ ተበይኑላ። ኮታስ ኣብዚ ሓፂር ፅሑፍ ተንቲንካ ዘይውዳእ ግፍዒ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ተፈፂሙ እዩ።

ይኹን እምበር፤ እዚ ኹሉ ግፍዒ ዝተፈፀመ ህዝቢ ትግራይ፤ ንፃት እውን ኣይተምበርከኽን፣ ብመስካሕክሒ ጨፍጫፍ ልፍንታውያን ሓይልታት ኣይተሰኮነን። ብስሩ ክብሩን መንነቱን ናብ ዋጋ ዕዳጋ ኣየእተወን። እቲ ጀኖሳይዳዊ ኩናት ምስተኣወጀሉ ብዝገርም ኩነታት ኣብ ውሽጢ ዓድን ወፃእን ዝነብር ትግራዋይ፤ ህዝቢ ትግራይ ንምፅናት ዝተኣወጀ ኩናት ምኳኑ ኣብ ሓፂር ግዘ ደምዲሙ። ድሕሪ እዚ ህልውንኡን ድሕንነቱን ንምርግጋፅ ካብ ምቅላስ ወፃእ ካልእ ኣማራጺ ከምዘይብሉ ተረዲኡ። ቆልዓን ሰበይትን፣ መንእሰይን ሽማግለን፣ ገጠርን ከተማን፣ ኣብ ውሽጢ ዓዲ ዝነብር ይኹን ኣብ ወፃኢ፣ ሓረስታይ፣ ሰራሕተኛ መንግስቲ፣ ምሁር፣ ነጋዳይ፣ በዓል ሃፍቲ፣ ሽቃላይ፣ ክርስቲያንን ሙስሊምን ከይበለ ኩሉ ህልውንኡ ንምርግጋፅ ኣብ ሓደ ረቢቡ ብምቅላስ ኩሉ ዓይነት መስዋእቲ ኸፊሉ። እዚ ህዝቢ፤ ኣብ ሓፂር ግዘ ዋልታን ማእገርን ህዝቢ ትግራይ ዝኾነ ጠንካራ ሰራዊት ብምህናፅ ብዕስለን ልፍንትን ንዝመፁ ኩሎም ወረርቲ መኪትዎም። ዕጥቂ ካብ ፀላእቲ እናመንዘዐ ተዓጢቑ። ብናይ ባዕሎም ታንኪን መድፍዕን፣ ቦምብን ጥይትን ቕጥቂጥዎም። ህዝቢ ትግራይ ብሓይሊ ምብራስ ከምዘይከኣል ኩሉ ፈታውን ፀላእን መስኪሩ። ሳላ ፅንዓቱን ጥንካረኡን ድማ እቶም ከፅንትዎ ዝወፈሩ ፀላእቲ ተምበርኪኾም ተኹሲ ጠጠው ናይ ምባል ስምምዕነት ኣብ ፕሪቶርያ ክፍርሙ ኣገዲድዎም።

ኣብዚ ክፍለጥ ዘለዎ፤ ውዕሊ ስምምዕ ፕሪቶርያ ውዕኢት ክቡር መስዋእቲ መላምል ደቂ ትግራይ እዩ። እዚ ውዕሊ ተኹሲ ጠጠው ክብል ዝገበረ ብምኳኑ ድማ ነቲ ብኩናት ኣዝዩ ዝተሃሰየ ህዝብና ብውሱን መልክዑ "እፎይ" ክብል ከምዝገበሮ ኣይከሓድን። ኮይኑ ግና ብዓብይኡ ኣብ ባይታ ብዝነበረና ውሽጣዊ ፀገም ሽርሒ ተደራደርቲ እውን ተወሲኽዎ ንመኽተና ናብ ሓደጋ ከእትዉ ዝኽእሉ ነጥብታት ኣብቲ ስምምዕ ኣትዮም። እቲ ስምምዕ ንክትግበር ዘሎ ቅሩብነት ተደራዳሪና ይኹን ንመደራደርቲ ኣካላት ንምርኣይ ብወገን ውድብ ህወሓት ብሓፈሻ ብወገን ትግራይ ብዙሕ ርሕቕት ተኽይዱ እዩ። ዋላ እኳ ብወገን ትግራይ እወንታዊ ተበግሶን ቅሩብነትን እንተተርኣየ ብወገን መንግስቲ ኢትዮጵያ ግና ካብ መጀመርያ ኣትሒዙ ዝተፈላለዩ ፀቕጥታት ብምፍጣር እቲ ስምምዕ ከይትግበር ዕንቅፋታት ካብ ምፍጣር ሓሊፉ ሰላሕታዊ ፅንታ ክቕፅል ይገብር ኣሎ። ብመሰረት ስምምዕ ፕሪቶርያ ወረርቲ ካብ መሬት ትግራይ ኣይወፁን። ኣብ ትሕቲ ወረርቲ ዝነብር ዘሎ ህዝብና ሓራ ኣይወፀን። ዝተመዛበሉን ዝተሰደዱን ወገናትና ናብ መረበቶም ኣይተመለሱን። ሉኣላውነት ትግራይ ኣይተኽበረን። ኣብ ኣፈፃፅማ እቲ ስምምዕ ዘሎ ኩነታት ከይግምገም እውን ፓነል ሕብረት ኣፍሪካ ንክእከብ መንግስቲ ኢትዮጵያ ፍቓደኛ ብዘይምኳኑ ክፅዋዕ ኣይከኣለን። ብወገን ህወሓት ብዝተፈላለዩ ኣገባባት ድርድር ንክቕፅል ዘቕረቦም መፀዋዕታታት ሰማዒ ኣይረኸቡን። ካብዚ ተበጊስኻ ክርአ እንተሎ፤ መንግስቲ ኢትዮጵያ ብበይናዊ ውሳነ ድላዩ ዝገብረሉ ኩነታት ተፈጢሩ ከምዘሎ ምርዳእ የድሊ። ንስምምዕ ፕሪቶርያ ምፍፃም ገዲፉ ህዝቢ ትግራይን ብሄራዊ ውዳበታቱን ናይ ምስኳንን ምድኻምን ወፍሪ እዩ ዘካይድ ዘሎ። ብፍላይ ምስቶም ካብ ውሽጥና ዝቦቕሉ መጋበሪያታቱ ብምኳን ብዝተተለመን ዝተዋደደን ኣገባብ ሽርሕታት እናፈፀመ ይርከብ። እቲ ዝለዓለ ትኹረቶም ድማ ህዝባዊ መኽተ ምሕንሻሽ፣ ሓድነት ህዝቢ ትግራይ ምዝራግ፣ ጀኖሳይዳዊ ኩናት ንምምካት ንዘካየዶ ቓልስን ዝኽፈሎ መስዋእትን ክናሳሕን ርእሱ ከድንን ምግባር እዩ።

ብመሰረቱ ህዝቢ ትግራይ ሓድነቱ ፅኑዕ ከምእምኒ ዓረ ክኽውን ዝገብሮ ኣብ ቅኑዕን ፍትሓውን ዕላማ ክዓስል ስለዝኽኣለ እዩ። ከምህዝቢ "እምቢ ኣይግዛእን፣ ኣይምብርከኽን፣ መንነተይን ክብረይን ኣሕሊፈ ኣይህብን፣ ህልውናይን ድሕንነተይን ንምቕፃል ኩሉ ዓይነት ዋጋ ክኽፍል እየ" ኢሉ ስለዝወሰነ እዩ። ነዚ መግለፂ መንነት ህዝቢ ትግራይ ዝኾነ ልዑል ናይ ቃልሲ ወነን ስነ ልቦናን ምስባር ማለት ንህዝቢ ትግራይ ብዘይኩናት ምስዓር ምኳኑ ተረዲኦም ፀላእቲ ብውሽጥን ብደገን ወፈሮምሉ ኣለዉ። መንግስቲ ኢትዮጵያ "መኽተ ኢልኹም እንታይ ረኺብኩም?" ኢሉ ቃልስን ወነን ህዝቢ ትግራይ ዝሰልብን ቀስሚ ዝሰብርን ናይ ተፃብኦ ፕሮፖጋንዳ ብቐፃልነት እናካየደ ፀኒሑ እዩ፤ ሕዚ እውን ይቕፅለሉ ኣሎ። ልዕሊ ብመንግስቲ ኢትዮጵያ ዝካየድ ተግባር ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ በሰላ ዝፈጠረን ንህዝቢ ትግራይ ዘሕዘነን ግን በቶም ካብ ውሽጥና ዝቦቕሉ ጠላማት ዝተኻየደን ዝካየድ ዘሎን ወፍሪ እዩ። ብፍላይ ንኣመራርሓ መኽተ ምፅላምን ምውራድን ከምጉልባብ ብምጥቃም ህዝቢ ትግራይ ዘይግቡእ ዋጋ ከምዝኽፈለ ኣብ እዋን መርድእ እንተይቀረየ ብምዝራብ ሓዘኑ ከይኣኽሎ ኣብ ልዕሊ ቕስሉ ሽንጣር ብምምላስ ስነ-ልቦንኡ ንክጉዳእ ሰሪሖም እዮም። ይሰርሑ እውን ኣለው። "ሰላም ኢና ንደሊ" ብምባል ህዝቢ ርእሱ ከድንን፣ ክፍትሑ ዝግበኦም ፀገማት ብመልከዕ ሕቶ ንዘልዓለ "ደላዩ ኩናት" እናተብሃለ ንክሸማቐቕ ብድምር ህዝቢ ዘካየዶ ፍትሓዊ ቓልስን ዝሰርሖ ንዓለም ዘስደመመ ታሪኽን ከይሕበነሉን ዝኽፈሎ ክቡር መስዋእቲ "ምእንተ ህልውናይ ዝተኽፈለ ዋጋ እዩ" ኢሉ ብሕራንኡ ከይፅናዕናዕን ኩሉ ክገብርዎ ዝኽእሉ መፀለምታን ምድንጋርን ብምኪያድ ከቢድ በሰላ ፈጢሮም እዮም።

ሕዚ ድማ "ንህዝቢ ትግራይ ኣሰኩንናዮ ኢና" ኢሎም ምስደምደሙ ውሽጡ ኣፅርዩ ተመዓራርዩ ዳግም ርእሱ እንተየቕነዐ "ዝወጠንናዮ ሕዚ ንመልእ" ኢሎም ምሉእ ብርሰት ንክፍፅሙን ብሓይሊ ቴክኖሎጂ ንክጥፍኡዎን ይሕነዩ ኣለዉ። እቲ ዝገርም ብወገን ትግራይ ብዝኾነ መዐቀኒ ዝኾነ ዓይነት ምድላው ኩናት ዘየለ "ኩናት ክጅምሩ ይደልዩ ኣለዉ፤ ምኽርዎም" ዝብል መደረ ብመራሒ መንግስቲ ብልፅግና ኣብ ሃገራዊ ፓርላማ ከይተረፈ ክዝረብ ተሰሚዑ እዩ። ነዚ ስዒቡ "ግደፉ" ኢሎም ዝመኽሩ ሽማግለታት ተላኢኾም እዮም። እዚ ጥራሕ ኣይኮነን። ብስእነት ነዳዲ፣ ትራንስፖርት፣ ሽቕጣ ሽቕጥ፣ ኣፋውስን ካልኦት ግልጋሎታትን ህዝቢ ንምስቓይ ቅሉዕ ክልከላ ይቕፅል ኣሎ። እቲ ካብ ትግራይ ሃዲሙ ዝኽደ ጠላም ጉጅለ ድማ ብሰራዊት ኢትዮጵያ ተዓጂቡ ናብ ትግራይ ንክምለስ ልዕሊ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኾይኑ ተኹሲ ደው ናይ ምባል ስምምዕ ፈሪሱ ትግራይ እንደገና ብሓይሊ ንክትውረር "ህወሓት ግዘ ክወሃቦ የብሉን፤" ብምባል ለይትን ቐትርን ይውትውት ኣሎ።

ኣብዚ ክፍለጥ ዘለዎ፤ ሰላም መትከላዊ እምነት ህዝቢ ትግራይን ኩሎም ዓቕምታት መኽተን (ውድብ፣ መንግስቲ፣ ሰራዊትን ህዝብን) ምኳኑ እዩ። ህዝቢ ትግራይ ዘካየዶ ኩናት ኣብ ልዕሊኡ ንዝበፅሖ ወራር፣ ኣድልዎን በደልን ንምክልኻል እንትኾን ብስሩ ኣብ ኩናት ዝኽፈል ዋጋ ንህዝቢ ትግራይ ነጋሪ ኣየድልዮን። እዚ ህዝቢ፤ መሰሉ ንምኽባር ተገዲዱ እንተዘይኾይኑ ናብ ኩናት ክኣቱ ኣይደልን። ምኽንያቱ ሰላም ንህዝቢ ትግራይ ፅኑዕ መትከላዊ እምነቱ ስለዝኾነ። ምእንቲ ሰላም ብዙሕ ዋጋ ዝኽፈለ ስለዝኾነ። ስለዚ ኩሉ ደላይ ሰላም፤ ህዝቢ ትግራይ ንሰላም ዘለዎ ዓሚቕ ድልየትን ቅሩብነትን ተረዲኡ ኣብ ልዕሊ እቲ ካብ ሕሉፍ ስሕተቱ ከይተምሃረ "ብሓይሊ ከጭፍልቕኩም እየ" ዝብል ዘሎ ሓይሊ ግቡእ ፀቕጢ ክገብር ኣለዎ። ውዕሊ ፕሪቶርያ ኣፍሪሱ እንደገና ናብ ተኹሲ ንምእታው ዝህንደድ ዘሎ "ሓድነቶም ተዘሪጉ እዩ፤ ነንባዕሎም ይባልው ኣለዉ፤ ብቐሊሉ ከንበርክኾምን ከጥፍኦምን ይኽእል እየ" ብዝብል ግጉይ ስልሒት እዩ። ስለዝኾነ ኣብዚ ሕዚ እዋን ዓብዩ ሓደጋ ህልውና ኣብ ልዕሊና ኣንፀላልዩ እናሃለወ ብካልኣይ ብርኪ ክረኣዩ ኣብ ዝኽእሉ ጉዳያት ብምትኳር ንሓድነት ህዝቢ ትግራይ ኣብ ዝነድኡ ስራሕቲ ካብ ምውፋር ምቕጣብ ግድን ይብል። ብቕንዱ ግና ሓድነት ህዝቢ ትግራይ ኣብ ምጥንኻር ነብሲ ወከፍ ትግራዋይ ብኩሉ ዓቕሙ ክረባረብ ካብ ዝተፈላለዩ በለካ ለኽዐካ ርሒቕ ታሪኻዊ ሓላፍነቱ ብብቕዓት ክፍፅም ኣለዎ።

ህዝቢ ትግራይ መርኣይ ፅንዓቱን ሓድነቱን ዝኾና ውዳበታቱ ከሰጣጥመን ኣለዎ። እዚ ህዝቢ፤ ልዕሊ ቕፅሩ ዓቕምን ጉልበትን ሒዙ ታሪኽ ክሰርሕ ካብ ዝገብርዎ መሰረታዊ ጥንካረታቱ እቲ ሓደ ዝተወደበ ህዝቢ ብምኳኑ እዩ። እተን ቅድም ኢለን ዝነበራን ኣብ እዋን መኽተ ዝተጀመራን ውዳበታት ሰላምን ዓርሰ ምርኮሳን ኣብ ኩሉ ክባብታት ንምጥንኻር ይስራሕ ኣሎ። ፀላኢ ንሕና በታ ዝረኽብናያ ሰላም ውራይና እንትነሳልጥ ንሳቶም "ብሓይሊ ቴክኖሎጂ ማለት እውን ብድሮን፣ ነፈርቲ ውግእ፣ ሚሳይል፣ ታንክን መዳፍዕን... ክድምስሰኩም እየ፤ ክተማታት ክዕንወን እየ" እናበለ ብተደጋጋሚ ምፈራርሕ ይስማዕ ኣሎ። እዚ ሓይሊ እምነቱ ኣብ ኣፅዋር ጥራሕ እዩ። ንህዝቢ ዝጠቅም ዕላማ ስለዘይብሉ "ህዝቢ ክቕበለኒ እዩ" ክብል ኣይኽእልን። ከምህዝቢ ትግራይ ኣንፀላልዩና ዘሎ ሓደጋ ዝብርዕን ርእስና ብምድናን ወይ ናብ ስግኣትን ጭንቅን ብምእታው ክኽውን ኣይኽእልን። ህዝቢ ትግራይ ክሳብ ሕዚ ብዘካየዶ መስተንክራዊ ቓልሲ ክሕበን፣ ሕዚ እውን መንፈስ ሰላማዊ ቃልሱ ከጠናኽር፣ ንኣሽሓት ዓመታት ዝዘለቐ መንነት ህዝቢ ትግራይ ናይ ምሕላውን ናብ ዝለዓለ ብራኽ ናይ ምስግጋርን ታሪኻዊ ሓላፍነት ናይቲ ሕዚ ዘሎ ወለዶ ምኳኑ ተረዲኡ ግቡኡ ክፍፅም ኣለዎ። ከምዚ ዓይነት ድልውነት ክውንን ምግባር ድማ ኩናት ዝዕድም ዘይኮነስ ኩናት ንክይውላዕ ዝዓግትን ፀላኢ ክልተ ግዜ ክሓስብ ዝገብርን ምኳኑ ምግንዛብ ኣገዳሲ እዩ።

ኣጠቓሊልካ እንትርአ፤ ኣብዚ እንርከበሉ ከቢድን ዝተሓላለኸን መድረኽ ሓድነትና ምጥንኻር ወሳንን ዋሕስ ህልውናናን እዩ። እቶም ፀላእትና እውን ሓድነትና እንትጥንክር መእተዊ በሪ ስለዝስእኑ እዮም ሓድነትና ንምዝራግ ቀትርን ለይትን ዝሰርሑ ዘለዉ። ብተመሳሳሊ ክብርን ሓበንን፣ ዕርድን ዋልታን ህዝቢ ትግራይ ዝኾነ ሰራዊት ትግራይ ምሕብሓብን ምጥንኻርን ንህልውናን ድሕንነትን

ናብ ገፅ 5 ይዘውር

ኣብዚኣማ

እዚ ዓምዲ እዚ ኣብ ፖለቲካዊ፣ ቁጠባውን ማሕበራውን ጉዳያት ተመስሪቱ ካብ ተሳተፍቲ ዝመፁ ፅሑፋት የተኣናግድ

ህዝቢ ራያ ኣብ ቻልሲ ሓደ ክፍለ ዘመን

ብመንክር ካብ መቐለ

ኣብዚ ቀረባ እዋን ህዝቢ ራያ መንነቱ ክቐይርን ካብ ትግራይ ክንፀልን ዝግበር ዝተዋደደ ሽርሒ ልዕሊ ሓደ ክፍለ ዘመን ዘቐፀረ ሱር ዝሰደደ ፕሮጀክት እዩ። እዚ ዲሞግራፊ ቀይርካ ህዝቢ ራያ ትግራዋይነቱ ክሓድግን ሓዱሽ መንነት ክሕዝን ዝግበር ተንኮል ፀላእቲ፤ መብዛሒኡ ሰብ እዞም ብሄራዊ ክሕደት ዝፈፀሙን ለኣኽቶምን ጥራሕ ዘንበልብልዎ ዘለዉ ዝመስሎ ክህሉ ይኽእል እዩ። ይኹን እምበር ሕዚ ዝተፈጠረ ዘይኮነስ፤ ከምቲ ኣብ ምዕራብ ትግራይ እንሪኦ ብክልተ መንገዲ ንልዕሊ ሓደ ክፍለ ዘመን ክፍፀም ዝፀንሐ እዩ። እቲ ሓደ፣ ህዝቢ ራያ ትግራዋይ ከምዘይኮነ ናይ ፈጠራ ተረኻት መላሊስካ ብምዝራብን ምፅሓፍን መንነቱ ክልውጥ ምግባር እዩ። እቲ ካልኣይ ድማ ብመንነቱ ዘይደራደር ራያታይ እንተጋጥም ጨፍጨፍካን ኣፈራሪሕኻን ከምኡ እውን ካብ ክልል ኣምሓራ ሰፈርቲ ብበዝሒ እናምፃእኻ ብምስፋር መንነቱ ክሕከኽ ምግባር እዩ።

ነዞም ብዘይዕረፍቲ ክስርሑ ዝፀንሑ እኪይ ተግባራት ደመኛታት ፀላእትና፤ ህዝቢ ራያ እንተይረብረበ ከከም ኣመፃእኣም ክምክቶም ፀኒሑ እዩ። እዚ ሓሳብ ብዝበለፀ ግልፂ ንምግባር ንእሽተይ ፍርኽ ኣቢልካ ምርኣይ ኣድላዩ እዩ። ፈለማ በቲ ህዝቢ ራያ ትግራዋይነቱ ክርስዕን ካባ ትምክሕቲ ክጉልበብን ዝግበር ሽርሒ ክጅምር። ሓይልታት ጥፍኣት፤ ህዝቢ ራያ ካብ ጥንቲ ኣትሒዙ ኣምሓራይ ከምዝነበረን እቲ መሬት እውን መሬት ኣምሓራ ከምዝኾነን ብዘይዕረፍቲ ክሰብኩ ይስምዑ። ነዚ ተንኮሎም ሰማዒ እንትስእኑ ድማ “ህዝቢ ራያ ትግራዋይ ይኹን ኣምሓራይ ዘይኮነስ ራያ ራዩማ እዩ” እናበሉ ብዘይዕረፍቲ ደጋጊሞም ክዛረቡን ክፅሕፉን ፀኒሖም እዮም። እዚ እውን ራያ ኣብ መበል 16 ክፍለ ዘመን ከምዝተፈጠረት ኣምሲልካ ንምትራኽ “ራያ ዝብል ቃል ብኦሮምኛ ወታደር እዩ” ካብ ዝብል ስብከት ጀሚሩ፤ እቲ ከባቢ ዓዲ ኣምሓራ ስለዝኾነ ብቃላት ኣምሓርኛ ከምዝተሰየመ ተደጋጊሙ እንትዝረብ ይስማዕ። እቲ ሓቂ ግን ራያ ማለት “ራህያ” ካብ ዝብል ቃል ግእዝን ትግርኛን ዝመፀ ኮይኑ ትርጉሙ እውን ዓዲ ከፍቲ፣ ዓዲ ኣሕ እምባሕ፣ ብጨና እንስሳ ሃገግ ዝብል ከባቢ፣ ንእሽተይ ማይ መስተዩ ከፍቲ ማለት እዩ። ብካሊእ ጎድኑ ድማ እቲ ከባቢ ዓዲ ብላዕ ፅገብ ስለዝኾነ “ራኣያ፣ ተዓዘባ” ካብ ዝብል ቃል ዝወፀ እዩ።

ህዝቢ ትግራይ ብመሰረት ሕገ መንግስቲ ዝእዝዞ ክኸይድ ስለዝደለየ እምበር ናብ ታሪኻዊ ትሕዝቶ መሬት እንተዝእቶ ዶብ ትግራይ ኣብይ ምኻኑ ይፍለጥ እዩ። ንኣብነት፤ ራእሲ ወልደስላሰን መሳፍንቲ የጁን (ወሎ) ዝተወዓዓልሉ ናይ ቀረባ እዋን ታሪክ እንተተወሲዱ ዶብ ትግራይ ኣልውሃ ምላሽ እዩ። ቅድሚ ዘመነ መሳፍንቲ ዝነበረ ግዝኣት ትግራይ እንትንርኢ ግን ክሳብ ጉና ዝበፅሕ ከምዝነበረ ካብ ሰነዳት ታሪኽ ሓሊፉ ስያመታት እቶም ከባብታት ዘርእዩ እዮም። ንኣብነት “ጉና” ዝብል ቃል ብግእዝ ይኹን ብትግርኛ ጉና እዩ። ኣብ ትግራይ ጉና፣ ጉናጉናን እንዳባጉናን ዝብል ስም ዝውቱር ኮይኑ እዚ ስም ብኣምሓርኛ ጂባራ እዩ ዝበሃል። ስለዚ ጉና ስፍራ ተጋሩ ስለዝነበረ እዩ ብትግርኛ ተሰይሙ። ካሊእ ኣብ ከባቢ ውጫለ ዘሎ “ማርሳ” ዝብል ስም እንትንርኢ ብሰለስተ ኩርናዕ ዝፍታሕ ቃል ትግርኛ እዩ። ሓደ ሰፈር ንህቢ ዝነበረ እንትኾን (ማርሳ ንህቢ) ብካልኣይ ገፅ ዳግም በሊጉ ዝፈረየ በርበረ እዩ (ማርሳ በርበረ)። እዚ ከምዚ እናሃለወ መዕርፎ መራኽብ እውን ማርሳ ይበሃል። ውጫለ ዝብል ስም ንዓርሱ እቲ ከባቢ ኣህባይ ብበዝሒ ዝሰፍራሉ ብምንባሩ ካብ “ውጫል” ዝብል ስም ዝወፀ እዩ። ካልኦት ስያመታት እንትንርኢ ኣምባሰል ካብ እምባ ዕሰል፣ ባቲ ካብ በዓቲ፣ ሃራ ገበያ ካብ ዕዳጋ ሓራ፣ ደሮ ግብር ካብ ደርሆ ግብሪ ትግርኛዊ ቻላት ተዳቢሎም ወይ ተቐይሮም ዝፅውዑ ዘለዉ ስማት እዮም።

እቲ ታሪኻዊ ሓቂ እዚ እናሃለወ ህዝቢ ትግራይ ብመሰረት ሕገ መንግስቲ ክኸይድ እንተፈተነ

> ራያ ኣብ መበል 16 ክፍለ ዘመን ከምዝተፈጠረት ኣምሲልካ ንምትራኽ “ራያ ዝብል ቃል ብኦሮምኛ ወታደር እዩ” ካብ ዝብል ስብከት ጀሚሩ፤ እቲ ከባቢ ዓዲ ኣምሓራ ስለዝኾነ ብቃላት ኣምሓርኛ ከምዝተሰየመ ተደጋጊሙ እንትዝረብ ይስማዕ። እቲ ሓቂ ግን ራያ ማለት “ራህያ” ካብ ዝብል ቃል ግእዝን ትግርኛን ዝመፀ ኮይኑ ትርጉሙ እውን ዓዲ ከፍቲ፣ ዓዲ ኣሕ እምባሕ፣ ብጨና እንስሳ ሃገግ ዝብል ከባቢ፣ ንእሽተይ ማይ መስተዩ ከፍቲ ማለት እዩ።

ዓይኖም ብጨው ዝሓፀቡ ወረርቲ መሬትን ታሪኽን ዝኾኑ ኣካላት ግን ዘየለ ታሪኽ የውግዑ ኣለዉ። ሕዚ እውን ካብዚ ከይወፃእና እቲ ካብ ውራ ዝተረፈ መሬትና ደጊሞም ክወስዱ ክብሉ ህዝቢ ንምድንጋር ዝጥቀምሎም ጥንታውያን ስያመታት ናብ ምርኣይ ክኣቱ። “ኮረም” ብዝብል ቃል ክጅምር። እዚ ቃል ከምቲ ትምክሕተኛታት ንሰራዊት ጣልያን “ከሮም የመጡ” ኢሎም ንምግላፅ ካብ ዝተዛረብዎ ዝመፀ ስም ዘይኮነስ “ኮራሪማ” ካብ ዝብል “ዓዲ ቀመም” ንምባል ዝወፀ እዩ። “ኦፍላ” ዝብል ስም እውን እንተኾነ ከምቲ ኣሽንኳይ ሰብ ኣዕዋፍ ዝፀግባሉ ዓዲ ብላዕ ስተ ንምባል “ወፍ ብላ” ካብ ዝብል ፅምዲ ቃል ኣምሓርኛ ዝመፀ ስም ዘይኮነስ “ወፍላ” ካብ ዝብል ቃል ግእዝ ዝምዘዝ እዩ። ትርጉሙ እውን ዛና (ኣርገዛና) ዝበሃል ዓይነት ተኽሊ እዩ። ኣብ ሰሜን ምዕራብ ትግራይ ዛና ዝበሃል እንፈልጦ ከባቢ ካብቲ ስም ተኽሊ ዝብገስ እዩ። እቲ ኣፈላላይ ኣብ ሰሜን ምዕራብ ዘሎ ብትግርኛ እንትስየምም ኣብ ደቡብ ትግራይ ድማ ብግእዝ ምስያሙ እዩ። “ዓዘቦ” ዝብል ቃል እንተርኢና እውን ከምቲ ሓውዜን ዝብል ስም ካብ “ሓው ባዜን” ዝብሉ ቃላት ዝወፀ፤ ዓዘቦ እውን “ኣዜባዊ” ካብ ዝብል ምስንግስቲ ሳባ (ኣዜብ) ዝተሓሓዘ ታሪኽ ካብ ዘለዎ ቃል ዝመፀ ምኻኑ ድርሳናት ታሪኽ ይሕብሩ።

ቆቦ ንዓርሱ ዕቀቦ (ሓልዎ) ካብ ዝብል ግእዝን ትግርኛን ዝመፀ እዩ። ቆቦ ሓሊፍካ ዘሎ “ኣራዶም” ዝበሃል ከተማ እውን እንተኾነ ኣርዓዶም እዩ ዝበሃል ነይሩ። ካሊእ ጎብየ ዝበሃል ኣብ መንነ ሮቢትን ኣልውሃን ዝርከብ ሓደ ከተማ ኣሎ። እዚ ስም ትግርኛ ከምዝኾነ እንርደኣሉ ካብቶም 42 ዓሌታት ምሽላ ሓደ ምኻኑ እዩ። እቲ ከባቢ ጐብየ ዝበሃል ዓይነት ምሽላ ብበዝሒ ይዝረኣሉ ስለዝነበረ እዩ። ካብዚ ሓሊፍካ ዘሎ ሓደ ጉልህ ስም ትግርኛ “ዞብል” ዝብል እዩ። እዚ ስም ንዓርሱ ጥንታዊ ትግርኛ ኮይኑ ኣብ ሓደ ሓደ ከባቢታት ጠጠም ዓጋዜን ወይ ሓቢ ፀሊም እናበልና እንፅውዖ ዓይነት ተኽሊ እዩ። ኣብቲ ቦታ ራማ ኪዳነ ምህረት ዝበሃል ጥንታዊ ቤተ ክርስትያን ዘሎ ኮይኑ፤ ካብ ራማ ታቦት ወሲዶም ዝሰርሕዎ ቤተ ክርስትያን ስለዝኾነ እዩ።

ሓይልታት ጥፍኣት መንነት ህዝቢ ራያ ኣራጊፎም ክጨውዩ እንትኣብዮም ድማ ዝንተ ዕለት ክስኮን ምግባር ዝብል ስልቲ እዮም ዝኸተሉ። እዞም ኣካላት በቢእዋኑ ዝፈፀምዎም ግፍዕታት ክዝርዝር እንተዝብል ሓደ መፅሓፍ ዝሽፍኖ ገፅ እዩ ክሓተኒ። ስለዝኾነ ካብ ሃፀይ ሃይለስላሴ ጀሚሩ ክሳብ ስርዓት ብልፅግና ዝጎብርዎን እቲ ህዝቢ ድማ ትግራዋይ መንነቱ ዓቂቡ ክነብር እንተይረብረበ ከመይ ከምዝመከተን ብውሱን መልክው ክገልፅ።

ጣልያን ብሓያል ቃልሲ ህዝቢ ትግራይን ብደገፍ ህዝብታት ኢትዮጵያን ኣብ ዓድዋ ተቐጥቒጡ ምስወፀ፤ ኢትዮጵያ ኣብ ቀይዲ ባዕዳዊ መግዛእቲ ንምእታውን ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ቁሙ ንምውፃእን ን40 ዓመት እዩ ተዳልዩ። ብምኻኑ በቲ ዝተዳለዎ ወራር እንትጅምር ራእሲ መንገሻ ዝመርሕዎ ሰራዊት ትግራይ ካብ ሰንዓፈ ጀሚሩ ንሽውዓተ ወርሒ ክምክት ፀኒሑ። ሰራዊት ትግራይ ንጣልያን ኣብ ብዙሕ ከባብታት ከቢድ ክሳራ ዘብፀሐሉ እንትኸውን ብፍላይ ኣብ ተምቤን “ወርሰገ” ኣብ ዝበሃል ከባቢ 10 ሽሕን 888 ሰራዊት ጣልያን ረኒፎም እዮም። ኣብቲ እዋን ሃፀይ ሃይለስላሴ “ተጋሩ ንስልጣነይ ከየፀግሙለይ ኣብኡ ብዘይዛሪ ኩናት ይዳኸሙ” ኢሎም ርሑቕ ተመልካቲ እዮም ነይሮም። ደሓር ግን ጣልያን እናደፍአ ምስመፀ ንመንበሪ ስልጣኖም ክብሉ ንማይጨው ይመፁ። እንተኾነ ግን ክንዲ ንሓርበኛታት ዘተሓባብሩ ኣብ ምሕባእ ሃፀይ ዝበሃል ከባቢ ማይጨው ክሕብኡን ኣብኡ ኮይኖም እቲ ኩነታት ከፅንዑ እዮም መሪፆም። ደሓር እውን ነቲ ህዝቢ ራሕራሖም ንእንግሊዝ ክሃድሙ ስለዝፈተኑ፤ ህዝቢ ራያ “ጓሳ ህዝቢ ዶ ዝጓስዮ ገዲፉ ይሃድም እዩ? ናበይ ገዲፍኩምና ትኸዱ ኣለኹም?” ኢሉ ክሳድ ብምዕፃው ብረት ምምንጣል ጀሚሩ ከምዝነበረ ይንገረሉ።

ሃፀይ ሃይለስላሴ ንሕቶ ህዝቢ ፀማም እዝኒ ሂቦም ናብ እንግሊዝ ሃዲሞም ደሓር ኣብ ካልኣይ ኩናት ዓለም ጣልያን ብሓገዝ እንግሊዝ ተፀሪጉ ምስወፀ ሃፀይ ሃ/ስላሰ ቂም ቋዒሮም መፂኦም። ካብ ቂሞም ዝብገስ እውን ኣብ ህዝቢ ትግራይ ብፍላይ ህዝቢ ራያ ክልተ ዓበይቲ በደላት ፈፂሞም። እቲ ሓደ፤ ጣልያን ፅኑዕ ዕርዲ ተጋሩ ንምስባር ብብርኪ ዓለም ዝተኸልከሉ መርዛም ኬሚካላት ብኣየር እንትንስንስ፤ ዓበይቲ ተኽልታት ከምላስቲኽ መኺኾም። ሰብን እንስሳን ዝተበከለ ማይ ሰትዮም ይኹን እቲ ከሚካል ፈሲስዎም ከምቆፅሊ ረኒፎም። ብምኻኑ ውድብ ሕቡራት መንግስታት (ሽዑ ሊግ ኦፍ ኔሽን) ንዳግመ ህንፀት ትግራይ ዝኾን 125 ሚልዮን ዶላር ካሕሳ ዝተመኖ ኮይኑ፤ “ፀለምቲ ስለዝኾኑ 25 ሚልዮን ይኣኽሎም እዩ” ተባሂሉ እቲ ገንዘብ ንሃፀይ ሃይለስላሴ ተዋሂቡ እዩ። ንሶም ድማ ንዳግመ ህንፀት ትግራይ ዝመፀ ገንዘብ ናብ ተንዳሆ፣ ኣቃቂ፣ ሙገር ዘለው ፋሪካታት ኣግሮ ፕሮሰሲንግ ኣውዲሎም “ወገነይ” ዝብልዎ ህዝቢ ረቢሖምሉ እዮም።

ሃፀይ ሃይለስላሴ ብኬሚካል ንዝሓረረት ትግራይ መጠጥዒ ዝመፀ ገንዘብ ኣብ ካሊእ ምውዓሎም ጥራሕ ዘይኮነስ እቲ በደል፤ እቲ ዝፀነተ ህዝቢ ተራእዩ ዘይፈልጥ ግብሪ ምፅዓኖም ካልኣይ በደል ኮነ። ካብዚ ዝብገስ እውን እዩ ቃልሲ ቀዳማይ ወያነ ክውላዕን ኣብ ዞባታት ደቡብን ደቡብ ምብራቕን ብዝጠንከረ መንገዲ ክቀፃፀልን ዝኸኣለ።

ሃፀይ ሃይለስላሴ ነቲ ዓመፅ ሓረስቶት ቀዳማይ ወያነ፤ ነፈርቲ እንግሊዝ ተሓጊዞም ምስዓገትዎ፤ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ራያ ብሓፈሻ እውን ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ተወሳኺ በደል እዮም ፈፂሞም። ኣብ ህዝቢ ራያ ዝበፅሐ ግፍዒ ፈሊና እንትንርኢ፤ ከምቲ ልዕል ኢሉ ዝተገልፀ ብመሰረት መሳፍንቲ የጁን ራእሲ ወልደስላሴን ኣልውሃ ዝነበረ ዶብ ትግራይ፤ ኣብ 1948 ዓ/ም ህዝቢ ራያ ንምድኻም ራያ ቆቦ ናብ ወሎ ቆሪሶም ወሲዶምዎ። ልክዕ ሕዚ ኣብ ምዕራብ ትግራይ ከምዝገብርዎ ዘለዉ ዲሞግራፊ እቲ ከባቢ ንምቕያር ድማ ካብ በእብናት፣ በለሳ፣ ኣምባሰል ዝበሃሉ ከባብታት ክልል ኣምሓራ ሰፈርቲ እናምፅኡ ኣስፊሮምሉ። እቶም ሰፈርቲ ነቲ መሬት “ናተይ እዩ” ኢሎም ብዘላቕነት ንክሕዝዎን በዓል ዋና እንትሓቶም “ካብ መንግስቲ ዓዲገዮ እየ፤ ንመንግስቲ ሕተት” ኢሎም ንክምልሱ ምእንታ ክጥዕምን ሃፀይ ሃ/ስላሰ እውን ብመሸጣ መሬት ትግራይ እቶት ንክረኽቡ “ሞዴል 5” ዝብሃል ካርኒ ኣዳልዮም። በቲ ዝተዳለወ ካርኒ ንሓደ ጋሻ መሬት ረጉድ እንተኾይኑ ብ88 ብር፣ ማእኸላይ እንተኾይኑ 64 ብር፣ ዘይተፀንዐን ኣግራብ ዝበዝሖን ድማ ብ24 ብር ክገዝእዎ ብምግባር እቲ ነባሪ ካብ ርስቲ ዓደቦኡ ኣፍሊሶምዎ። ናብ ምዕራብ ትግራይ እንተኸይድና እውን ክሳብ ምድምሳስ ደርግ ዝነበረ ኩነታት ተመሳሳሊ ህዝቢ ትግራይ ኣጥፊእኻ መሬት ኣምሓራ ናይ ምሃብ ከይዲ እዩ።

ኣብዚ ክፍለጥ ዘለዎ፤ ሓደ ጋሻ መሬት እንትበሃል 40 ሄክታር ማለት እዩ። 40 ሄክታር ድማ 160 ፅምዲ ብዕራይ ዘውዕል ዳርጋ ሓደ ክፍለ ከተማ ዝኾን መሬት ማለት እዩ። ን160 ፅምዲ መሬት ብ88 ብር፣ 64 ብር፣ 24 ብር ዝሸጥዎ ዝነበሩ እቲ ገንዘብ ናይ ምግዛእ ዓቕሙ ክንደይ ነይሩ? ዝብል ሕቶ ክለዓል ይኽእል እዩ። ኣብቲ እዋን ን10 ብር “ሓደ ጂኔ” እናተብሃለ ዝፅዋዕ ዝነበረ ኮይኑ ንሓደ ብዕራይ ሰለስተ ወይ ኣርባዕተ ጂኔ ይግዛእ ነይሩ። ስለዚ ብሓደ ወይ ክልተ ብዕራይ 160 ፅምዲ መሬት ንወገኖም ዝኾነ ኣምሓራይ እናግዘሙ ነቲ ትግራዋይ ግን ካብ ርስቲ ዓዲኣቦኡ ይነቕልዎ ነይሮም። ከምቲ “እንጣጢዕ ዝጠዓመት ጤል የስዋዕውዓ” ዝብሃል በቲ ቅድም ኢሎም ዝወረርዎ መሬት ራያን ምዕራብን መቂርዎም ምሉእ ራያን ምዕራብን ትግራይ ንምውሳድን እቲ ህዝቢ መንነቱ ንምሕቓቕን እንተይረብረቡ ይሰርሑ ኣለዉ።

እዚ ከምዚ ዝበለ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ራያ ዝተፈፀመ በደልን ተንኮልን፤ ኣብ ስርዓት ደርጊ እውን ብዝኸፍአ መልክው ቀፂሉ እዩ። ደርጊ ንህዝቢ ራያ መሊኡ ካብ ትግራይ ንምንፃል ዝተጠቐመሉ ስልቲ ዝበኣሰ ነይሩ። ንሱ እውን ብፈጠራ ወረ ህዝቢ ራያ ምስቲ ካልእ ትግራዋይ ሓው ምድማይ እዩ። ከምዝፍለጥ ደርጊ ብመፈንቅለ መንግስቲ ናብ ስልጣን እንትመፅአ፤ ኣብቲ ፈለማ ዝቆፃፀሮ ሰራዊት ሓሙሽተ ክፍለ ሰራዊት እዩ ነይሩ። ኣብቲ እዋን ድማ ህወሓት ዕጥቃዊ ቃልሲ ዝጀመረትሉ እዩ። ዕጥቃዊ ቃልሲ ህወሓት ናብ 13 ዓመት ኣብ ቃልሲ ዝነበረ ሻዕብያ እንትድመሮ ሓደጋ ከምዝኾኖ ብምርዳእ ንህወሓት ብዕሽላ ንምድምሳስ ይሓስቡ። ስለዝኾነ “ራዛ ፕሮጀክት” ብዝብል ምንቅስቓስ ህወሓት ብዕሽላ ንምድምሳስ ዓሊሙ “ኣዕራብ ሃፀማኖትካ ንምቕያር ብወንበዴ እናተመርሑ ይመፁ ኣለዉ። ስለዚ ነቶም መራሕቲ መንገዲ ዝኾኑ ወንበዴ ክንድምስስ ኢና። ወንበዴ እንትተጠፍእ ዝረኽብካዮ ንብረት ንዓኻ” ብዝብል ካብ ወሎን ራያን 100 ሽሕ ዝኾን ዕጡቕ ሒዙ ናብ ማእኸላይ ትግራይ ዘሚቱ። ይኹን እምበር ኣይሰመረሉን።

ኣብ ዝቕፅል ክፋል ፅሑፈይ፤ ቻልሲ ህዝቢ ራያ ኣብ እዋን ዕጥቃዊ ቃልሲ 17 ዓመት፣ ኣብ ኩናት ፅንተት ትግራይን ኣብ ቃልሲ ብሄራዊ ክሕደት ዝፈፀመ ጉጅለን ዝነበሮ ግደ፣ ህዝቢ ትግራይ ጠቕሊሉ ክፀንት እናሰርሑ ዝመፁ ፀላእትና ኣብዚ መዋእል እዚ ከመይ ዝበለ ታሪክ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ደጊሞም ዝብሉ ሓሳባት ሒዘ ክምለስ እየ።

መወከሲ መፃሕፍቲ

(ንብረ ልሳን ግእዝ ትግርኛ ኣማርኛ መዝገበ ቃላት (ብዲ/ን ካሕሳይ ኣብርሃ)፣ ግብሪ ደም (ብዶ/ር ዳኒኤል ተኽሉ)፣ የቆሰለ ታሪክ (ብሓዱሽ ረዳ)፣ ሳባውያን ወአግኣዝያን ፤ (ብዲ/ን ካሕሳይ ኣብርሃ))

ዋዕሮታት

ብምትሕብባር ምስንዳእ ጋዜጣ ወይንን
ቢሮ ጉዳይ ደቂ ኣንስትዮ ትግራይን ዝዳሎ መደብ

ፅልዋታት ፅንተት- ኣብ ባህላዊ መንነት

በዓል ኣሸንዳ ካብቶም በቢ ዓመቱ ብድሙቕ ኣገባብ ዝኽበሩን ዝበዓሉን ዓበይቲ ሃይማኖታዊ በዓላት ሓደ እዩ። ኣብነት፡- ኣብ ትግራይ “መስቀል ኢልና- ደመራ፣ ጥምቀት ኢልና፡- ከተራ፤ በኣተ ቤተ መቅደስ ኢልና- ሆሳዕና” ከም እንብል ፍልሰታ ኢልና ድማ “ኣሸንዳ” ንብል። ብምኽንያት እዚ በዓል ኣሸንዳ ምስ ፍልሰታ ዝተሓሓዘን ሰማያዊ ትርጉም ዘለዎን ከም ዝኾነ ብዛዕባ ታሪካዊ ኣመፃፅኣን ድህረ ባይታን በዓል ኣሸንዳ ኣመልኪቶም ኣብ ኣከባብራ በዓል ኣሸንዳ 2017 ዓ.ም ዘቕረብዎ መፅናዕታዊ ፅሑፍ መምህር ቅኔን መፃሕፍትን ስነ ልሳነ ግእዝ መምህር ሄኖክ ገ/እግዚኣብሄር የረድኡ። መምህር ሄኖክ፡- ኣሸንዳ ሃይማኖታዊ ድሕረ ባይታ ዘለዎ ብዋናነት ድማ ምስ ትንሳኤን ዕርገትን ቅድስት ድንግል ማርያም ዝተተሓሓዘ እንትኸውን፤ እቲ ሽም ኣሸንዳ ካብ ዝበሃል ቆፅሊ ዝመፀ ምኂኑ ይግልፁ። ከም ታሪኽ ኦርተዶክስ ተዋህዶ ቤተ ክርስቲያን ድማ ቅድስት ድንግል ማርያም ኣብ 64 ዕድሜኣ ሞይታ ብሞለኮታዊ ሓይሊ ካብ ሞት ተንሲኣ ናብ ሰማይ እንትትዓርግ ዝረኣያኣ ደናግል ኣዋልድ እስራኤላዉያን ቆፅሊ ኣብ ማዕጠቕኣን ኣሲረን ይዝምራን ይውድሳን ምንባረን መፅናዕታዊ ፅሑፋት መምህር ሄኖክ የረድኡ። በዚ ድማ ነቲ ናይ ቅድስት ድንግል ማርያም ትንሳኤን እርገትን ንምዝካር ኣብ ወርሒ ነሓሰ ካብ 16-21 ኣብ ዘለዉ መዓልትታት በዓል ኣሸንዳ ይኽበር። ኣብ ትግራይ እውን በቢ ዓመቱ ኣዋልድ ሳዕሪ ኣሸንዳ ተዓጢቕን፣ ፀጉረን ተቕኒነን ብዝተፈላየ ባህላዊ መጋየፅታት መልኪዐን እቲ በዓል ብድምቀት የኽብረኡ።

ኣከባብራ በዓል ኣሸንዳ ብፍሉይ ንድንግልናን ንክብረንፅህናን ኣዋልድ ዝገልፅ ኮይኑ ሓደ ማሕበረ ሰብ ሃይማኖት፣ ባህሊ፣ ትውፊትን ካልኦት መስተጋብር ዝገልፃሉ ሃይማኖታዊ በዓል እዩ። ካብቶም መግለፅታት መስተጋብር ስነ ቃል ሓደ ኮይኑ ኣሸንዳ ዝፃወታ ኣዋልድ ደናግል ከም ዝኾና ንምግላፅ ኣሸንዳን ኣዋልድን ዘራኽቡ ባህላዊ ደርታት ይደርፋ። ንኣብነት፡- “ኣበይያ ውዒልክን ኣዋልዶ፣ ገረብ ገረብ ማዕዶ ሰብ ዘይኽዶ፤ ...ዓዎየ ወለለኻየ፣ ኣሸንዳ ብቕልዓኻየ፤ ኣቲ እዛ ኣሸንዳኺ ምነውያ፣ እንድሕር ከይዳ እማ ሓዳር እያ፤ ኣቲ ዛ ንእስነትኪ ምነውያ፣ ድሕሪ መርዓ እማ ቆቢዕ እያ” ዝብሉን ካልኦት ደርፍታት እናደረፋን ሃይማኖታዊ መዝሙር እናዘመራን እቲ በዓል የብዕለኡ።

በቢዓመቱ ኣብ ትግራይ ዝኽበር በዓል ኣሸንዳ ሃይማኖታዊ ትውፊታት ካብ ምንፅብራቕ ብተወሳኺ ማሕበራውን ሓድነታዊ ርክባትን ዝግለፀሉ ማሕበረሰባዊ ባህሊ እናኾነ እውን ንዘመናት ፀኒሑን ኣሎን። ኣብ በዓል ኣሸንዳ እተን ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ማሕበራዊ ፀገማተን ነንባዕለን ዝደጋገፋሉን ሓልዮት ዘርእያሉን ማሕበራዊ ትውፊት እውን እዩ። ናይዙይ መርኣያ ድማ ኣብ ኣከባብራ በዓል ኣሸንዳ 2017 ዓ.ም ነቲ በዓል ኣመልኪተን ክልተ ዲያስፖራ ደቂ ኣንስትዮ ተጋሩ ኣብ ማእኸል ሕክምና ንዘለዋ ውግኣት ተጋደልትን ተመዛበልቲ ስድራ ስውኣትን ብገንዘብን ብዓይነትን ሓገዝ ኣበርኪተን እየን። ካብተን ብሽም ኣሸንዳ ንውጋኣትን ተጋደልቲ ደቂ ኣንስትዮ ሓገዝ ዝገበራ ዲያስፖራ ተጋሩ ወ/ሮ ሰማይነሽ ገ/ህይወት ሓንቲ እያ።

ወ/ሮ ሰማይነሽ፡- ቅድሚ እቲ ፅንተታዊ ኩናት ኣብ ዝነበረ ወራር ኣምበጣን “ኮቪድን” ጀሚራ ንህዝቢ ትግራይ ዓቕማ ዝፈቐዶ ምስ ካልኦት ዲያስፖራ ተጋሩ ብምኳን ገንዘባዊ ሓገዝ እናገበረት ፀኒሓ። ብፍሉይ ድማ ድሕሪ እቲ ኣብ ትግራይ ዝተፈፀመ ፅንተታዊ ኩናት በቲ ኩናት ንዝተሃሰዩ ተመዛበልቲ፣ ስድራ ስውኣትን ኣካል ጉድኣት ተጋደልትን እቲ ሓገዝ ኣጠናኺራ ቀፂላትሉ ትርከብ። ኣብ ወርሒ ለካቲት 2017 ዓ.ም ንውጉኣት ተጋደልቲ ብውልቃ ብልዕሊ ሓደ ሚልዮን ብር ዝተገዝኣ ዓሰርተ ሞተር ሳይክል ዝሃበት ኮይና ድሕሪኡ እውን ንቤተሰባን ፈተውታን ኣተሓባቢራ ልዕሊ ክልተ ነጥቢ ሰለስተ ሚልዮን ብር ዝተገዝኣ 23 ሞተር ሳይክል ገዚኣ ንውጉኣት ተጋደልቲ ብምሃብ እቶም ተጋደልቲ ካብን ናብን ክንቀሳቐሱ ዓብይ ሓገዝ ኣበርኪታ እያ።

ካብዚ ብተወሳኺ ውጉኣት ደቂ ኣንስትዮ ተጋደልቲ ክብርን ሞራልን ረኺበን በዓል ኣሸንዳ ብሕጉስ መንፈስ ንክኽብረኣ ሓደ ነጥቢ ሓሙሽተ ሚልዮን ብር ሓገዝ ብምግባር ን 525 ውጉኣት ደቂ ኣንስትዮ ተጋደልቲ ክዳን ኣሸንዳ ክኽደናን እቲ በዓል ብፅቡቕ

ንውግኣት ተጋደልቲ ኣብ ምሕጋዝ እትነጥፍ ዘላ ትግራወይቲ ዳያስፖራ
ወ/ሮ ሰማይነሽ ገ/ህይወት

መንፈስ ከኽብርኦን ገይራ እያ። እዞም እትገብሮም ሓገዛት ንምጥንኻር ብቀፃሊ ምስ ኮምሽን ሃርበኛታት ትግራይ እናተሓጋገዘት ንውጉኣት ተጋደልቲ እግሪ መትከልን ቁጠባዊ ዓቕሞም ዘኃልብትሉን ዓርሶም ዘመሓደርሉን ኩነታት ንምፍጣር ትልሚ ከም ዝሓዘት ተረድእ። ብተመሳሳሊ ሽማ ክግለፅ ዘይደለየት ነባሪት ስዊዘርላንድ ዝኾነት ግድስቲ ትግራወይቲ ካብ ሃገረ ሱዳን ዝመፃን ተመዛበልቲ ስድራ ስውኣትን 50 መራሕቲ ስድራ ደቂ ኣንስትዮ ነንሕድሕደን ክልተ ሽሕ ብር ብሽም ኣሸንዳ ሓደ ምኢቲ ሽሕ ብር ሓገዝ ኣበርኪታ እያ።

ብሓፈሻ በቢ ዓመቱ ኣሸንዳ እንትኽበር ደቂ ኣንስትዮ ትግራይ ካብ ዝኾነ እዋን ንላዕሊ ፍሉይ ነፃነት፣ ተሓጓስን ሓድነትን ዘርእያሉ ዓመታዊ በዓል እዩ። ይኹን ደኣምበር ብሰንኪ እቲ ኣብ ትግራይ ዝተፈፀመ ፅንተታዊ ኩናት ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ዝበፀሐ ፆታዊ፣ ስነልቦናዊ፣ ኣካላዊ፣ ቁጠባዊ ጥቕዓትን ምምዝባልን ናብ ንቡሩ ብዘይምምላሱ ነቶም ኣብዚ ሓሙሽተ ዓመት ዝተኸበረ በዓል ኣሸንዳ ኣሉታዊ ፅልዋ ብምፍጣሩ እቲ በዓል ኣዳኺሙዎ እዩ። ስለ ዝኾነ ኩለመዳይ ፀገማት ህዝቢ ትግራይ ብፍላይ ድማ ፀገማት ደቂ ኣንስትዮ እኹል መፍትሒ ክረክብን ሕውየትን ዳግመ ህንፀትን ትግራይ ክሳለጥን መንግስቲ ፌደራል ውዕሊ ስምምዕ ፕሪቶርያ ብሰለማዊ መንገዲ ኣብ ዝሓፀረ እዋን ከትግብርን ዝተመዛበሉ ወገናት ናብ መረበቶም ክምለሱን ግዝኣታዊ ሓድነትና ክኽበርን ይግባእ ዝብል መልእኽትና እዩ።

ትኪ ዓፈንካ ... ካብ ገፅ 7 ዝዞረ

እውን ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ምብታን ሓደጋ ዝነበረት ዓዲ ከም ሃገር ክትቕፅልን ኣብ ሓፂር ግዘ ካብ ናይ ድኽነት ሓደጋ ዝተላቐቕት ክትከውንን ኣኽኢሉ። ብሄር፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ዓርሰን ዘመሓድራሉ ስርዓት ብምትእትታው ኢትዮጵያ ሓበራዊት ሃገር ምኂና ናብ ዝሓሰባሉ ብርኪ ኣሰጋጊሩ። ብድምር ካልኦት ከምኡ ዝበሉ ዴሞክራሲያውያን ሓይልታት ዝሰዓብዎ፣ ግን ድማ እቲ ወሳናይ ፃውራ ኣብ እንግደዓ ህዝቢ ትግራይ ኮይኑ ዝተዓወተ ብረታዊ ቃልሲ ምስ መሓዙት ህዝብታት ኢድ ንኢድ ተታሒዙ ክሳብ ዶክተር ኣብዩ ዝመፅእ ንዝነበረት ኢትዮጵያ እዩ ፈጢሩ። ብኢኮኖሚያዊ ዕብየታ ዓለም ዘደነቕት ሃገር ጥራሕ ዘይኮነትስ “ናበይ እያ ትኸይድ ዘላ?” ተባሂላ ተሰጋኢት ዝኾነት ምዕብልቲ ዓዲ ሃኒፁ።

ኮይኑ ግና እቲ ስርዓት ኣብ ምፍጣር ሰላምን ልምዓትን ዓዲ ጥራሕ እዩ ዝረባረብ ነይሩ። ነቲ ዝነበረ ጨቋኒ ስርዓት ደርግ ዋላ እንተፈረሰ ኣተሓሳስባ እቶም ፀላእቲ ግን ኣይፈረሰን። “ዓርሰ ምሕደራ፣ ኢኮኖሚያዊ ዕብየትን ዴሞክራስን እንተሃልዩ ብኡ ልክዕ እቲ ህዝቢ እናጠዓዓሞ ክኸይድ እዩ” ብዝብል ሓሳብ ኣብቲ ለውጢ ኣተሓሳስባ ዓብይ ቓልሲ ኣይተገበረን። ኣብዚ ዓብዩ ቃልሲ ክግበር ብዘይምኽኣሉ ምኽንያት ድማ ዝተስዓሩ ሓይልታት እቲ ዝተተኸለ ዴሞክራሲ ኣንቢቦም፣ ፅሒፎምን ተዛሪቦምን ሓይሎም ንኽተኣኻኽቡ፣ ዳግም ንኽውደቡን ቀስ ብቐስ ንኽጥፕዑን ዕድል ፈጢሩሎም። ብተግባር ድማ ካብቲ ንዴሞክራሲ ዘምፀአ በዓል ዋና ህዝቢ ንላዕሊ ነቲ ዕድል ተጠቒሞም ብመስዋእቲ ህዝቢ ንዝመፀ ስርዓት ብውሽጣ ውሽጢ ክግዝግዝዎ ጀሚሮም። ፀላእቲ ሓመዶም ኣራጊፎም ነቲ ስርዓት ክሳብ ምፍራስ ዝኣትውሉ ምችው ኩነታት ምስፈጠሩ ድማ ምጭብርባርን ካልኦት ናዕብታትን ተደሚሩዎ እቲ ሕዚ ዝኒሀ ስርዓት መፂኡ። ኣብዚ ኩሉ ድምር ኣቢልካ “ህዝቢ ትግራይ ንምንታይ እዩ ሐዚ ፈተናታት በዚሑዎ?” እንተኢልካኒ ንኹሉ ማዕረ እተገልግል ዓዲ ምስተሃነፀት ኣብቲ ዴሞክራሲያዊ ህንፀትን ስርዓትን ለውጢ ኣተሓሳስባ ንምምፃእ ክኽየድ ዝግብኦ ርሕቐት ስለዘይተኸየደ እዩ።

እቲ ካልእ ትግራይ ከም ሃገር ድሒሩ ዝተፈጠረ ውሱን ዕብየት ከምዘሎ ኮይኑ ብቐጠባ ብቴክኖሎጂ፣ ብፍልጠት፣ ብኢንዳስትሪን ማሕበራዊ ልምዓትን ዝደኸመት እያ። ድሕሪ ዓወት እውን እንተኾነ ቀልጢፉ ናብ ኢንዳስትሪ ምዕባለ ከሰጋገር ዝኽእል ዝተምሃረ ሓይሊ ሰብ ኣይፈጠረትን። ብተወሳኺ ንባዕልና ክከላኸል ዘኽእል ኩለመዳያዊ ዓቕሚ ምክልኻል ኣይተሃንፀን። ተፈጢሩ ዝበሃል ሓይሊ ምክልኻል እውን “ናይ ሓባር ሃገር ኣላትና” ብዝብል ኣተሓሳስባ ከም ሃገር ዘገልግል ሓይሊ ምክልኻል፣ ፌደራል ፖሊስ ሓይልን፣ ሓይሊ ድሕንነትን ስለዝነበረ ንሓደጋ ቅሉዓት ኮይንና። ስለዚ እዚኣቶም ብዘይምግባርና ትግራዋይ ዝመፀ ፀላኢ ክደፍሮ፣ ትግራይ ድማ ንዝመፁ መጥቃዕቲታት ፀላኢ ክትቃላዕ ክኢላ። ነዚ ኩሉ እዚኦም ከም ዓበይቲ ምኽንያታት ገይረ እየ ዝወስዶም።

ኣብ ዋሕስ ... ካብ ገፅ 3 ዝዞረ

ህዝቢ ትግራይ መሰረታዊ ትርጉም ኣለዎ። እዞም ፀላእቲ፤ ንህዝቢ ትግራይ መሊኦም ምእንቲ ከብርስዎ ሰራዊት ትግራይ ክበታተን ንምግባር ዘይፈንቀልዎ እምኒ የለን። ኣብ ልዕሊ ኣባላትን ኣመራርሓን ሰራዊትና ሰፊሕ ወፍሪ ፀለመ የካይዱ ኣለዉ። ሰራዊት ትግራይ ግና “ዘይተመልአ ልኡኽ ኣለኒ” ኢሉ ህዝባዊ ዕላማ ተሓንጊጡ ኩሎም ፀገማት ተፃዊሩ ኣብ መስርዑ ይቕፅል ኣሎ። ውድብና ህወሓት እውን ቅርስን ሃፍትን ህዝቢ ትግራይ እዩ። እዚ ውድብ፤ ብዓፅምን ደምን ህዝቢ ትግራይ ዝተሃነፀ፣ ንዝሓለፉ 50 ዓመታት ብዙሕ ውፃእ ውረድ ኣሕሊፉ ግን ድማ ካብ ህዝባዊ ዕላማኡ ከይተዛነፈ ንህዝቢ ትግራይ ዝመርሕ ዘሎ ህዝባዊ ውድብ እዩ። ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት ውድብና ንምፍራስ ብውሽጥን ብደገን ዝተኻየዱ ሽርሕታት ብሳላ ናይ ህዝቢ፣ ኣባልን ካድረን ዘይሕለል ቃልሲ በርዒኖም እዮም። ሕዚ እውን እቲ ኣጋጢሙና ዘሎ ሓደጋ ብሄራዊ ህልውናን ድሕንነትን ብውድብና ህወሓት እናተመራሕና ከምእንሰግሮ ዘጠራጥር ኣይኮነን። ኣብዚ ክስመረሉ ዘለዎ መሰረታዊ ነጥቢ፤ ውድብና ነዚ ሓላፍነት ብብቕዓት ንክፍፅም ውሽጣዊ ቓልሲ ካብ ዝኾነ እዋን ንላዕሊ ከጠናኽር ኣለዎ። ህዝብና እውን ከምወትሩ ኣብ ውድብና ንዝሪኦም ጉድለታት ብዘይምሕረት እናነቐፈ ውድቡ ከመዓራሪ፣ ውድብና ህዝባዊ ዕላማታቱ ኣብ ምፍፃም መላእ ህዝብና ኣብ ጎድኒ ውድቡ ዓሲሉ ክድግፎን ከጠናኽሮን በዚ እውን ውድብ ህወሓት ካብ ዘለናሉ ሓደጋ ዘውፅእ ናይ ወለዶታት ውድብ ኮይኑ ዝቕፅለሉ ባይታ ክፈጥር ኣለዎ። እቶም ኣብዚ ወርሒ መስከረም ብደረጃ ትግራይ ዝተኻየዱ መድረኻት ውድብን ህዝብን ዘሕለፍዎ መልእኽቲ እውን እዚ እዩ።

ዳሃይ መቐለ

ብምትሕብባር ምስንዳእ ጋዜጣ ወይንን
ምምሕዳር ከተማ መቐለን ዝዳሎ መደብ

ተመክሮ ኣሸንዳ ... መሰጋገሪ ውሑስ ፀጥታ!

ቅድሚ 100 ዓመት ዝነበሩ ትግራዋይ ፈላስፋ ስነ-ቁጠባ ነጋድራስ ገብረሂወት ባይከዳኝ፤ “ካብ ዘይተወደበትን ስርዓት ዘይብላን ዓባይ ሃገር ዝተወደበትን ስርዓት ዘለዋን ንእሽተይ ቁሽት እያ ቁምነገር ትሰርሕ” ይብሉ ነይሮም። እዚ ሓሳብ ጋህዳዊ ሓቂ ከምዝኾነ ቅድሚ ኩናት ፅንተት ዝነበረ ኩነታት ትግራይን ሃገርን ድሕሪ ልፍንታዊ ወራር ዝተፈጠረ ቅልውላውን ምርኣይ ይከኣል እዩ። ቅድሚ 2013 ዓ/ም ትግራይ ካብ ክልል ክሳብ ቀጠና ብዝተወደበ መንገዲ ፀጥታኣ ኣዋዲዳ ትንቀሳቐስ ስለዝነበረት፤ ውሑስ ፀጥታ ወኒና ካልኦት ክልላት ንተመክሮ ዝውሕዛላ ከባቢ ነይራ። ብትግራይ ዝተወደበ ሓይሊ ንሃገር እውን ወዲቡ ስለዝነበረ፤ ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ ክፋላት እታ ሃገር ንእሽተይ እውን “ጠውሻሕ” ዘይበሃላ ሰባት ውሑስ ሰላም ረኺቦም ለይቲ ምስቀትሪ ዝነዓዙላ ሃገር ነይራ። እቲ ኩናት ፅንተት ምስኣጋጠመ ግን ውዳበታት ፈሪሰን ሃገር ብሸፋቱ እናተመሓደረት ኣብ ጠላዕ ፀሓይ ቀትሪ መኻይን ደው እናበሉ ገንዘብ ዝወርርሉን ሰብ ብሰላም ወፂኡ ዘይኣትወሉ ኩነታት ተፈጢሩ።

እቲ ብርሑቕ እንሪኦ ዝነበርና ደመና ስግኣት ናብ ትግራይ እውን መፂኡ። በቶም በቢ ከባቢኡ ብዝፍጠሩ ቀለልትን ከበድትን ገበናት ህዝብና ኣብ ከቢድ ስግኣት ኣትዩ። እቲ ስርዓት ዝፈጠረን በቢመዋእሉ ንስርዓት ዝዋደቕን ህዝቢ ኣብ ካልኦት እንሪኦ ዝነበርና ፋሉልነት ልሒኹ ትግራይ ማእኸል መጭወይቲ፣ ክትራን፣ ብለይቲ ተወዲብካ ዝኸተራ፣ ቀትርን ለይትን ንብረት ዝምንጠለላ፣ ደቂ ኣንስትዮ ዝዕመፃላ መፍርሒት ኮይና፤ ትግራይ። ብፍላይ ጊዜያዊ ምምሕዳር ትግራይ ምስተመዓራረየ ሓይልታት ፀጥታ ቀልጢፎም እንተዘየርከብሉ ነይሮም ናብ ከቢድ ራዕድን ናዕብን እዩ ከምርሕ ነይሩ። ምኽንያቱ እዞም ከበድቲ ገበናት እቲ ህዝቢ ንክርዕድ ክሳብ በዓል ኣሸንዳ ከይበዓል፣ ብዝኾነ መንገዲ ክበዓል እንትፍትን እውን ንክዝረግ መደብ ዝሓዙ ዝተወደቡ ኣካላት ከምዝነበሩ ሓላፊ ዘፈር ሰላምን ፀጥታን ከተማ መቐለ ተጋዳላይ ረዳሀይ ፍስሃ ይገልፅ።

ኣብ ከምዚ ዝበለ ህዝቢ ናብ ናዕብን ዕግርግርን ክሰግር ዘግብር ስራሕ ኣብ ዝተበፅሐሉ እዋን፤ ኣካላት ፀጥታ ነቲ ኩነታት ብዕምቆት ፈቲሾም ኣብ ዝሓፀረ ጊዜ ተመዓራርዮም ተግባራዊ ለውጢ ንምምፃእ ቀትርን ለይትን ይንቀሳቐሱ ኣለዉ። ከምቲ ዝፍለጥ ኣብ ትግራይ ብዘጋጠመ ፅንተታዊ ኩናት ቁጠባዊ፣ ማሕበራውን ፖለቲካውን ኩነታት ትግራይ ስለዝተሓመሰ ፀረ ህዝቢ ዝኾኑ ኣካላት ምዕሩይ ኩነታት ፈጢሩሎም ህዝቢ ክሕምሱ ፀኒሖም እዮም። እዚ ናብ ምሉእ ዕግርግር ከይሰግር ኣካላት ፀጥታ (ሰራዊት፣ ፖሊስን ምልሻን) ብዝለዓለ እንተተረባረቡ ግን እቲ ኩነታት ካብ ቁፅሮም ንላዕሊ እናኾነ ከይዱ። ስለዚ “እንታይ ንግበር?” ናብ ዝብል ዘተ ተኣትዩ። ካብ መፅናዕቲ ዝብገስ መፍትሒ ሓሳብ ብምቕማጥ ነቲ መፍትሒ ሓሳብ ናብ ግብራዊ ሓይሊ ዝቕይር ትልሚ ብምድላው ተንቀሳቒሶም። ብመሰረት እቲ ዝተገበረ መፅናዕቲ ናብ 35 ዝኾኑ ገበን ዝፍፀመሎም ቦታታትን ናይ ስግኣት ቀጠናታትን ብምንፃር ስራሕ ተጀሚሩ። ከምኡ እውን ገበን ዝጥጀእሎም እንዳጫት፣ ሽሻ፣ ጣሻታት፣ ዘይተመልኡ ህንፃታት፣ ቤት መደቀሲታትን መዘናግዒታትን ተነፂሮም። ካብዚ ሓሊፉ ብገበን ዝጥርጠሩ ብውልቀን ብጉጅለን ዝንቀሳቐሱ ሰባት ከምዝተፈለዩ ተጋዳላይ ረዳሀይ የረድእ።

ካብቲ ዝርዝር መፅናዕቲ ዝብገስ 150 ዝኾኑ ዝተወደቡ ብተሽከርከርቲ ዝተሓዝ ጭውያ፣ ክትራን፣ ምንጠላ ናውቲ ዘካይዱ ዝነበሩ ሰባት ኣብ ትሕቲ ቁፅፅር ሕጊ ውዒሎም እዮም። እዚ ጉዳይ ብዓሚዩቕ መፅናዕቲ እናተደገፈ ገና ይቕፅል ከምዘሎ ተጋዳላይ ረዳሀይ ይገልፅ። ነዞም ኣካላት ሕድሕድ ምንቅስቓሶም ተፀኒዑ ስለዝነበረ ሕብረተሰብ ብምስታፍ ኣብ ኢዶም ዝነበሩ በላሕቲ ነገራት፣ ካራሩን ገጀራን፣ ዘይሕጋዊ ዕጥቂ፣ ፈፂሞም ክተሓዙ ዘይሕሰቡ በላሕቲ ነገራት ክሕደጉ ተገይሩ ኣሎ። እቶም ኣብ ተግባራት ገበን ዝተሳተፉ ኣካላት ኣብ ትሕቲ ሕጊ ብምውዓሎም ስግኣትን ፍርሕን ከተማ መቐለ እናቕነሰ መፂኡ። ናይዚ ውፅኢት ድማ በዓለ ኣሸንዳ ብድሙቕ መንገዲ ዝበዓለሉ ምዕሩይ ኩነታት ተፈጢሩ።

እቶም ኣብ ሕብረተሰብ ዝነበሩ ስግኣታት መሊኦም ንክቕንጠጡ ክሳብ ቀጠና ወሪዱ ህዝባዊ መድረኻት ተኻይዶም እዮም። ተሳተፍቲ እቶም መድረኻት ድማ “ኣብ ውሽጢ መሓውር ፀጥታ ዘይፀረየ ነገር ኣሎ፤ ውሽጥኹም ፈትሹ” እናበሉ ሓሳቦም ብግልፂ ኣቕሪቦም እዮም። ከምኣካላት ፀጥታ ድማ ካብቶም ብህዝቢ ዝተልዓሉ ሓሳባት ብምብጋስ ካብ ላዕሊ ክሳብ ታሕቲ ዘሎ መሓውር ምስተጠርጠርቲ ናይ ጥቕሚ ምትእስሳር ዘለዎ ኣካል ሕጋዊ ስጉምቲ ንክውሰድ ምፅራይ ከምዝተጀመረ ነቲ ህዝቢ ብምግላፅ እቶም መድረኻት ቀፂሎም እዮም። ነቶም ፀገማት ይኹን ዝተመዝገቡ ምዕቡል ጐንታት ኣካላት ፀጥታ ብሚድያ ንህዝቢ ክግለፅ ከምትካል ምውሳኑ ተጋዳላይ ረዳሀይ። እዚ እውን እወንታኡ ይኹን ክፍተቱ ኩሉ ብሚድያ እናቃላዕኻን ተመኩሮ ክኾን ዝኽእል እናጋዋሕኻን ክኽየድ ተወሲኑ ኣሎ። ምኽንያቱ ኣብ ሓደ ትካል እቲ ሓደ እናሃነፀ እቲ ካሊእ እናፍረሰ ሓቢሮም ክኸዱ ስለዘይኽእሉ፤ ብሚድያ ኣቢሉ ህዝቢ ንክፈልጦን ኣብ ጎድኑ ንክስለፍ ንምግባር ከምዝተወሰነ ተጋዳላይ ረዳሀይ ይገልፅ።

ኣብቶም መድረኻት ካሊእ ዝተልዓለ ዓብዩ ውራይ ኣካላት ፍተሒ (መርማሪ፣ ዓቃቢ ሕግን ዳይናን) ዝምልከት እዩ። ንሱ እውን ገበን ንዝፈፀሙ ኣካላት ተመጣጣኒ ስጉምቲ ኣብ ምሃብ ዘሎ ልግሚ ዘድሃበ ነይሩ። ከምዝፍለጥ ከበድቲ ገበናት ዝፈፀሙ ሰባት ህዝብን ኣካላት ፀጥታን ኢድ ብኢድ ሒዞምዎም እንትኾዱ፤ ብናይ ፈላማይ ቆፀሮ ብዋሕስ ከምዝሰድዎም ብዝርዝር ቀሪቡ እዩ። ቅድም ኢሉ ኣካላት ፍትሒ ንእሽተይ ፍንጪ ረኺቦም ኣፃርዮም ፍትሒ ዘረጋግፁ ዝነበሩ፤ ሕዚ ንርኡይ ገበን ሸለል ምባል ከምዘሎን ዘምህር ቅፅዓት ከምዘይወሃብን እቲ ህዝቢ ገምጊሙ እዩ። እቲ ርኢቶ ህዝቢ፤ ገምጋም ኣካላት ፀጥታ እውን ስለዝኾነ ምትዕርራይ ንክግበር ካብ ክልል ክሳብ ታሕቲ ዝወርድ ምንቅስቓስ ተጀሚሩ ኣሎ።

እዞም ስራሕቲ ብምውጋዖም ድማ ስግኣትን ራዕድን ብምፍጣር ኣሸንዳ ከምትግራይ ንከይበዓል ዝተትሓዘ ትልሚ ፀላእቲ ፈሺሉ እዩ። እቲ ስግኣት ብምቕንጣጡ ካብ ደገ ኣጋይሽ መፂኡም ብሰላም ኣትዮም ብሰላም ተመሊሶም እዮም። እቲ ነባራይ ህዝብና እውን ብሰላም ወፂኡ ብሰላም ኣትዩ እዩ። እዚ ክኾን ዝኽእለ ኣካላት ፀጥታን ህዝብን ተናቢቦም ስለዝሰርሑ እዩ። ኣካላት ፀጥታን በቢከባቢኡ ዝርከቡ ገለ መናእሰይን በቢቀጠንኡ ንሓያል ቁርን ዝናብን ተፃዊሮም ለይቲ ምስቀትሪ ሰሪሖም ዘምፅእዎ ሰላም ከምዝኾነ ተጋዳላይ ረዳሀይ የረድእ። ሕድሕድ ሰብ ዋላ ቁርን ዝናብን እንተሓየለ፤ ካብ ዝተመደቡሉ ቀጠና ኣይለቐቕን። መናእሰይ ክፍለ ከተማ ሓድነት፣ ዓዲ ሓቂን ቀዳማይ ወያነን “ቀጠናና ማእኸል ሰላም እምበር ማእኸል ስግኣት ክትኸውን የብላን። ወለድናን ኣሕዋትናን ክሽቕረሩ ኣይግባእን” ኢሎም ምስ ኣካላት ፀጥታ ኮይኖም ዝሰርሕዎ ዝነኣድን ዝምስገንን ስራሕ ከምዝኾነ ነባሪ ክፍለ ከተማ ሓድነት ኣይተ ገብረሃንስ ሓጎስ ይገልፁ።

ጉዳይ ሰላም፤ ኣሸንዳ ምስሓለፈ እውን ሕድሕድ ምንቅስቓስን ዝመፀ ለውጥን ተገምጊሙ እዩ። ህዝቢ ኣብ ጐድንኻ ብምዕሳል ዝመፀት ውሕስቲ ሰላም ኣሸንዳ፤ ዘላቒት ንምግባር ንኣሸንዳ ተባሂሉ ዝወፀ ትልሚ ዳግም ተኽሊሱ ብምሓዝ ሓዱሽ ዓመት ብሰላም ክሓልፍ ክኢሉ እዩ። ስለዝኾነ ከምመስቀል፣ ጥምቀት፣ በዓላት እስላም ዝኣመሰሉ ዓበይቲ በዓላት ብሰላም ክሓልፉ ይኹን ሕድሕድ መዓልቲ ሰላም ዝሰፍነላ ንክትኸውን ትልሚ ተታሒዙ ይስራሕ ኣሎ። ህዝቢ ኣብ ጐድኑ እንተተሰሊፉ ውሕስ ሰላም ከምዝፍጠር እውን ኣብ ክፍለ ከተማ ሓወልቲ ከባቢ ዓዲ ሽምድሑን፣ ክፍለ ከተማ ሓድነት ከባቢ ዶ/ር ፍፁም ዓይኒ ሕክምና ብኣብነት እናቐረበ ተዘትይሉ እዩ። ኣብ ክፍለ ከተማ ሓወልቲ ኣብ ድሮ በዓል ኣሸንዳ ተሽከርከርቲ ሒዞም ንሓደ በዓል ሃፍቲ ክኸትሩ ዝፈተኑ ኣካላት፤ ብህዝቢ ተታሒዞም ኣብ ቁፅፅር ሕጊ ውዕሎም እዮም። ኣብ ከባቢ ዶ/ር ፍፁም ዓይኒ ሕክምና እውን ባጃጅ ሒዞም ቦርሳ ጓል ኣንስተይቲ መንጢሎም ክሃድሙ ዝፈተኑ ሊያቡ ብህዝቢ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከምዝወዓሉ ተጋዳላይ ረዳሀይ የረድእ።

ኣብዚ ሕዚ እዋን እቲ ተፈጢሩ ዘሎ ውሕስ ሰላም ዘላቒ ንክኸውን፤ ካብ ክልል ክሳብ ቀጠና ዘሰጣጥም መደብ ተታሒዙ ይስራሕ ኣሎ። ድሕሪ ደጊም ከምቲ ህዝቢ “ትሕዝ ስድድ ኣይተብልዎ። ዝኾነ በዓል እንትህሉ ትጓየዩ፤ ድሕሪ በዓል ግን ትጠፍኡ” እናበለ ኣብቶም ዝተኻየዱ መድረኻት ዝገለፆ ኣይኸውንን። ልዕሊ ሰላምን ፀጥታን ዝምደብ ዋኒን ስለዘየለ ፖለቲካዊ ኩነታት ትግራይ እውን ይዕሪ ስለዘሎ ጉዳይ ሰላምን ፀጥታን ብዕቱብ ክስርሐሉ እዩ። እዚ እውን ጉዳይ ሰላም ህዝቢ ከውንኖን እቲ ኣብ ገለ ከባቢታት ተጀሚሩ ዘሎ ምንቅስቓስ መናእሰይ ምጥንኻር እዩ። ኣብተን መናእሰይ ተወዲቦም ከባቢኦም ዝሕልውሰን ከባቢታት፤ ካብ ካሊእን ካብ ውሽጥን ዝመፁ ዝነበሩ ገበነኛታት ብምቁራፆም ዘተኣማምን ሰላም እናተፈጠረ እዩ። እዚ ናብ ካልኦት ከባቢታት ንክስፋሕፋሕ ኣጠናኺርካ ከምዝስርሐሉ እቲ ሓላፊ ይገልፅ።

እቲ ካሊእ ንክስርሐሉ ዝተትሓዘ ትልሚ ጉጅለታት ልምዓት ደቂ ኣንስትዮ ናብ ስርሐን ምምላስ እዩ። ከምዝፍለጥ ዋዕሮታት ደቂ ኣንስትዮ ኣብቲ እዋን መኸተ ደቀንን ዓርሰንን ናብ ግምባር ካብ ምውፋር ሓሊፈን፤ ሓዊ እናነደዳ ሎጂስቲክ ሰራዊት ዝተሸከማ እየን። ሰራዊትና ከይጠምን ከይዓርቕን ብዝኸፈለኦ ከቢድ መስዋእቲ መኸተና ናብ ፍረ ክበፅሕ ክኢሉ እዩ። ብዘይናይ ደቂ ኣንስትዮ ሓገዝን ምንቅስቓሰን መኸተና ስድሪ እውን ኣይምኸደን። እንተኾነ ግን ነቲ መኸተ ከፅንቅፉ ዝፀንሑ ንክብረን ዘይምጥኑ ዘይረብሑ ኣካላት ስለዝፀረፍወንን ዘናሸውወንን ምንቅስቓስን ተዘሓሊሉ ፀኒሑ እዩ። ብምዝሕሓሉ ንሰን “ቀጥ” ኣቢለን ሒዘናኦ ዝነበራ ጉዳይ ፀጥታ፤ ናብ ሓደጋ ኣትዩ። ስለዚ እቲ ዝተፈጠረ ፀገም ፀጥታ እዘን ጀጋኑ ተሰኩነን ዝሰርሓኦ ዝነበራ ስለዝተዘሓሓለ እዩ። ብምኺኑ ከምመንግስቲ ጉጅለታት ልምዓት ደቂ ኣንስትዮ ናብ ስሩዕ ሓገዝ ዝምለሳ ሰላምን ፀጥታን ንከውሕሳ ጥራሕ ዘይኮነስ፤ ተጠቃምነተን ንምርግጋፅ እውን ጥምረት ደቂ ኣንስትዮ ብፍሉይ ክንቀሳቐስ ክግበር እዩ። መናእሰይ እውን ሰላም ከባቢኦም እናውሓሱ ተጠቃምነቶም ብዘረጋግፅ መንገዲ ክስራሕ መደብ ተትሒዙ ኣሎ። ጉዳይ ሰላምን ፀጥታን ኣብ ደቂ ኣንስትዮን መናእሰይን ጥራሕ ዝድርበ ዘይኮነስ ኩሉ ክፋል ሕብረተሰብ እዩ ክዓስለሉ ዘለዎ። ንኣብነት መራሕቲ ሃይማኖት ጀሚሮምዎ ዘለዉ ኣስተምህሮ ክቕፅል ኣለዎ። ዓበይቲ ዓዲ እውን ዝተረጋገኦ ሰላም ረኺቦም ብሰላም ወፂኦም ብሰላም ክኣትዉ ኣብ ጉዳይ ፀጥታ ክነጥፉ ኣለዎም። እቲ ካሊእ ክስመረሉ ዘለዎ ዓብዩ ጉዳይ ሓንቲ ዓዲ ውሑስ ሰላም እንተዘይሃልይዋ ኢንቨስትመንት ኣይህሉን። ስለዝኾነ ሰብ ሃፍትን ምሁራትን ከምኡ እውን ነባር ዓቕሚ እውን በቢቀጠናኦም ዘሎ ኣካል ፀጥታ ክጠናኸሩ ይግበኦም።

ተጋዳላይ ረዳሀይ ፍስሃ ሓላፊ ዘፈር ሰላምን ፀጥታን ከተማ መቐለ

ክብርታት ህወሓት ብናይ ወለዶታት ቅብብል እናተኾለዐ ክነብር እዩ!!

እንግዶት

“ትኪ ዓፈንካ መውፅኢ እንተኣስኢንካዮ ብኻልእ ምውፅኡ ኣይተርፍን።”

“ብቐፃሊ ምፍርራሕ ንዝፈረምሉን ዝፈረምናሉን ውዕል ኣይንገድፍን፤...”

ብጥበብ መሪሕነቱ፣ ብፃያዊ ሓልዮቱ፣ ፅንዓቱን ጅግንነቱን ንዓወት ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ወሳናይ ብፅሒት ነይርዎም ካብ ዝበሃሉ ጀጋኑ ብቐድሚት ዝፅራሕ ብርጋዴር ጀነራል ሃለስላሴ ግርማይ (ወዲ እምበይተይ) ሓደ እዩ። ድሕሪ ዓወት እውን ካብ መስርዕ ህዝባዊ ቃልሲ ፈተኽ ኣይበለን። ኣብ 2013 ዓ/ም ኮናት ፅንተት ብዕሊ ምስ ተጀመረ ኣብ ግምባር ምብራቕ ኣርሚ ሰለስተ ምስ ብዖቱ መስሪቱ። ድሕሪ እቶም ፅንኩራት ግጥማት ደባይ ውግኣት ድማ ካብ ወፍሪ ኣሉላ ክሳብ ሰሜን ሽዋ ኣብ ዝነበረ መኸተ ማእኸላይ ግምባር ኣተሓባቢሩ። ኣብ ከባቢታት ፀሊምይን ፀለምትን ኣብ ዝነበረ ውግእ ድማ ሓደ ክፋል ግምባር ምዕራብ ብተመሳሳሊ ሓላፍነት ተመዲቡ ፅንኩራት ዓውደ ውግኣት ብቐረባ ዝመርሐ፣ ኣብ ምምካት ልፍንታውያን ፀላእቲ ቅድመ ግንባር ወፊሩ መስተንክራዊ ዓወታት ዘመዝገበን ጅግና ሰለስተ ምዕራፋት ቃልሲ እዩ። ነዚ ክምዚ ዝኣመሰለ ፅኑዕ ተጋዳላይ ጋሻ ዓምዲ እንግዶት ገይርና ሓሪናዮ ኣለና። “ብፀላእቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝኸፈቱ ተደጋገምትን ከበድትን ወራራት ንምንታይ ኣጋጢሞም? እቶም ዛጊድ ዝገጠምዎ ወራራትን ንዕኦም ንምምካት እናኸፈሎ ዝመፀ መስዋእትን ከ ኸመይ ትገልዖ?” ዝብሉ ሕቶታት መዚ ዝና ኣቕሪብናዮ ኣለና። ሰናይ ንባብ።

ወይን፡- *ግርም! ህዝቢ ትግራይ ኣብ መዋእሉ ዝተፈላለዩ ከበድቲ ፈተናታትን ወራራትን እናጋጠምዎ መሊኦም እዮም። እዚ ህዝቢ እዚ ንምንታይ እዩ ከምዚ ዓይነት ፈተናታት ብተደጋጋሚ ዘጋጥም? ዕላማታት እቶም ዛጊድ ዝገጠምዎ ወራራትን ንዕኦም ንምምካት እናኸፈሎ ዝመፀ መስዋእትን ከ ከመይ ትገልዖ?*

ብ/ጀነራል ሃይለስላሴ፡- ህዝቢ ትግራይ እናጋጠምዎ ዝመፁ ሐዚ እውን ዘለው ፈተናታት ኣብ ክልተ ከፊልካ ክረአ ይኽእል እዩ። እቲ ሓደ ካብ ዝተፈላለዩ ሓይልታት ደገ ንበይኑ ዓርሱ ክኢሉ ዝመፅእ ዝነበረ ተኸታታሊ መጥቃዕቲ እዩ። እቲ ካልኣይ ድማ ካብ ውሽጢ ዓዲ ኮይኑ ነንባዕልኻ ዝግበር ዝነበረ ውሽጣዊ ጎንፅታት እዮም። እቶም ካብ ደገ ሓይልታት ዝበፅሕዎ ዝነበሩ ወራራትን መጥቃዕትታትን ገሊኦም ምስ ሓይልታት ውሽጢ ዓዲ ብምትሕብባር ዝተፈፀሙ እዮም። እቶም ካብ ደገ ዝመፁ ዝነበሩ ዓበይቲ መጥቃዕትታትን ፈተናታትን ድማ ንኢትዮጵያ ተቐፃፊርካ ኣብ ትሕቲ ባዕዳዊ መግዛኣቲ ብምእታው፣ ሃፍቲ ተፈጥሮ ኢትዮጵያ ንምምዝማዝ ዝግበሩ ዝነበሩ ወራራት እዮም። ካብዚ ብምብጋስ ንምስፍሕፋሕ ባዕዳዊ መግዛኣቲ ዓሊሞም ብኤርትራ ዝመፁ ዝነበሩ ወራራት ብጂኦግራፊያዊ ኣቀማምጣ ንበሪ ባሕሪ ቀረባ ኣብ ዝኾነት ትግራይ እዮም ዝካየዱ ነይሮም። ባዕዳውያን ገዛእቲ ዝነበሩ ሃገራት ግብፂ፣ ጣልያን፣ ቱርኪ፣ ማህዲስትን ኢትዮጵያ ብምቁፅፃር ሃፍቲ ተፈጥሮ ንምምዝማዝ፣ ርካሽ ናይ ሰብ ጉልበት ንምርካብን ዘካየድዎም ዝተፈላለዩ ተኸታተልቲ፣ ዓበይትን ሰፋሕትን ወራራት ኣብ በሪ ትግራይ እዮም ተመኪቶም። ብኻልኣይ ደረጃ ድማ መሬት ትግራይ ዝሑል ኣየር፣ ደጉዓን ወይና ደጉዓን ዝዓይነቱ ምቸው ኩነታት ኣየር ስለዘለዋን ኣቀማምጣ ገፀ መሬታ ባዕሉ እውን ንምንቅስቓስ ዓውደ ውግኣት ምቸው ተገይሩ ስለዝውሰድን ናብ ኢትዮጵያ ንምእታው ዝገብርዎ ውግኣት ነዚ ከባቢ ይመርፅዎ ነይሮም። ብምኽንያት እዚ ኣብዚ በሪ ዝተቐመጠ ህዝቢ ትግራይ ድማ ንኢትዮጵያዊነቱ ኣሕሊፉ ንዘይምሃብ “ክሳብ ዘርክቡለይ” ከይበለ ኩሎም ዓይነት በሰላታትን መስዋእትን ኮናት ኣብ ዝባኑ ይዓርፉ ነይሮም። ብዝነበሮ ፅንዓት ድማ ነቶም መጥቃዕትታት እናመከተ ፅኑዕ ሓውር ኢትዮጵያ ኮይኑ ቀፂሉ እዩ።

እቶም ፀላእቲ ንምንታይ ከ እዮም ብተደጋጋሚ ወሪሮምና? እንተኢልና ድማ ድሕሪ ስልጣነ ዘመነ ኣኽሱም ዓቕምታት ትግራይን ኢትዮጵያን ብቴክኖሎጅን ሃፍትን ኣዐርዩ እዩ ተዳኺሙ ነይሩ። ብኣንፃሩ ባዕዳውያን ገዛእቲ ልዕልነት ሃፍቲ፣ ቴክኖሎጂ ስለዝነበሮም ብሰማይን ምድርን ዘመናዊ ቴክኖሎጂ ተጠቒሞም ናይ ምውጋእ ብቕዓትን ተኽእሎን ኣማዕቢሎም። ብቕጠባ መዳይ እውን ነቲ ንሳቶም ዘካይድዎ ዝነበሩ ተኸታታሊ ኮናት ዝፃወር ኢኮኖሚያዊ ዓቕሚ ወኒኖም። ብኣንፃሩ ህዝቢ ትግራይ ካብ ዝነበሮ ትሑት ቁጠባዊ ዓቕሚ ብተወሳኺ ብጉራዴ፣ ጭማራ ብጓንዴ፣ ብሰውሴ፣ ብወጅግራን ኣቢሉ ንዘይነበሮ ጥይትን ብረትን ብመስዋእቱ ካብ ፀላእቱ እናማረኸ እዩ ገጢሙ። ዘተኣማምን ቀለብ፣ ሰራዊት፣ ዕጥቅን ቴክኖሎጂን ኣብዘይብሉ ኩነታት ነታ ሓንቲ ዝነበረቶ ብሕታዊት “ዓደይ ኣየድፍርን” እትብል ሃገራዊ ስምዒት ሒዙ እዩ ተዋጊኡ። እታ ሕብረቱን “ዓደይ ኣሕሊፈ ኣይህብን” እትብል ጅግንነቱን ፅንዓቱን “ኣይንበርከኽን!” በሃላይነቱን ዓትዒቱ ብምሓዝ ነቲ በዓል ዘመናዊ ኣፅዋር፣ ቴክኖሎጂ፣ ሎጂስቲክስን ስልጡን ወታደርን እናመከተ መሊኡ። ህዝቢ ትግራይ ዘራይን ሓጋዝን ኣብ ዘይነበሮ ውሽጣዊ ሓድነቱ ከም ሓይሊ ቴክኖሎጅኡ፣ መዳፍዑ፣ ነፈርቱን ሎጅስቲክስን ገይሩ እዩ ወራራት መኪቱ። እዚ ታሪኽ ጅግንነት፣ ፍትሓዊ ቃልሲ ዘካይድ ማሕበረሰብ ንልዕልና ቴክኖሎጅን ስልጣነ ዘመን ዝወለዶም ኣፅዋርን ዘንዕቕን ዝስዕርን ምኺኑ እዩ ዘምህር።

ይኹን እምበር ዘተኣማምን ድጋፍ ሎጅስቲክስ፣ ቴክኖሎጂ ይኹን ተዛመድቲ ሓገዛት ብዘይምንባሩ ክሳራታቱ እናዝዘፈ እዩ መሊኡ። ኢኮኖሚያዊ፣ ሰብኣውን ንዋታውን ክሳራታቱ ንኽዓቢ ንእሽተይ እንትስስን በብእዋኑ እናጎደለ ብዘይወሰኽ ዳርጋ ኣብ ዘለዎ ንክኸይድ እናተገደደ እዩ መሊኡ። ብኻልእ ገፅ ሽርሒታት ገዛእቲ ደርቢ፣ ሽርክና ገዛእቲ ውሽጢ ዓዲ፣ እናተወሰኾ ነቲ ዝነበረ ወራራትን ውግኣትን ሓይልታት ደገ ዝተሓላለኽን መድቀቓይን ክኸውን ገይርዎ እዩ። ንኣብነት ንበዓል ሃፀይ ሚኒሊክ ብሱዳን ዝመፅእ ወራሪ ሓይሊ ንምምካት ክሕግዙ ፃውዒት እናተገበረሎም ምስ ጣልያን ብዓሰብ ተደራዲሮም ብዝፈጠርዎ ሽርሒ ዓቕሚ ተጋሩ ኣብቲ ውግእ ክዓርፍ፣ ብድሕሪኡ ተጋሩ በይንትና ክንደቅቕን ክንውቃዕን ምኽንያት ኮይኑ እዩ። ስለዚ ትግራይ ነቲ ተደጋጋሚ ኮናትን ወራርን ብኽምዚ ዓይነት መስዋእቲ ልኣላውነታ ኣኽቢራ ክብሪ ኢትዮጵያ ሓልያ ዝፀንሐት ብምኺና ዝተዳኸመት ዓዲ ክትከውን ክኢላ። ካብዚ ብተወሳኺ ካብ ደገ ዝመፁ ዝነበሩ ወራራትን መጥቃዕትታትን ባዕዳዊ ገዛእቲ ምስ መኸኑ እዉን መሳፍንቲ “ብኣነ ክገዝእ ኣነ ክገዝእ” ሓያልነቶም ንምርግጋፅ ዝተኻየዱ ተኸታተልቲ ውግኣት ሕድሕድ እውን ኣብ ትግራይ እዮም ዝዓርፉ ነይሮም። ሳዕቤንን ክሳራን ባዕዳዊ ገዛእቲ ትግራይ መሊእኻ ኣድቂቕካ፣ ግዝኣት ኣሰፋሕፊሕኻ ንምሓዝ ዝነበረ ውግእ ሕድሕድ መሳፍንቲ ተደራብዎ ነታ ኣብ ዘመነ ኣኽሱም ዝሰልጠነት ትበሃል ዝነበረት ትግራይ ናብ ዝኸፍአ ውድቀት ንኽተምርሕ ካልእ ምኽንያት ኮይኑ።

ተጋዳላይ ብርጋዴር ጀነራል ሃይለስላሴ ግርማይ (ወዲ እምበይተይ)

ድሕሪ ሞት ሃፀይ ዮውሃንስ ድማ ምሉእ ንምሉእ ዓቕሚ ህዝቢ ትግራይ ሑቕኡ ተሰይሩ። ድሕሪ ናብዚ ከምዚ ዝበለ መግዛኣቲ ምእታዉ ንነዐዐ ዓመታት ዝኣከል ቋንቋኡ፣ ባህሉ፣ ታሪኹ፣ ስነ ልቦንኡ፣ ቁጠባኡ፣ ማሕበራዊ ክብርታቱ ኩሉ ተወቒዑ። እዚ ኩሉ ሓሳረ መከራ ኮናትን መግዛእትን፣ ጨፍጫፍን ግፍዕን ዝበፅሖ ህዝቢ ትግራይ ልቦንኡ ዋላ እንተይደቀሰ ብዝተወደበን ብዘይተወደበን መንገዲ ህዝባዊ ዓመፃት ዋላ እንተልዓለ መሊሶም ነቲ ክፉእ መጥቃዕቲ የዕሙቕዎ። ህዝቢ ትግራይ ፍትሓዊ ሕቶታት እንተልዕል እንተሎ ድማ “እዚ ዘርኢ እዚ እንተፀጊቡ ኣይግዛእን” ኢሎም ምኽንያታት ፈጢሮም ብዝተጠናኸረ ኣገባብ ናብ ድኪት ዘእቱ ፖሊሲ እናተኸተሉ ንተጋሩ ፀልማት ዝኾነት ትግራይ ፈጢሮም። ህዝቢ ትግራይ ከይመሃር፣ ከይመራመር፣ ከይስልጥን ኣደንቀኮርካ ናይ ምግዛእ፣ ተሓኪሙ ጥዕና ረኺቡ ጥዕና ዘለዎ ማሕበረሰብ ከይኸውን ብሕማም ማሲኑ ዝፀንተሉ ፖሊሲ ተግባራዊ ገይሮም። ስለዚ ኣንፃሮም ከይለዓል ብዝተጠቕምሉ ናይ ምድቃቕ ፖሊሲ ቁጠባዊ ዓቕሙ ተመናሚኑ፤ ድኪቱ ርእዩ እናሃለወ እውን ክኣምንዎ ኣይከኣሉን።

ንጉስ ሚኒሊክ ምስ ሓይልታት ደገ እናተመሻጠሩ ህዝቢ ትግራይ ክጠፍእ፣ ኣብ ዝተኣጎዱ ዓውደ ውግኣት ብዘይደጋፊ ክፀንትን እንተፀጊቡ ኣይግዛእን ኢሎም ክደቅቕን ዝገበርዎ እንትኸውን ሃፀይ ሃይለስላሴ መሊኦም እውን ተመሳሳሊ ተግባር እዮም ፈፂሞም። ይኹንእምበር ህዝቢ ትግራይ ነዚ ተደጋጋሚ ወፅዓታት እዚ እንግድዖኡ ምፅዋር ምስኣበዮ ብጅግና ኣቦና ብላታ ሃይለማርያም ዝምራሕ “ገረብና ንሓሉ፤ በላዒ እንዳ’ማቱ ነጥፍእ” ኢሎም ነቶም ግፍዕታት ዝገልፁ ጭርሖታት ብምሓዝ ብዝተወደበ መንገዲ ተቓሊሶም። ድሓር እውን ሃፀይ ሃይለስላሴ ነቲ ዝተልዓለ ዓመፅ ሓረስቶት ቀዳማይ ወያነ ምሽካም ምስ ኣብዮም ነቲ ሓረስታይ ብሓገዝ ነፈርቲ እንግሊዝ ጨፍጪፎምዎ። ነቲ ቓልሲ ምስበተንዎ ድማ ንህዝቢ ትግራይ “ኣስራት ግብሪ” ዳዕኒኖም ከየብቅዑ ኮሪደራት ልምዓት ካብ ዝበሃላ ደቡብን ምዕራብን ትግራይ መሬት ቆሪሶም ንወሎን ቤጌ ምድርን (በቲ ሽዑ ዝነበረ ኣወዳድባ) ብምምቃል ነታ መቐመጢቱ እውን እናፅበብዋ ከይዶም። ብኽምዙይን ብተዛማዲ ፖሊሲን ነቲ ንኢትዮጵያ ኣብነት ዝኾነ ስልጡን ህዝቢ ትግራይ ዘመነ ስልጣነኡ ቀንጢጦም፣ ታሪኹ፣ ባህሉ፣ ስነ ልቦናኡ ከውቃዕ ድሙቕ ታሪኹ ኣብ ናቶም ዘመን ከምዝተፈፀመ ከፀሓፍ ካብ ምግባሮም ብተወሳኺ ንባዕሉ “ከፍጠር ዘይነበሮ ዘርኢ” ገይሩ ክሓስብ ዓሊሞም ጨቀኑምዎ።

ቀፂሉ ደርጊ ከምስርዓት ምስመፀ እውን እንተኾነ መቐፀልታ እቶም ሕሉፋት ጨቆንቲ ስርዓታት ዘጠናኽር ኣንፃር ህዝቢ ትግራይ ዝኾነ ፖሊሲ እዩ ነይርዎ። ፀገማት እቲ ጨቋኒ ስርዓት ተፀሚምካ ምቕፃል ኣብ ዘይከኣለሉ ብርኪ ምስበፅሐ ድማ ንቓልሲ ፍፁም ወድዓዊ ኩነታት ስለዝተማልአ ኣብ 1967 ዓ/ም ብ”ማገብት” ህዝባዊ ብረታዊ ቃልሲ ተወሊዱ። እቲ ቃልሲ ቁልፊ ማሕበራዊ፣ ቁጠባዊ፣ መሰረተ ልምዓት፣ ፍትሕን ማዕርነትን፣ ዴሞክራስን ሕቶታት ህዝቢ ካብ ምሓዙ ብተወሳኺ ነተን ወፅዓ ዝረኣያለን ሕቶታት ከም መቃለሲ ዕላማታት ነፂሩ፤ ፕሮግራም እውን ሓንፂው እዩ ተበጊሱ። ህዝቢ ትግራይ ኣብታ ሓቢሩ ዝመስረታ ኢትዮጵያ እትበሃል ዓዲ ኩሎም ህዝብታት ማዕረ ተጠቀምቲ ክኾኑን ኣብ ማዕርነትን ዴሞክራስን ዝተመስረተ ሓድነት ክህሉን ፅኑዕ ቃልሲ ኣብ ዝጀመረሉ ግዜ ነቲ ህዝቢ ኣጥፊእኻ ነቲ ቃልሲ እውን ንምብርዓን ደርግ እውን ኩሉ ዓቕሙ እዩ ኣረባሪቡ።

ይኹን ‘ምበር ህዝቢ ትግራይ ነዚ ከምዚ ዝበለ እኩይ ዕላማ መኪቱ ዕላማታት ቃልሱ ኣዐዊቱ እዩ። ኣብ መወዳእታ እውን ኩለን እቲ ቓልሲ ሒዙወን ዝተልዓለ ጭርሖታትን ዕላማታትን ኣካል ሕገ መንግስቲ ኮይነን ክሰፍራ ኣኽኢሉ። ከምውፅኢቱ

ናብ ገፅ 5 ይዘውር

ኩሎም ዓቕምታትና ንምርግጋፅ ግዝኣታዊ ሓድነትናን ህላወናን!!

ግምባር ጥዕና

ብምትሕብባር ምስንዳእ ጋዜጣ ወይንን
ቢሮ ጥዕና ትግራይን ዝዳሎ መደብ

ጉራምራ ከይዲ መድሕን ጥዕና

ቅድሚ ቅሉዕ ጀኖሳይዳዊ ኩናት ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ምፍፃሙ፣ ቢሮ ጥዕና ትግራይ ኣብ ምርግጋፅ ጥዕና ሕብረተሰብ ማእኸል ብምግባር ዝተፈላለዩ ስራሕቲ እናሰርሐ መሊኡ እዩ። ብፍላይ ጥዕና ሕብረተሰብ ንምሕላውን መፍረያይ ዜጋ ንምፍጣርን ዕላማ ገይሩ ብዝተቐረፀ ስርዓት ጥዕና ኩለመዳይን ዓበይትን ለውጥታት ተመዝኒቦም እዮም። ተበፃሕነትን ተጠቃምነትን ግልጋሎት ጥዕና ንምርግጋፅ ድማ ትካላት ጥዕና ኣብ ምህናፅን ምስፍሕፋሕን ልውል ትኹረት ተገይሩ ይስራሕ ነይሩ። ንምስፍሕፋሕ ትካላት ጥዕና ስዒቡ ድማ ዜጋታት ንመጓዓዝያን ካልኦት ተወሰኽቲ ወፃእታትን እንተየውፅኡ ኣብ ከባቢኦም ግልጋሎት ዝረኽብሉ ዕድል ተፈጢሩ ምፅንሑ ዝፍለጥ እዩ።

ስርዓት ጥዕና ትግራይ ኣሳኺዕዎም ካብ ዝነበሩ እቲ ሓደ ዓቕሚ መኽፈሊ ዘይብሎም ዜጋታት ግቡእ ግልጋሎት ሕክምና ዝረኽብሉ ዕድል ንምፍጣር ማሕበረሰብ መሰረት ዝገበረ ፖሊሲ ፕሮግራም መድሕን ጥዕና ምትግባሩ እዩ። ነቲ ፕሮግራም ዘተግብር ደንብን መምርሕን ብምድላው፣ ከምኡ እውን ናይ ባዕሉ ቤት ምኽሪን ቦርድን ብምጥያሽ ክተኣታቶ ተገይሩ። ማሕበረሰብ መሰረት ዝገበረ መድሕን ጥዕና ካብ ወርሓዊ መሃያ ተኽፋሊ ወፃኢ ዘሎ ክፋል ሕብረተሰብ ዝሓቁፍን ኣባል ዝገብርን እዩ። እዚ ድማ ሓደ ኣባል ኣቐዲሙ በቢዓመቱ ብዝኽፍሎ ዝተሓተ መዋጮ ናይ ጥዕና ፀገም እንተጋጥሞ ካብ ዘይተሓሰበ ሃንደበታዊ ወፃኢታት ሕክምና ዝድሕነሉ ሜላ እዩ። ስለዝኾነ እውን እዚ ክፍሊት ግልጋሎት ሕክምና ንምርካብ ንብረትን ጥሪትን ካብ ምሻጥ፣ ልቓሕ ካብ ምሕታትን ገፅ-ሰብ ካብ ምርኣይን የድሕን። ከምኡ እውን ብትሑት መዋጮ ልውል ወፃኢታት ሕክምና ዝደልዩ ወገናት ብምሕጋዝ ግልጋሎት ጥዕና ናይ ምርካብ ውሕስና የረጋግፅ። ክፍሊት “መዋጮ” ኣባልነት መድሕን ጥዕና ኩሉ ኣባል ብመጠን እቶቱ ኽፊሉ ንዘጋጠሞ ሕማም ግና ምሉእ ግልጋሎት ሕክምና ክረኽብ ዘኽእል ምኗኑ ዳይሬክተር ዳይሬክቶሬት ማሕበረሰብ መሰረት ዝገበረ መድሕን ጥዕና ኣይተ በላይ ዓሊ ይገልፁ።

ብመሰረት እዚ ስርዓት መድሕን ጥዕና ኣብ 2001 ዓ/ም ኣብ ሰለስተ ወረዳታት ትግራይ (ክልተ ኣውላዕሎ፣ ኣሕፈሮምን ታሕታይ ኣድያቦን) ዝተጀመረ እንትኸውን ናይዚ ውፅኢት ተራእዩ ኣብ 2007 ዓ/ም ካልኦት 15 ወረዳታት ብምውሳኽ ናብ 18 ወረዳታት ክሰፍሕ ተገይሩ። ኣብ 2009 ዓ/ም ድማ እተን ተሪፈን ዝነበራ 16 ወረዳታትን ክልተ ከተማን ብምውሳኽ ብድምር ናብ 36 ወረዳታትን ከተማታትን ትግራይ ብምግፋሕ ኣብ ፅቡቕ ምንቅስቓስን ውፅኢትን ፀኒሑ። ኣብቲ ምንቅስቓስ ኣብ ሕድሕድ ወረዳ ኣባል ክኸውን (ኣብ መድሕን ጥዕና ክሕቆፍ) ካብ ዝግብኦ ካብ 52 ሚኢታዊ ክሳብ 59 ሚኢታዊ በቢ ዓመቱ ተፈፃሚ ይኸውን ነይሩ። ንኣብነት፣ ኣብ መወዳእታ 2012 ዓ/ም ኣብተን 36 ወረዳታትን ከተማታትን ትግራይ ማሕበረሰብ መሰረት ዝገበረ መድሕን ጥዕና ክሕቆፍ ካብ ዝግብኦ መራሒ ስድራ ብማእኸላይ 58 ሚኢታዊ በፂሑ ነይሩ። ብመሰረት እዚ ከም ኢትዮጵያ ኣብ ቅድሚት ዝስራዕን ብርክት ዝበለ ሕብረተሰብ ተጠቃሚ እናገበረ ዝመፀን ምኗኑ ምርዳእ ይከኣል።

ስለዚ እውን ካብተን ቀዲመን ስርዓት መድሕን ጥዕና ዝተኣታተዋ ወረዳታትን ከተማታትን ብዙሕ ተሞክሮ ተረኺቡ እዩ። ብዋናነት ኣብ ሕብረተሰብ “በዘን ውሑዳት ዓመታዊ መዋጮ ምሉእ ግልጋሎት ሕክምና ክንረክብ ዲና” ዝብል ስግኣት እኳ እንተነበሮ ብተግባር ግና 204 ብር ጥራሕ ከፊሉ ዓመት ምሉእ ምስ ምሉእ ስድርኡ ግልጋሎት ሕክምና ክረኽብ ክኢሉ እዩ። ብፍላይ ኣብ ትካላት

ኣይተ በላይ ዓሊ
ዳይሬክተር ዳይሬክቶሬት ማሕበረሰብ መድሕን ጥዕና ትግራይ

ጥዕና እንትኣቱ ቀዲሙ ዝግልገል ኣባል መድሕን ጥዕና ክኸውን ከምመስርሕ ብምትእትታዉ ካብ ምምልላስ ዘድሕን ምኗኑ ተገንዚቡ እዩ።፡ ካብዚ ብተወሳኺ ክሳብ ናብ ኣዲስ ኣበባ ብምልኣኽ ካብ 150,000 ክሳብ 180,000 ብር ወፃኢ ብምግባር ግልጋሎት ሕክምና ዝረኽቡ ወገናት ኣለዉ።

ኣብ 2013 ዓ/ም ድማ እዞም ተሞክሮታት ብምውዳብን ናብተን ዝተረፋ ከተማታት ብምስፋሕን ከም ትግራይ ምኢቲ ምኢታዊ ሽፋን መድሕን ጥዕና ማሕበረሰብ ንምትእትታው ዕላማ ዝገበረ ኩለመዳይ ቅድመ ምድላው ተወጊኑ ነይሩ። ኩሎም ምድላዋት ምስተወድኡን ኣባል ምፍራይ ኣብ ዝተጀመረሉን ግና በቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝተፈፀመ ፅንተታዊ ኩናት ምኽንያት እቲ ፕሮግራም ክትግበር ኣይከኣለን። ይኹን እምበር ድሕሪ ስምምዕ ውዕሊ ሰላም ፕሪቶርያ ብዝተረኽበ ውሱን ሃዋህው ሰላም ኣብ መወዳኣታ 2016 ዓ/ም ካቢኔ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ማሕበረሰብ መሰረት ዝገበረ ስርዓት መድሕን ጥዕና ክጅመርን ህዝብና ተረባሒ ዝገብር ስራሕ ክስራሕን ወሲኑ እዩ። ቀፂሉ እውን ነዚ ዝመርሕ መምርሕን መተግበርን ተዳልዩ በቤት ምኽሪ መድሕን ጥዕና ክፀድቕን ናብ ተግባር ክሰግርን ተገይሩ። ብመሰረት እዚ ኣብ ወርሒ ሕዳርን ታሕሳስን 2017 ዓ/ም ኣባላት መድሕን ጥዕና ናይ ምፍራይ ከይዲ ክሳለጥ ግልጋሎት ሕክምና መስርሕ መድሕን ጥዕና ድማ ካብ ወርሒ ለካቲት 2017 ዓ/ም ክጅመር ተወሲኑ ነይሩ።

ኣፈፃፀማ እቲ መስርሕ ድማ ቦርድ መድሕን ጥዕና ብቐረባ ክመርሖ፤ ክሳብ ታሕቲ ዞባ ኣማሓደርትን ሓለፍቲ ማሕበራዊ ጉዳይን ብዘለውዎ ምርድዳእ ድሕሪ ምግባሩ ኮሚቴታትን ቦርድታትን ተጣይሾም እዮም። ቢሮ ጥዕና ትግራይ እውን ክሳብ ታሕቲ ብዘለዉ መሓውራቱ ክመርሖ ፈቲኑ እዩ። ይኹን እምበር እቲ ዘሎ ውፅኢትን ደረጃ ምዕባለን ግና በቲ ዝተደለየ መንገዲ ክኸይድ ኣይከኣለን። ንኣብነት፣ እቲ ኣብ ወርሒ ሕዳርን ታሕሳስን 2017 ዓ/ም ኣባላት ብምምልማልን ብምምዝጋብን ኣብ ወርሒ ለካቲት 2017 ዓ/ም ግልጋሎት ሕክምና መድሕን ጥዕና ንምጅማር ተታሒዙ ዝነበረ ትልሚ ኣይተዓወተን።

ኣብዚ ሐዚ እዋን ከም ትግራይ ትሽዓተ ወረዳታት ማለት ወረዳታት ራያ ዓዘቦ፣ ራያ ጨርጨር፣ ነቐሰገ፣ ኣፅቢ፣ ፅራእ ወንበርታን ኢሮብን ከምኡ እውን ከተማታት መኾኒ፣ ዛላምበሳን ሽረን ጥራሕ እየን ካብ 50 ሚኢታውን ልዕሊኡን ኣባል ገይረን ዘለዋ። ካብዚ ብተወሳኺ ኣብ ከተማ ዓዲግራት ዘለዉ ተመዛበልቲ ትካል ገባሪ ሰናይ “ኦፕሬሽን ሪስከዩ” ክሽፍነሎም ስለዝተገበረ ናብ ተግባር ዘሰጋግር ምልመላ ተኻይዱ እዩ። ይኹን እምበር ብድምር ከም ትግራይ ክርኣ እንተሎ ኣብ ማሕበረሰብ ስርዓት መድሕን ጥዕና ኣባል ክኸውን ካብ ዝግብኦ ህዝቢ እቲ 18 ሚኢታዊ ጥራሕ እዩ ተበፂሑ ዘሎ። እዚ ድማ ዓብዩ ድኽመት ኣብ ልዕሊ ምኗኑ በቢእዋኑ እናተንከባለለ ዝመፀን ሐዚ እውን ኣብ ውድቀት ዘሎን ምኗኑ ምርዳእ ከድሊ እዩ። እቲ ቀንዲ ፀገም በቢብርኩ ዘሎ መሪሕነት ምትእትታው ስርዓት መድሕን ጥዕና ከምመደቡ ገይሩ ዘይወስድ ምኗኑ እዩ። እቶም ከምመደቦም ምርኣይን ሕብረተሰቦም ኣብ ምልዕዓልዕን ዝተንቀሳቐሱ ኣመራርሓ እተን ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሳ ወረዳታት ዋላ እኳ ኣዕጋቢ ኣፈፃፀማ ኣይሃልዎም ዝሐሸ ስራሕ ሰሪሖምን ግልጋሎት መድሕን ጥዕና ከጀምር ዘኽእል ውፅኢት ኣመዝኒቦምን እዮም። ካልኣይ ኣብቲ ሕብረተሰብ ዘሎ ስግኣት እዩ። ትካላት ጥዕና ስለዝዓነዋን እኹል ቀረብ መድሓኒት ስለዘይብለንን “መድሓኒት ካብ ደገ ዓድኑ ክንበሃል ኢና” ዝብል ኣሎ። ሳልሳይ ኣብ ሰብ ሞያ ጥዕና ክትትልን ምልዕዓልን ክፍተት ምህላዉ እዩ። እዚኦም ተደሚሮም ስራሕቲ ምትእትታትው መድሕን ጥዕና ክሳብ ሐዚ ዕውት ክኸውን ኣይከኣለን።

እዞም ፀገማት ብምፍታሕ ከምቢሮ ጥዕና ትግራይ ምስመሓውሩ፣ ሓለፍትን ኣማኽርትን ዞባ ማሕበራዊ ጉዳያትን ኣብ ዝገበሮ ዓመታዊ ገምጋም ስርዓት መድሕን ጥዕና ዕውት ዘይኮነሉ ቀንዲ ምኽንያት በቢደረጀኡ ናይ ዘሎ መሪሕነትን በዓል ሞያ ጥዕናን ድኽመት ምኗኑ ምርድዳእ ተገይርሉ እዩ። ስለዚ ቀንዲ መደብ ቀዳማይ ርብዒ ዓመት 2018 ዓ/ም ከምዝኾነ ኣነፂሩ ናብ ተግባር ተሰጋጊሩ ኣሎ። እተን ልዕሊ 50 ሚኢታዊ ኣባል ዘፍረያ ወረዳታትን ከተማታትን ድማ ኣብ ምምላእ ቅጥዕን ምድላው መለለዩ ካርድን ዘሎ ክፍተት ምስወደኣ ናብ ግልጋሎት ከምዝኣትዋ ኣይተ በላይ የረጋግፁ።

መስርሕ ማሕበረሰብ ማእኸል ዝገበረ መድሕን ጥዕና ንምሽፋን ሕድሕድ ኣባል ብዘለዎ ዓቕሚ ዓመታዊ ክኸፍል ንምግባር ኣብ ትሑት፣ ማእኸላይን ልዑልን ብዝብል ኣብ ሰለስተ ብርኪ ተቐሚጡ ኣሎ። እዚ ማለት ኣብ ሕድሕድ ወረዳ ዘሎ ኣባል ትሑት ዓቕሚ ዘለዎ 720 ብር፣ ማእኸላይ 1,260 ብር፣ ኣብ ልዑል ብርኪ ዘሎ ድማ 1,710 ብር ኣብ ዓመት ክኸፍል ተመዲቡ እዩ። ኣብ ከተማ ዘሎ ኣባል መድሕን ጥዕና ማሕበረሰብ ድማ ትሑት ብርኪ 720 ብር፣ ማእኸላይ 1,310 ብር፣ ዝሓሸ ድማ 1,930 ብር ዓመታዊ ክፍሊት ክኸፍል ይድንግግ። ካብዚ ብተወሳኺ መመዝገብን ክፍሊት ተወሳኺ ስድራን ኣሎ። በዘን ዓመታዊ ክፍሊታት ድማ ትሕቲ 18 ዓመት ዕድመ ዝኾነ ኣባል ስድራ ኩሉ ተረባሒ ይገብር። ልዕሊ 18 ዓመት ዕድመ ዝኾነ ኣባል ስድራ ድማ ብሕድሕድ ሰብ ኣብ ወረዳ ዝተሓተ ዓቕሚ ዘለዎ 150 ብር፣ ማእኸላት 250 ብር፣ ዝሓሸ ድማ 340 ብር ተወሳኺ ይኽፍል። ኣብ ከተማ እውን ዝተሓተ 150 ብር፣ ማእኸላይ 260 ብር፣ ዝሓሸ ድማ 400 ብር ንክኽፍል ዝተቐመጠ እንትኸውን መመዝገቢ ሓደ ጊዜ ዝኽፈል ንኹሉ 50 ብር እዩ።

ማሕበረሰብ ማእኸል ዝገበረ ስርዓት መድሕን ጥዕና ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝተገለፀ ሕብረተሰብ ፀገም ጥዕና እንተጋጥሞ ሃንደበታዊ ዝኾነ ወፃኢ ንኽየውፅእ ዕርየት ዘለዎ ግልጋሎት ሕክምና ክረኽብ፤ ካብኡ ድማ መንፈስ ምትሕግጋዝ ዘዕቢ ስርዓት እዩ። ኣብዚ ሐዚ እዋን ድማ ስርዓት መድሕን ጥዕና ካብ ምትእትታው ወፃኢ ካልእ ኣማራፂ ከምዘይብልና ምርዳእ የድሊ። ምኽንያቱ ኩላትና ከምእንፈልጦ ዓብዩ ሕፅረት ቀረብ ነዳዲ ኣሎ። ፅባሕ ንነሆ እውን ሕፅረት መድሓኒት ዘየጋጥመሉ ኩነታት ኣይህሉን። ንሱ ጥራሕ እንተይኮነ ኣብ ዓለምና ይፍጠር ዘሎ ፖለቲካዊ ቅርሕንትን ቁጠባዊ ቅልውላውን ኣብ መዳይ ጥዕና ዝግበሩ ዝነበሩ ደገፋት እናቐነሱ ክኸዱ ናይ ባዕሎም ኣሉታዊ ተፅዕኖታት የርእዩ ኣለዉ። ንቐፃሊ ብዘይካ መድሕን ጥዕና ነፃ ግልጋሎት ሕክምና ዝበሃል ኣይህሉን። ነፃ ዝበሃል ነገር እንተዘይሃልዩ ድማ ሕብረተሰብና ብሃንደበት እናተመዝመዘ ናብ ድኽነት እዩ ዝኣቱ። ብዕራዩን ጠለ በጊዑን ሽይጡ ናብ ድኽነት ዝኣትዉሉ ኩነታት እዩ ዝፍጠር። ስለዚ ቅድሚ ሃፍቱን ጥሪቱን ምጥፍኡ እተን በቢብርኩ ዝተቐመጣ ዓመታዊ ክፍሊታት ዋጋ ሓንቲ ደርሆ ምኗነን ብምርዳእ ኣባል መድሕን ጥዕና ዝኾነሉ መንገዲ ክፍጠርን ዓመት ምሉእ ብዘይስኽፍታ ባዕሉን ስድርኡን ግልጋሎት ሕክምና ዝረኽበሉ ኩነታት ክህሉን ፃዕርና ክነሕይል ይግባእ።

ኣጠቓሊልካ እንትርአ ኣብ ትግራይ ዓቕሚ መሐከሚ ገንዘብ ስኢኑ ሓሚሙ ብእዋኑ ዘይሕከም ህዝቢ ቁፅሩ ኣዝዩ ብዙሕ እዩ። እቲ ሐዚ ዘሎ ስርዓት ኣከፋፍላ ግልጋሎት ሕክምና ብቐጥታ ክፍሊት ዝሓትኑ ብምኗኑ ድማ ነቶም ኣብ ትሑት ብርኪ መነባብሮ ዝርከቡ ክፋላት ሕብረተሰብ ከፊሎም ግልጋሎት ሕክምና ናይ ምርካብ ዕድሎም ፀቢብ ይገብሮ። ነዚ ንምፍታሕ ሕብረተሰብ ዓርሱ ንዓርሱ ክተሓጋገዝ ዕላማ ዝገበረ መስርሕ መድሕን ጥዕና ንምትእትታው ዝተገበረ ፃዕሪ እውን ብናይ ኣመራርሓን ሰብ ሞያን ድኽመት ኣይተዓወተን። ስርዓት መድሕን ጥዕና ኣተኣታቲኻ እቲ ገንዘብ ከፊሉ ክሕከም ዓቕሚ ዘይብሉ ስድራን ዓቕሚ ዘይብለን ኣዴታትን ውሱን ዓመታዊ ክፍሊት ክኸፍላ ብምግባር እኹል ግልጋሎት ሕክምና ክረኽባ እንተዘይተገይሩ ትካላት ጥዕና መድሓኒት ብነፃ እናዓደላ ክነብራ ኣይኽእላን። ስለዚ እቲ መሪሕነት ካብቲ ድኽመትን ሓላፍ ዘላፍ ኣፈፃፀማን ወፂኡ ህዝቡ መሪሑን ኣለዓዲሉን መድሕን ጥዕና ብምሉእነት ከተግብር፤ በዓል ሞያ ጥዕና ድማ ሳይንሳዊ ብዝኾነ መንገዲ ነቲ ሕብረተሰብ ከረድእ ክኽእል ኣለዎ። ካብዚ ብተወሳኺ ኩለን ውዳበታትን ማሕበራትን ኣብ ትሕቲኤን ዘሎ ኣባል ናብዚ ክኣቱ ክሰርሓ ይግባእ።

ቴሞትስ ፈጠራ ዕድል ስራሕ

ብምትሕብባር ምስንዳእ ጋዜጣ ወይንን
ቢሮ ቴክኒክን ሞያን ትምህርትን ስልጠናን ፈጠራ ዕድል ስራሕ ትግራይን ዝዳሎ መደብ

ምምሕያሽ ፖሊሲ - ንገስጋሲ ብቕዓት

ዳይሬክተር ዳይሬክቶሬት ውፅኢት መሰረት ዝገበረ ስልጠና
ኣይተ ገብረጨርቆስ ዮሃንስ

ፖሊሲ ኮሌጃት ቴክኒክን ሞያን ከም ሃገር ይኹን ከም ትግራይ ኣብ መፈለምታ 1995 ዓ.ም ዝተቐረፀ እኳ እንተኾነ መብዛሕቲኣን ኮሌጃት ቴክኒክን ሞያን ትግራይ ስሩዕ ከይዲ ትምህርትን ስልጠናን ዝጀመራ ድሕሪ 1998 ዓ.ም እየን። እቲ ቅድሚኡ ዝነበረ ከይዲ ትምህርትን ስልጠናን ብዘይካ ውሱናት ኮሌጃት ናይ ባዕለን መምህሪ ህንፃን መሰልጠኒ ናውትን ዘይነበረን፣ ምስ ካልኣይ ብርክን መሰናድኦን ኣብያተ ትምህርቲ ተደሪበን ዓስራይ ክፍሊ ንዝወድኡ ሰልጠንቲ ተምሃሮ ካብ ብርኪ ሓደ ክሳብ ዲፕሎማ ትምህርትን ስልጠናን እናሃባ ፀኒሐን እየን።

ከይዲ ምዕባለን ምጥንካርን ፖሊሲ ቴክኒክን ሞያን በቢ እዋኑ እናተመሓየሸ ብምኻዱ ካብ 1998 ዓ.ም ጀሚሩ ክሳብ 2000 ዓ.ም ኣብ መብዛሕትኤን ወረዳታትን ከተማታትን ትግራይ ኮሌጃት ቴክኒክን ሞያን ብምስፍሕፋሕ ናይ ባዕለን ህንፃ ተሰሪሑለን ዓርሰን ክኢለን ካብ ፅግዕተኝነት ነፃ ክወፃ ተገይሩ። ክሳብ ድሮ ኵናት ፅንተት ኣብ ትግራይ 44 መንግስታዊ ኮሌጃት ተሃኒፀን እየን። እዚኣን ሙሉእ ሓይሊ ሰብን ማተርያልን ተማሊኡለን መደበኛ ትምህርትን ስልጠናን እናሃባ ከም ዝነበራ ድማ ኣብ ቢሮ ቴክኒክ፣ ሞያ፣ ትምህርትን ስልጠናን ትግራይ ዳይሬክተር ዳይሬክቶሬት ውፅኢት መሰረት ዝገበረ ስልጠና ኣይተ ገብረጨርቆስ ዮዉሃንስ የረድኡ።

ቅድም ክብል እተን ኮሌጃት ዓስራይ ክፍሊ ንዝወድኡ ተምሃሮ ጥራሕ እናተቐበላ ብዓሰርተ ክድመሮ ሓደ፣ ዓሰርተ ክድመሮ ክልተን ዓሰርተ ክድመሮ ሰለስተን ስሩዕ ስልጠና ጥራሕ እየን ዝህባ ነይረን። ካብ 2000 ዓ.ም ክሳብ 2009 ዓ.ም ድማ ካብ ብርኪ ሓደ ክሳብ ብርኪ ሓሙሽተ ብዲፕሎማ፣ ዲግርን ማስተርስን መርሃ ግብሪ ብሓፂርን ስሩዕን ስልጠናታት እናሃባ መፂኦን። በዚ እውን በቢ ዓመቱ ብኣሽሓት ዝቁፀሩ መናእሰይ ዝተፈላለዩ ሞያውን ኣካዳምያውን ስልጠናታት እናሃባ ብሞያን ክእለትን ኣብቂዐን ናብ ስራሕ ክዋፈሩ ገይረን እየን። ብዋናነት ድማ ኣብ ምምሕያሽ፣ ምዝማን ሞያዊ ስልጠናን መናእሰይ ስራሕ ዕድል ፈጠራን ኣተኩሩ ዝዓምም ፖሊሲ ኣተኣታቲወን ናብ ስራሕ ብምስግጋረን ኣብ መናእሰይ ርኡይ ቁጠባዊ ለውጢ ክመፅእ ዓብይ ኣበርክቶ እናገበራ ኣምፂኦን እየን።

ኣብ 2010 ዓ.ም እውን ኣብተን ኮሌጃት ሓዱሽ ፖሊሲ ስርዓተ ትምህርቲ ክተኣታተው ተገይሩ እዩ። እዚ ዝተኣታተወ ሓዱሽ ፖሊሲ ኩነታት ብርኪ ዕብየት እታ ሃገር መሰረት ገይሮም ዝመፁ ጠለባትን ናይ ህዝቢ ተጠቃምነት ንምርግጋፅን ዓለም ለኸ ዝኾኑ ሞያተኛ ንምፍራይ ዝሕግዙ ሞያን ክእለትን ንመናእሰይ ንምስልጣን እዩ። ነዚ ኣብ ግብሪ ንምውዓል 30 ምኢታዊ ብክልስ ሓሳብ 70 ምኢታዊ ድማ ብተግባር ስልጠና ንክወሃብ ተሓሳቢ ገይሩ ዝተመሓየሸ ፖሊሲ ብተግባር ንዝወሃብ ስልጠና ኣብ ኮሌጃትን ኢንዳስትርታትን ከይዶም ሰልጠንቲ ክስልጥኑ ዘኽእል ሓዱሽ መስርሕ ተዘርጊሑ እዩ። በዚ እውን መፍረይቲ ዘፍርይዎ ብፅሬት፣ መጠንን ተበፃሕነትን ብብርኪ ሃገር ኮነ ብብርኪ ዓለም ተወዳደርቲ ፍርያት ንኽቕርቡን ፅፉፍ ግልጋሎት ንኽህቡን ዘኽእል ኣሰራርሓ ተኣታትዩ እዩ። እዚ ብዝበለፀ ንምምሕያሽን ምጥንካርን ኣብ 2016 ዓ.ምን 2017 ዓ.ምን ብፍሉይ ናይ ቴክኖሎጂ፣ ድጅታላይዜሽንን ካልኦት ስራሕቲ ዝርገሐ ኢንተርኔን ተሰሪሖም እዮም።

እቲ ዝተመሓየሸ ፖሊሲ ብምትእትታው ብኣሽሓት ዝቕፀሩ መናእሰይ ትግራይ ኣብ ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ተዋፊሮም ካብ ስእነት ስራሕ ክናገፉ፣ ካብ ሓደ ብርኪ ስራሕ ናብ ካልእ ብርኪ ስራሕ ክሰጋገሩ፣ ስራሕ ፈጠርቲ፣ ወነንቲ ማእኸላይ ሃፍትን እቶትን ክኾኑን ሰፋሕቲ ስራሕቲ ተሰሪሖም እዮም። ካብዚ ምርዳእ ዝከኣል እቶም ፖሊሲታት ማሕበራውን ቁጠባውን ፀገማት ትግራይ ኣብ ምፍታሕ ወሳናይ ተራ ከም ዘለዎም እዩ። ስለ ዝኾነ ሐዚ እውን ሕውየትን ዳግመ ህንፀትን ትግራይ ንምርግጋፅ እቲ ፖሊሲ እናተሃደሰን እናተጠናኸረን ክኸይድ ይግበር ኣሎ።

ኣብዚ ሐዚ እዋን እናተተግበረ ዝርከብ ፖሊሲ ትምህርትን ስልጠናን ኮሌጃት ቴክኒክን ሞያን ሃፍተ ገነትን ፀጋታትን ትግራይ መሰረት ዝገበረ ንመናእሰይ ዕድል ስራሕ ንምፍጣር ዝዓለመ እዩ። እቲ ስልጠና በቲ ዝድለ መንገዲ ዕውት ንምግባር ኣብ መፈለምታ 2017 ዓ.ም ብ ሚኒስቴር ስራሕን ክእለትን በቲ ሓዱሽ ፖሊሲ ዘተኮረ ናይ ዓቅሚ መዕበይ ንኣመራርሓ ቢሮ፣ ዲናት፣ ምክትል ዲናትን ኣሰልጠንትን ስልጠና ተዋሂብዎም እዩ። ናይዚ መቐፀልታ እውን እቲ ሓዱሽ ስርዓተ ትምህርቲ ዝህልዎ ድልውነትን ኣብ ኮሌጃት ዘሎ ክፍተትን ተራእዩ ኣብ መወዳእታ 2017 ዓ.ም ን 149 ኣሰልጠንቲ መምህራን በቲ ሚኒስቴር ዓቕሚ መዕበይ ስልጠና ተዋሂቡዎም ኣሎ እዩ። ካብዚ ብተወሳኺ ኣብ 2018 ዓ.ም ን 3,700 መምህራን ኮሌጃት ብዛዕባ ዝተመሓየሸ ፖሊሲ ክስልጥኑ ብቢሮ ቴክኒክ፣ ሞያ፣ ትምህርትን ስልጠናን ትግራይ ትልሚ ተታሒዙ ከም ዘሎን ነዚ ድማ ኣብ ወርሒ መስከረም 2018 ዓ.ም 1470 ኣብ ቀዳማይ ዙር ከም ዝስልጥኑን ኣይተ ገብረጨርቆስ የረድኡ።

ብድምር እንትርኢ ቢሮ ቴክኒክ፣ ሞያ፣ ትምህርትን ስልጠናን ትግራይ ኣብ ትግራይ ኣጋጢሙ ዘሎ ልዕሊ መጠን ስራሕ ስእነትን ዘይሕጋዊ ስደትን ንምቕናስ መናእሰይ ኣብ ኮሌጃት ኣትዮም ብስሩዕን ሓፂርን መርሃ ግብሪ ዝተፈላለዩ ሞያን ክእለት ክስልጥኑን በቢ ዓመቱ ዝተመሓየሹን ሓገዝቲ ዝኾኑን ናይ ስራሕ መንገድታት እናነፀረ ፀኒሑን ኣሎን። ነዚ ተግባራዊ ንምግባር ድማ ቅድሚ ኩሉ ኣብ ምምሕያሽ ዓቅሚ ኣሰልጠንቲ፣ መምህራን፣ ሓይሊ ሰብ፣ ምምሕያሽ ስርዓተ ትምህርቲ፣ ምጉልባት ባጀትን ካልኦት ፋይናንሳዊ ሓገዛትን ኣበርቲዑ እናሰርሐ ይርከብ። ናይዚ መቐፀልታ እውን ኣብ 2018 ዓ.ም ፖሊሲ ትምህርትን ስልጠናን ኮሌጃት ከመሓይሽን ዓቅሚ መምህራን ኣሰልጠንትን ኣጠናኺሩ ዝተማልአ ከይዲ ትምህርትን ስልጠናን ከቐፀል ከረምታዊ ምንቅስቓስ እናወገነ ፀኒሑ እዩ። ብመንፀር እዚ ማሕበራውን ቁጠባውን ፀገማት ትግራይ ንምፍታሕ ዝዚያዊ መንግስቲ ትግራይ ኣብ ሕውየት መናእሰይን ምንካይ ስራሕ ስእነትን ኣተኩሩ ከሰርሕን ንኮሌጃት ቴክኒክን ሞያን ኣድለይቲ ሓገዛት ክገብርን ይግባእ ንብል።

ገጢሙና ዘሎ ፈተና ... ናብ ገፅ 1 ዝዘረ

ህዝቢ ትግራይ ከም ህዝቢ ክቕፅል ዘኽእሎ ሓይሊ ብምኺኑ ንቕፃሊ እውን ዋሕስ ኮይኑ ከምዝዘልቕ ኣገንዚቦም፡፡
ፀላእትና 360 ዲግሪ ኺቢቦም ህዝቢ ትግራይ ብቕምቡላ ዝበረሶ ከይኣኽለ ብጥሜት፣ ብሕማም ብስእነት መድሓኒት ክመውት ገንዘብ ዘለዎ እውን እንተኾነ ስኣን ግልጋሎት ባንኪ ምስገንዘቡ ክጠሚ፣ ክሓምም ክመውት ከምዝገበሩ፤ ሳላ ቃልሱ ግን ውዕሊ ፕሪቶርያ ተፈሪሙ ኣንፃራዊ ሰላም እንተመፀ እውን ሐዚ እውን ህዝብና ድምፂ ጥይት ብዘይብሉ ብሰላሕታ ይረግፍ ከምዘሎ እቶም ኣቦመንበር ሓቢሮም፡፡ መንግስቲ ብልዕግና ስምምዕነት ፕሪቶርያ ኣብ ልዕሊ ዘይምፍፃሙ ኣብ ትግራይ ዘለው ውዳበታት፣ ዝተፈላለያ ናይ ህዝቢ ትግራይ ትካላት ዝኾና ከፍርስ ወይ ድማ ክቆፃፀር ይሰርሕ ከምዘሎ ሓቢሮም፡፡
ውድብ ህወሓትን ህዝቢ ትግራይን ስምምዕ ፕሪቶርያ ብኣግባቡ ይፈፀም ሉኣላዊ ግዝኣትና ይከበር፣ ዝተመዛበለ ህዝብና ናብ መረበቱ ይመለስ ስለበሉ ሐዚ እውን ስርዓት ብልዕግና “ከምቀደም ከይመለስኩም ቴክኖሎጂ ተዓጢቕ እየ ከጥፈአኩም እየ” ዝብሉን ካልኦት መፈራርሕታት ኣብ ኣደባባይ ተጠሊው ይዛረበሉ ከምዘሎ ዶ/ር ደብረፅዮን ወሲኾም ግልፂ ገይሮም፡፡ ስነ ልቦና ህዝብና ንምስባር፣ ሓድነትና ንምብታን፣ ስድራ ተጋደልቲ ርእሶም ከድንኑ ንምግባርን መኾተና ንበለል ንምትራፍን ብሄራዊ ክሕደት ዝፈፀሙ ጠላማት ምስ ፀላእቲ ህዝቢ ትግራይ ብሓባር ኮይኖም ይሰርሑ ስለዘለው ነዚ ምምካት ኣድላይ ምኺኑ ሓቢሮም፡፡
ዶ/ር ደብረፅዮን ብተወሳኺ፤ ህዝቢ ትግራይ ሎሚ እውን ከም ቀደሙ ሽርሒ ፀላእትና ንምብርዓን ብሄራዊ ሓድነቱ ብምጥንካር ሰላም ዘምፅእ፣ ኩናት ዘትርፍ፣ ብሄራዊ ረብሓ ህዝቢ ትግራይ ዘረጋግፅ ስራሕ ብምስራሕን ካብቲ ሐዚ ገጢሞም ዘሎ ፈተና ምስጋር ከምዝከኣል፤ ነዚ ድማ ህዝቢ፣ ሰራዊት ትግራይን ውድብ ህወሓትን ግዝያዊ ምምሕዳርን ኣብ ሓደ ዕላማ ተሰሊፎም እንተተቓሊሶም ዘይሰግር ፀገም ከምዘየለ ኣገንዚቦም፡፡
ንሕቶታት ተሳተፍቲ መድረኽ ወፍሪ ብሄራዊ ሓድነት ስድራ ሰማእታት ምላሽ ዝሃበት ኣባል ፈፃሚት ስራሕን ሓላፊት ቤት ፅሕፈት ህወሓትን ተጋዳሊት ፈትለወርቅ ወሲኻ ሓቢራ፡፡
ገ/እግዚኣብሄር በወገና፤ ብብርኪ ትግራይ ወፍሪ መድረኽ ብሄራዊ ሓድነት ብስድራ ስውኣት ምጅማሩ ትርጉም ብዘለዎ መንገዲ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፣ ስድራ ስውኣትና ብመስዋእቲ ደቆም ኣብ ክንዲ ዝሕበኑ ዘቃልልን ልዕል ትሕት ዘብልን ርእሶም ከድንኑ ዘግብርን ኣከያይዳ ዝኾነ ይኹን ኣካል ኣብ ትግራይ ፈፂሙ ባይታ ክህልዎ ከምዘይብሉ ኣተሓሳሲቦ፡፡
ኩሉ ግዜ ፀላእቲ ህዝቢ ትግራይ ብሄራዊ ሓድነትና ዝሸርሸሩ ስራሕቲ እናሰርሑ ከምዝመፁን ሐዚ እውን ነዚ ህዝቢ እዚ ኣብ ክንዲ ኑቲ ብሰንኪ ፅንተታዊ ኩናት ዝበፅሐ በሰላ ምሕካምን ዳግመ ሕውየት ምክያድን ካብ እዋን መርድእ ስውኣት ጀሚሩ ናብ ቁስሊ ስድራ ስማእታትና ግራጭ ዘእትው ኣካላት ብበዝሒ ከምዘለው እዚ ድማ ዝተወደበ ቓልሲ ከምዘድልዮ ግልፂ ገይራ፡፡
ምእንተ ህዝቢ ትግራይ ዝተኸፈለ መስዋእቲ ክሒዶም ዝወፁ ጠላማት ሎሚ እውን ዳግማይ ኩናት ኣብ ልዕሊ ህዝቦም ንምፍፃም ይንቀሳቐሱ ከምዘለውን ነዚኦም ኣደብ ንምግዛእ ምጥንካር ውሽጣዊ ሓድነትና ወሳኒ ከምዝኾነ ተጋዳሊት ፈትለወርቅ ወሲኻ ሓቢራ፡፡
ኣብቲ ፅንተታዊ ኩናት ቀንዲ ዓቕሚ እቲ መኾተ ዝኾነ ህዝቢ ትግራይ፣ ውድብ ህወሓት፣ ሰራዊት ትግራይን መንግስቲ ትግራይን ሓድነት ፈጢሮም ተቓሊሶም ከምዝተዓወቱ ዘገንዘበት ሓላፊት ቤት ፅሕፈት ህወሓት ኣብዚ ሕዚ ብዝተፈጠረ ውሽጣዊ ፀገም ናብ ሓደ ንምምፃእ ግዜ ስለዝወሰደ ድኽመትና ከም ዕድል ዝጥቀምሉ ፀላእና ተቢቲኖም እዮም ዝብል ገምጋም ሒዞም ሃንደለቕ ኢሎም ናብ ኵናት ከየእትውና ሎሚ እውን ከም ቀደምና ብሄራዊ ሓድነትና ምጥንካር ወሳኒ ከምዝኾነ ኣዘኻኺራ፡፡
ህዝቢ ትግራይ ክነብር፣ እምቢ ኣይግዛእን ዝብል ወነ ቃልሱ ናብ ንቡር ከምለስ ሐዚ እውን ውሽጣዊ ጉዳያትና እናመዓራረና፣ እናኣረምና ካብ ውሽጥን ደገን ንዝመፀና ዘለው ፈተናታት ብወነ ተረዲእና መፍትሕታት ብምቕማጥ ህልውናን ድሕንነትን ህዝብና ውሑስ ንምግባር ብሄራዊ ሓድነትና ምጥንካር ወሳኒ ከምዝኾነ ገሊፀን፡፡
ኣብ መኽፈቲ መድረኽ ወፍሪ ብሄራ ሓድነት ነጋዶ ትግራይ ተረኺቦም መደረ ዘስምዑ ምክትል ኣቦመንበር ህወሓትን ምክትል ፕረዚዳንት ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይን ኣይተ ኣማኤል ኣሰፋ ብወገኖም፤ ፀላእትና ህዝቢ ትግራይ ብጂኦግራፊ ይኹን ብዲሞግራፊ ካብ ገፅ መሬት ናይ ምጥፋእ ኣጀንደኦም ሐዚ እውን ጠጠው ከምዘይበለን ነዚ ድማ ናይ ደገን ውሽጥን ባንዳታት ተጠቒሞም ይሰርሑ ከምዘለውን ግልፂ ገይሮም፡፡ ነዚ እከይ ተግባር ፀላእቲ ህዝቢ ትግራይ ንምብርዓን ድማ እታ ቁልፊ ነገር ብሄራዊ ሓድነትና ምጥንካር ወሳኒ ምኺና ኣረዲኦም፡፡
ሐዚ ዘለናሉ ኩነታት ኣመልኪቶም ዝገለፁ ኣይተ ኣማኑኤል፤ ንድሕሪት እንተተመሊስና ፀድፊ እንተተሸኺልና ረግረግ ከምዝኾነን ነዚ መፍትሒኡ ድማ እግርኻን ኢድካን ኣጣሚርካ ምርኣይ ዘይኮነስ ብሄራ ሓድነትና ኣጠናኺርና ሰላም ዘምፅእ፣ ኩናት ዘትርፍ ብቕፅ ምድላው ምግባር ከምዝሓትት ኣፍሊጦም፡፡
ኣብቲ ብዝለዓለ ወነን ሕራነን ብዝተመልአ መንፈስ ዝተሳለጡ መድረኻት ወፍሪ ብሄራዊ ሓድነት ተሳተፍቲ ኣብ ጎኒ ውድቦም ህወሓት ኮይኖም ኣሰር ደቆምን ኣያታቶምን ተኸቲሎም ከሳብ ሕልፊት ህይወቶም ካብ መስመር ህወሓት ከምዘይወፁ፣ ውድብ ህወሓት ደላዩ ኩናት ዘይኮነስ ንሰላም ጠጠው ዝበለ ሓይሊ ከምዝኾነ ምግንዛቦም፣ እቲ ኣመራርሓ እንተተመዓራርዩ ኣብ ህዝቢ ፀገም ከምዘየለን ህዝቢ ትግራይ ፀላእቲ ከሳብ ዝበልዕዎ ኮፍ ኢሉ ዝርኢ ተንበርካኺ ህዝቢ ዘይኮነስ ንፍትሕን ርትዕን ጠጠው ዝበለ ህዝቢ ከምዝኾነ ብርእይቶታቶም ገሊፆም፡፡

ኣብቶም ዝተኻየዱ መድረኻት ብተወሳኺ፤ ሃለዋት ህዝብን ሉኣላውነትን ትግራይ ዝረጋገፅ ኣብ ስጡም ሓድነት ምኺኑ ምሉእ ምርዳእ ዝተገበረ ኣይትኾን ካብ ተሳተፍቲ እቲ መድረኽ ትማሊ ፀረ መኾተ ዝነበረ ሓይሊ ዝኾርዓሉ ደቁ ንብረቱን ህይወቱን ዝኸፈለ ርእሱ ዘድንነሉ ምኽንያት ንምንታይ ይህሉ? ግዝያዊ ምምሕዳር ኣብ ፀጥታ ወራር መሬት ቅልጡፍ መፍትሒ ንምንታይ ዘየቐምጥ? ብሰንኪ ፅንተታዊ ኩናት ትካሎም ዝዓነዎም ነጋዶ ወለድ ባንኪ ልቓሕ ከኸፍሉ ንምንታይ ይግደዱ፤ ኣብ ኩለ መዳይ ብስርዓት ከምራሕ እንተተገይሩ ፀገማት ብኣግኦም ክፍትሑ ስለዝኽእሉ ናብ ስርዓት ንምለስ ወዘተ ዝብሉ ሕቶታትን ርኢቶታትን ቐሪቦም ካብ መራሕቲ መድረኽ ግቡእ መብራህርሂ ተዋሂብሎም ኣብ ምሉእ ምርድዳእ ተበፂሑ እዩ፡፡
እቶም ብወፍሪ ብሄራዊ ሓድነት ዝተሰየሙ መድረኻት 24 መስከረም 2018 ዓ/ም ብክልላዊ ኮንፈረንስ ኣብ ከተማ መቐለ ብናይ ሓባር ቅዋም ተጠቓሊሉ ኣሎ፡፡

ሰላም መትከላዊ እምነት ህዝቢ ትግራይ እዩ!

ዓውደ ሕርሻ

ብምትሕብባር ምስንዳእ ጋዜጣ ወይንን
ቢሮ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ትግራይን ዝዳሎ መደብ

ባልዕ ከመይ ይመፅእ ... ከመይከ ይጠፍእ?

ኣይተ መብራህቱ ገ/ኪዳን ዳይሬክተር ዳይሬክቶሬት ምክልኻል ባልዓትን እፅዋት ኳራንታይንን

ልዕሊ 80 ሚኢታዊ ህዝቢ ትግራይ ብሕርሻን ውፅኢት ሕርሻን ብዘፍርዮም ፍርያታት ዝምሓደር እዩ። ኣብዚ ሐዚ እዋን መብዛሕትኡ ሓረስታይ ትግራይ ኣብ ዓመት ወቕቲ እናሓለወ ዝርከብ ዝናብ እናተጠቐመ ዘልምዕ ስለዝኾነ ንምስሳን ምህርቲ ዝራእቲ ክሕግዙ ዝኽእሉ ከምጠሊ ዓቀብቲ፣ ዕቀባ ሓመድን ማይን ዝኣመሰሉ ስራሕቲ ቅድመ ምድላው ብምሉእነት ምትግባር የድሊ። ስለዝኾነ መፍረያይነት ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ብምዕባይ ኣብቶም ቀንዲ ዝበሃሉ ምህርትታት ትኹረት ብምግባር ኩታ ገጠም ስርዓት መፍረያይነት ክስፋሕፋሕ ኣለዎ። ከምኡ እውን ፅርየትን ዝለዓለ መጠንን ዘለዎ ምህርቲ ንምእታው ኣብ መፍረያይነት ሕርሻ ዝለዓለ ኣስተዋፅኦ ዘለዎም እታዎታት ሕርሻ ምጥቃም ግድን ይኸውን።

ብመሰረት እዚ ኣብ ኣቕርቦት እታዎታትን ቴክኖሎጂታትን ዘሎ ክፍተት ብምምላእን ግንዛብ ሓረስታይ ብምዕባይን ተግባራዊ ምግባር ይግባእ።

ብዋናነት ዘመናዊ እታዎታንን ቴክኖሎጂታትን ሕርሻ ምጥቃም ንጥፈታት ሕርሻ ኣብ ዝሓፀረ እዋን ክውገንን ፓኬጃት ሕርሻ ብኣግባቡ ንምጥቃምን ዕድል ይፈጥር። እዚ ድማ ምህርቲ ሕርሻ ብምስሳን፣ ጉልበት ሓረስታይ ኣብ ምቕጣብን ብኽነት ምህርቲ ንምክልኻልን ዝዓዘዘ ረብሓ ኣለዎ። ብካልእ ገፅ ድማ ብኽነትን ጉድኣትን ፍርያት ዝራእቲ ከስዕቡ ዝኽእሉ ባልዓትን ፃህያይን ኣብ ምክልኻል ዝለዓለ ቆላሕታ ዝወሃበ እዩ። ነዚ መሰረት ገይርና ኣብ ምህርቲ ዘመን 2017/2018 ዓ/ም ከምትግራይ ዝግበር ዘሎ ምንቅስቓስ እንታይ ከምዝመስል ኣብ ቢሮ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ትግራይ ዳይሬክተር ዳይሬክቶሬት ምክልኻል ባልዓትን እፅዋት ኳራንታይንን ኣይተ መብራህቱ ገ/ኪዳን ዝሃበና ሓበሬታ ከምዝስዕብ ተዋዲዱ ቀሪቡ ኣሎ።

ከምትግራይ ልዕሊ ሓደ ነጥቢ ሰለስተ ሚልዮን ሄክታር ተሓራሲ መሬት ዘሎ እንትኸውን ኣብዚ ሐዚ እዋን ኣብ ኢድ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ዘሎ ተሓራሲ መሬት ግን 758,679 ሄክታር (57 ነጥቢ ኣርባዕተ ሚኢታዊ) ጥራሕ እዩ። ብመሰረት እዚ ኣብ 2017/2018 ዓ/ም ነቲ ዝተጠቐሰ ስፍሓት ተሓራሲ መሬት ብዓይነታት ዝራእቲ ስርናይ፣ ምሽላ፣ ጣፍ፣ ዕፉን፣ ዳጉሻን ሰሊጥን ካልኦትን ተሸፊኑ ኣሎ።ኣብ ዝሓለፈ 2016/2017 ዓ/ም 13 ሚልዮን ኩንታል ምህርቲ ዝተረኸበ እንትኸውን ኣብዚ ዓመት ድማ ልዕሊ 16 ሚልዮን ኩንታል ንምርካብ ትልሚ ተታሒዙ ከምዘሎ ፀብፃባት እቲ ቢሮ የረድኡ።

ሓረስታይ ትግራይ ምህርቱ ንምስሳን ኩታ ገጠም (ክላስተር) መሰረት ዝገበረን ብመስመር ክዘርእ፣ ዘመናዊ እታዎታት ክጥቀም፣ ባልዓት ክከላኸል፣ ግድን ይኸውን። ባልዓት ብዝግባእ እንተዘይተኸላኺልናዮም ብማእከላይ ካብ 30 ክሳብ 40 ሚኢታዊ ፍርያትን መፍረያይነትን ጉድኣት ከብፅሑ ይኽእሉ። ከምኒ ሕሞድያ፣ ሕንዚዝ ምሽላ፣ ወራር ዒፍን ኣንበጣን ድማ ምሉእ ብምሉእ ዝራእቲ ከጥፍኡ ዝኽእሉ ባልዓት እዮም። ብመሰረት እዚ ፃህያይን ባልዓትን ኣብ ልዕሊ ዝራእቲ ጉድኣት ከየብፅሑ ክትትል ምግባርን ምክልኻልን ወሳኒ ዋኒን ኪኢላታትን ሓረስቶትን ክኸውን ይግባእ። ስለዝኾነ እውን ኣብ መላእ ትግራይ ኣብ ቅድመ ምክልኻል ባልዕን ፃህያይን ከምኡ እውን ባልዕን ፃህያይን እንተጋጥም ኣብ ምውጋድ ክስርሑ ዝግበኦም ኣንፈታት ተቐሚጦም እዮም።

ቅድመ ፍፃመ ባልዕን ፃህያይን ማለት ዝኾነ ዓይነት ባልዕ ወይ ፃህያይ ቅድሚ ኣብ ልዕሊ ዝራእቲ ሓደጋ ምብፅሑ ምክልኻል ማለት እዩ። ካብዚ ብተወሳኺ ምህርቲ ዝራእቲ ከደንፍዑ ዝኽእሉ ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ቅድመ ምድላው ዝካየደሉ እውን እዩ። ተሓራሲ መሬት ብዝግባእ ኣለሳሊስካን ኣዕሚቕካን ምሕራስ፣ ዝራእቲ ብዙርን ብመስመርን ምዝራእ፤ መንቀሊ ፃህያይን ባልዓትን ዝኾኑ ከባቢታት ብዝግባእ ምፅራይን ዝኣመሰሉ ተግባራት የጠቓልል። ከምኡ እውን ንመንቀሊ ባልዓት ምኽንያት ዝኾነ ኩነታት ኣየርን ዝናብን ምትንባይን ምትንታንን፣ ምልክት እንትረአ ድማ ዓይነት ባልዕ ብምንፃር ኣቕዲምካ ንምክልኻልን ትኹረት ምግባር ይጠልብ።

ብመሰረት እዚ ቢሮ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ትግራይ እቲ ኣብ ላዕሊ ዝተገለፀ ስፍሓት ተሓራሲ መሬት ትግራይ ብዝተፈላለዩ ዓይነታት ዝራእቲ ክሽፈን፤ ሓረስታይ መፍረያይነት ከሰስኑ ዝኽእሉ ዘመናዊ ቴክኖሎጂታትን እታዎታትን ክጥቀም ግንዛበ ኣብ ምዕባይን ቀረብ ኣብ ምምላእን ካብ ሰናይ ሓጋዩ ትኹረት ተዋሂብዎ እናተሰርሐሉ ፀኒሑ እዩ። ምሩፅ ዘርኢ፣ ዘመናዊ ድኹዒ፣ ኬሚካል መከላኸሊ ባልዓትን ፃህያይን፣ ጠቕላላ ስራሕቲ ክንክን ዝራእቲ ብስፍሓት ንምስራሕ ምርድዳእ ተገይሩ እናተሰርሐሉ ፀኒሑን ኣሎን። ንኣብነት፣ ክላስተር መፍረያይነት ሓረስቶት ብመሰረት እዚ ኣብዚ ሐዚ እዋን ምስቲ እዋናዊ ሽርፊ ወፃኢ ተኣሳሲሩ ናይ ዋጋ ምኽባር እንተዘይኮይኑ እኹል ቀረብ መድሓኒትን ኬሚከላትን ከምዘሎ የረጋግፁ።

ይኹን እምበር ኣብ ኣጠቃቕማ መድሓኒታትን ኬሚካላትን ፀገማት ኣለዉ እዮም። ሓደ ፅርየቶም ዘይሓለዉን ዘይተረጋገፁን መድሓኒታት ምጥቃም ብምህላዉ ባልዓት ዘይጠፍእሉ ኩነታት ይርአ እዩ። ካልእ ድማ ሓረስታይ ዋላ እኳ መድሓኒትን ኬሚካልን ብበዝሒ ዝጥቀም እንተኾነ ብሰብ ሞያ ዝተደገፈ ዘይምኻኑ ኣብ ዓቐንን ኣጠቃቕማን ክፍተታት ኣለዉ። እዚ ዝፈጠሮ ድማ ኣብ ከባቢ፤ኣንስሳን ኣብቲ ሓረስታይ ባዕሉን ጉድኣታትን ሓደጋታትን ዝፍጠረሉ ኩነታት ኣሎ። ነዚ ንምፍታሕ ከምቢሮ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ትግራይ ኣብ ኩለን መፋስሳት ዝራእቲ ዝዝረአለን ከባቢታት ኬሚካል ክነፅጉ ዝኽእሉ መናእሰይ ብምምልማልን ብምስልጣንን ብኣኣም ክንፀግ ከምኣንፈት ተታሒዙ ናብ ተግባር ተኣትዩ ኣሎ። ክሳብ ሐዚ ብዘሎ ኣፈፃፅማ ከምመጀመሪ ኣብ ኣርባዕተ ወረዳታት ማለት እውን ወረዳ ፅራእ ወንበርታ፣ ክልተ ኣውላዕሎ፣ ላዕላይ ቆራሮን ታሕታይ ቆራሮን ኣብ 12 መፋስስ ካብ ሕድሕድ መፋስስ ሓሙሽተ፣ ሓሙሽተ መናእሰይ በቲ ሓረስታይ ክምልመሉን ክስልጥኑን ብምግባር ናብ ስራሕ ኣትዮም ኣለዉ። እዚ ድማ ኣብ ኣጠቃቕማ ኬሚካል ዝነበረ ፀገም ክፍታሕ እቶም መናእሰይ እውን ዕድል ስራሕ ክፈጥሩ ዘኽእልን ብምኺኑ ዝለዓለ ረብሓ ኣለዎ።

ኣብዚ ሐዚ እዋን ካብቶም ዝተለመዱ ዓይነታት ባልዕ ወፃእ ካልኦት ብመልክዕ ወራር ዝተርእዩ ባልዓት የለዉን። ይኹን እምበር ከምኒ ባርኖስ ኣሜሪካ ከምኡ እውን ኣብ ዝራእቲ ቃንጫ ዝረአዩ ፈሓሪቃንጫን ባርኖስን ዝበሃሉ ዓይነታት ባልዕ ብኣብዝሓ ምሽላን ዕፉንን ኣብ ዝዘርኡ ከባቢታት ተራእዮም ኣለዉ። ኣብ ዝራእቲ ጣፍ ድማ ሞኽታ ዝበሃል ባልዕ ይርአ ኣሎ። ካልእ ምስዝራእቲ ዓተር ተተሓሒዙ ቡናዊ በሰላን ቆርምድን ዝበሃሉ ዓይነታት ሕማማት ኣብ ከባቢ ኣፅቢ ተራእዮም እዮም። ካብዚ ወፃኢ ድማ ከምኒ ቁማል እኽሊ፣ ሕሞድያ፣ ፃህያይን ካልኦትን መደበኛ ዝበሃሉ ሓሳኹ ኣብኩሉ ከባቢታት ዝርአዩ እዮም። ንኣብነት፣ ኣብ ከባቢ 94,160 ሄክታር ዝራእቲ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ባልዕ ተራአዩ ዝነበረ እንትኸውን ልዕሊ 64,456 ሄክታር ብኬሚካል እቲ ካልእ ድማ ብባህላዊ መንገዲ ምክልኻል ተገይርሉ እዩ።ኣብ ልዕሊ 18,000 ሄክራት ዝራእቲ ጣፍ እውን ሞኽታ ዝተርአየ እንትኾነ ካብዚ እቲ ልዕሊ 12,000 ሄክታር ብኬሚካል ዝተረፈ ድማ ብባህላዊ መንገዲ ምክልኻል ተኻኢሉ ኣሎ። ካብዚ ብተወሳኺ ኣብ ልዕሊ 28,000 ሄክታር ዝራእቲ ቃንጫ ፈሓሪ ዝተርኣየ እንትኸውን ካብዚ ኣብ ልዕሊ 18,000 ሄክታር ኬሚካል ብምንፃግ እቲ ዝተረፈ ድማ ብባህላዊ መንገዲ ግቡእ ምክልኻል ተገይርሉ እዩ። ብድምር ኣብ ከባቢ ቆላ ተምቤንን ቀይሕ ተኽልን ዝተርኣየ ባርኖስ ኣሜርካ ኣብ ክትትሉ ብምዝንግዖም ካብ ዝበፅሐ ጉድኣት ወፃእ ኣብ ካልኦት እዚ ዝበሃል ሓደጋ ኣየብፀንሐን።

ካብዚ ወፃኢ ኣብ ዝቕፅል ክረኣዩ ዝኽእሉን ከምስግኣት ዝረአዩን ባልዓት ድማ ኣለዉ። ብዋናነት ኣብዚ ሐዚ እዋን ከጥቅዓና ዝኽእላ ኣብ ምሽላ፣ ሕንዚዝ ምሽላ፣ ኣብ ስርናይ ድማ ሕሞድያን ቁማል እኽልን፣ ኣብ ኣዕታር እውን ቆርምድን ቡናዊ በሰላን እዮም። ኣብ ውሽጢ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ዘሎ መሬት ክትትል ዝግበረሉ እኳ እንተኾነ ካብዚ ወፃኢ ኣብ ዘለዋ ከባቢታትን ካብ ጎረባብቲ ክልላት ወይ ድማ ሃገራት ዝብገሱ ባልዓት ክመፁ ይኽእሉ እዮም። ብዋናነት ካብ ወርሒ መስከረም 2018 ዓ/ም ጀሚሩ ኣብ ከባቢ ዞባ ሰሜን ምዕራብ ትግራይ ብፍላይ ምስኤርትራ ኣብ ዝዋሰና ከባቢታት ካብ ኤርትራ ዝመፅእ ኣምበጣ ኦም ዝበሃል ባልዕ ብመልክዕ ወራር ክኽሰት ከምዝኽእል ይግመት።

ካብዚ ብተወሳኺ ሕንዚዝ ምሽላ እውን ኣብ ሰሜን ምዕራብ መብዛሕቲኡ ምሽላ ዝራእቲ ዘለዉን ከባቢታት፣ ቆላ ተምቤን፣ ከባቢታት ጨርጨር ክኽሰት ይኽእል እዩ ዝብል ስግኣት ኣሎ። ስለዚ ድሕሪ ሐዚ ዝናብ እናቐነሰ ምቐት ድማ እናወሰኸ ዝኽደሉ ኩነታት ስለዘሎ ሕሞድያን ቁማል እኽልን ብስፍሓት ክኽሰት ይኽእል እዩ። ካብኡ ሓሊፉ ስርናይ ኣብ ዝዘርኣ ከባቢታት ደጉዓ ዘለዉ ሓረስቶት ሕሞድያ በቢእዋኑ ፈተሻ ክግበር ትፅቢት ይግበር። ካልእ ናይ ዒፍ ወራር ካብ ማእኸል ዓዲ (ካልኦት ክልላት ኢትዮጵያ) ብበዝሒ ክመፃ ይኽእላ እየን። ኣብዚ ሐዚ እዋን እውን ኣብ ከባቢታት ወረዳ ጨርጨር ዝተኣኻኸባሉ ኩነታት ይርአ ኣሎ። እዚኣም እቶም ዋና ዋና እንትኾኑ ካብዚ ወፃኢ ዘይተፀበናዮም ከምኒኣምበጣ በረኻን ካልኦት ባልዓትን ኪጋጥሙ ከምዝኽእሉ ምርዳእ የድሊ።

ብድምር ሓረስታይ ትግራይ ዓመት ምሉእ ዝፀዓረሉን ጉልበቱ ዘፍሰሰሉ ምህርቲ ክሓፍስ ኣብ ክትትልን ክንክንን ዝራኦቱ ዝገብሮ ዘሎ ፃዕሪ ዝሐሸ እዩ። እዚ ግና ብሰብ ሞያ ሕርሻ፣ ዘመናዊ ቴክኖሎጅን እታዎታትን ክድገፍ ኣለዎ። ስለዚ ሓረስታይ ፍርያቱ ክሳብ ናብ ቆፎኡ ዘእቱ ግቡእ ክትትል ክገብር ንዝለዓሉ ባልዓት ብዋናነት ብባህላዊ መንገዲ ክክላኸል ካብዚ ሓሊፉ ንዝለዓሉ ባልዓት ድማ ኬሚካል ብኣግባቡ ክነፅግ ይግባእ።

ኩሎም ኣማራፅታት ማይ ብምጥቃም ድርቅን ጥምየትን ንከላኸል!

መልእኽቲ ሰናይ ትምኒት
ማሕበር ኣክስዮን ማይክሮ ፋይናንስ ኣደዳይ

ማሕበር ኣክስዮን ማይክሮ ፋይናንስ ኣደዳይ ኣብ ትሑትን ማእኸላይን ኢኮኖሚ ዝነብር ሕብረተሰብና ብፍላይ መነባብሮ ደቂ ኣንስትዮ ትግራይ ንምምሕያሽ ዕላማ ገይራ ዝተጣየሸት ትካል እያ። ብመሰረት እዚ ንዝሓለፉ ዓሰርተ ሓደ ዓመታት ዘይተሓለለ ፃዕሪ ብምግባር ልዕሊ ክልተ ቢልዮን ብር ልቓሕ ንልዕሊ 58 ሽሕ ተለቃሕቲ ዓማዊል ብምሃብ ማሕበረ ኢኮኖሚ ፀገሞም ኣብ ምፍታሕ ናይ ባዕላ ግደ እናተፃወተት ትርከብ። ትካልና ካብ ሕብረተሰብ ዕቋር ብምትእኽኻብ ልቓሕ ጉጅለን ውልቀን ብምሃብ እናሰርሐት ዝመፅአት ኮይና ኣብ ህፃናት ዕቋር 80 ምኢታዊ ጊዜ ገደብ፣ ካብ 10 ምኢታዊ ክሳብ 40 ምኢታዊ ፍሉይ ሓለፋ ወለድ ገይራ እያ።

ኣብ ክልልና ዘጋጠመ ኩናት ስዒቡ ኣብ ሕብረተሰብና ብፍላይ ፀገማት ደቂ ኣንስትዮን መናእሰይን ንምፍታሕ ኣዋፃእቲ ንዝኾኑ ስራሕቲ ቀዳምነት ብምሃብ ዝወሃቡ ግልጋሎታት ልቓሕ ዕድል ስራሕ ኣብ ምፍጣርን ከምኡ እውን ነባር ዓማዊል ትካል ኣብ ምጥንኻርን ምግፋሕን ትካልና ጠመተ ሂባ እናተንቀሳቐሰት ትርከብ። ኣብዚ ሐዚ እዋን ንደቂ ኣንስትዮ ጥራሕ ብውልቀ ብንግዲ ፍቓድን ተወሳኺ ውሕስናን ካብ 60 ሽሕ ክሳብ 120 ሽሕ ብር ልቓሕ ንምልቃሕ ዘኽእል ኣሰራርሓ ኣተኣታትያ ኣላ። ከምኡ እውን መናእሰይ ወነንቲ ሰለስተ እግረን ተሽከርከርቲ ክኾኑ ድማ እናገበረት እያ።

ካብዚ ብተወሳኺ ሓደሽትን ተጠለብትን መማረፅቲ ዘርፍታት ልቓሕ ካብቲ ልሙድ ኣካይዳ ወፃኢ ብውሕስና ሼር ሰርቲፊኬት፣ ዕቋር ባንክን ሊብሬ መኪናን ልቓሕ ንምልቃሕ ዘኽእል ኣሰራርሓ ትካልና ማይክሮፋይናንስ ኣደዳይ ኣተኣታትያ ትርከብ።

ዓማዊል ትካልና ዘለዎም ገንዘብ ኣብ ዝኾነ ጨንፈር ኣታውን ወፃእን ንምግባር ዘኽእል ቴክኖሎጂ “ኮር ባንኪንግ” ማይክሮ ፋይናንስ ኣደዳይ ብምትእትታው እውን ካብ ሶኑይ ክሳብ ቀዳም ኦንላይን ግልጋሎት እናሃበት እያ። ስለዚ ሓደሽትን ነባራትን ዓማዊልና ኣብ ትካልና ክትዓቕሩን ካብ ትካልና ክትልቅሑን በዚ ኣጋጣሚ ፃውዒት ክንገብር ንፎቱ። ርሑስ ሓዱሽ ዓመት 2018 ዓ/ም።

ኣብ ኣደዳይ ይዕቐሩ ካብ ኣደዳይ ይለቅሑ።
ኣደዳይ ማእገር ህዝቢ ትግራይ!!!

መልእኽቲ ሰናይ ትምኒት
ካብ ህዝብን ምምሕዳርን ወረዳ ስውሓ ሳዕሲዕ

ኣብ ውሽጢ ዓዲን ወፃኢን ትርከብ ፅኑዕ ተቃላሳይ ህዝብና እንኳዕ ንሓዱሽ ዓመት 2018 ዓ/ም ብሰላም ኣብፀሓኩም ኣብፀሓና እናበልና ሰናይ ትምኒትና ንገልፅ፡፡

ህዝብን ምምሕዳርን ወረዳ ሰውሓ ሳዕሰዕ ኣብዚ እዋን ገጢሙና ዘሎ ዕንቅፋትን ፈተናን ብፅንዓትን ብብቕዓትን እናመከትና ኣብ መኽተ ጀኖሳይዳዊ ወራር ዘርአናዮ ገድላዊ ፅንዓትን ውፍይነትን ብምጥንኻር ከይረብረብና ንቐፃሊ ዝተማልአን ምልኣተ ህዝቢ ዘዕሰለን ዓወት ንምርግጋፅ ኣብ ዘየቋርፅ ጉዕዞ ንርከብ፡፡ ወረዳና ቅድሚ እቲ ኣብ ልዕሌና ዝተፈፀመ ጀኖሳይዳዊ ወራር ኣብ ክልልና ካብ ዝረከባ ወረዳታት ልዑል ኢኮኖሚያዊ ዕብየት የመዝገባ ካብ ዝነበራ ወረዳታት ሓንቲ እያ ነይራ፡፡

ህዝቢ ወረዳ ሰውሓ ሳዕሲዕ ኣብ መኽተ ጀኖሳይዳዊ ወራር ልዑል ኣስተዋፅኦ እናገበረ ከም ህዝቢ ደቂ መሪቐ ናብ መኽተ ኣሰሊፉ ናብ ሰራዊት ትግራይ ዝለኣኸ፤ ሃፍቱን ንብረቱን ኣብ መኽተ ንዝርከቡ ደቁ ዘረከበን ፅኑዕ ደጀን ቃልሲ ኾይኑ ፀረ ወራር ዝመከተ ኮታስ ኩሉ ዝከኣሎ ብወነን ሕራነን እናፈፀመ ነዚ ሐዚ ተረኺቡ ዘሎ ተነፃፃሪ ሰላም ንምምፃእ ካብኡ ዝሕለ ኩሉ ዝገበረ ህዝቢ እዩ፡፡

ሐዚ እውን እንተኾነ ነዚ ገጢሙና ዘሎ ፖለቲካዊ ቅልውላው ኣብ ሓዱሽ ዓመት 2018 ዓ/ም መንፈስ ተቃላሳይነትና ብምሕዳስ ብዝለዓለ ሕራነን ወነን ከም ህዝቢ ዝገጠመና ፖሎቲካዊ ሕመቕ መኪትና ኣብ ልምዓትን ምርግጋፅ ሰናይ ምምሕዳርን ዝርኣዩ ፀገማት ንምቅራፍ ውዳበታትና ብምጥንኻር ልዑል ምንቅስቓስ ክንገብር ኢና፡፡

ለባም ደላይ ሰላምን ልምዓትን ዝኾነ ህብዝና ኣብ ጎኒ መሪሕ ውድቡ ህወሓት ተሰሊፉ ዝገብሮ ዘሎ ታሪካዊ ቃልሲ ንዘልኣለም ብወርቂ ቀለም ተፃሒፉ እናተኾለዐ ዝነብር ታሪካዊ ፍፃመ እዩ፡፡ ስለዝኾነ ሕዚ ስውኣትና ብልምዓት ንምድባስ ኣብ እንገብሮ ዘለና ዳግመ ህንፀትን ሕውየትን ስራሕትና ናብ ሽትኡ ንምብፃሕ ነቲ ኩሉ ዓይነት መስዋእቲ እናኸፈለ ዝመፀ ፃዕራም፣ ጅግና፣ ለባምን ትዕግስቲ ዝሕላገቱ ህዝብና ዝጀመሮ ቃልሲ ኣብ መፈፀምትኡ ክበፅሕ ኩሉ ኣብ ደገን ወፃኢን ዝርከብ ተወላዲ ወረዳናን ፈታዊናን ዝካኣሎ ድጋፍ ክገብር ንፅውዕ፡፡

ወረዳና ዝተፈላለዩ ክባራት መዓድናት፤ መስሕብ ቱሪዝም ዝኾኑ ገዳማት፤ ታሪኻዊ ቦታታትን ካልኦት ሃፍተ ገነታትን ዝወነነት፤ ንሕርሻ ኢንቨስትመንትን ዝተዓደለት ኣብ ዋና መስመር መቐለ ዓዲግራት ትርከብ ንመጓዓዝያ ቅርበት ዘለዋ ንዝተፈላለዩ ምርባሕ እንስሳትን ምህጣርን ምቸውቲ ስለዝኾነት ኣብ ወረዳና ብዝተፈላለዩ ኣማራፅታት ኢንቨስትመንት ክትነጥፉ ኣብ ውሽጢ ዓድን ደገን ዘለኹም ሰብ ሃፍቲ ተጋሩን ፈተውቲ ትግራይን እናፀዋዕና ህዝብን ምምሕዳርን ንኽእሎ ኩሉ ድጋፍ ከም ንገብር በዚ ኣጋጣሚ ክነረጋግፅ ንፎቱ፡፡

ሓዱሽ ዓመት 2018 ዓ/ም ናይ ሰላም፣ ፍቕሪ፣ ሓድነትን ልምዓትን እነረጋግፀሉ ዝተመዛበለ ህዝብና ናብ መረበቱ ዝምለሰሉ፤ ግዝኣታዊ ሓድነትና ዝረጋገፀሉ ሙሉእ ዓቕምናን ኣብ ዳግመ ሕውየትን ልምዓትን ምርግጋፅ ሰናይ ምምሕዳርን ክኸውን እናተመነና ደጊምና ርሑስ ሓዱሽ ዓመት 2018 ክኾነልና ንምነ፡፡

ክብርን ሞጎስን ንሰማእታትና!!
ህዝብን ምምሕዳርን ወረዳ ስውሓ ሳዕስዕ!!

ዓውደ - ትምህርቲ

ብምትሕብባር ምስንዳእ ጋዜጣ ወይንን
ቢሮ ትምህርቲ ትግራይን ዝዳሎ መደብ

ተስፋን ፈተናን ትምህርቲ

ቢሮ ትምህርቲ ትግራይ ድሕሪ ስምምዕ ሰላም ፕሪቶርያ ብዝተረኸበ ተነፃፃሪ ሃዋህው ሰላም ኣብተን ካብ ፀላእቲ ሓራ ዝወፃ ኣብያተ ትምህርቲ ሰፋሕቲ ዕማማት ሕውየትን ዳግመ ህንፀትን እናወገነ መፂኡ እዩ። ንኣብነት፣ ተምሃሮ ትግራይ ብሰንኪ እቲ ፅንተታዊ ኩናት ንልዕሊ ሰለስተ ዓመት ካብ መኣዲ ትምህርቲ ርሒቆም ምፅንሖም ኣብ ግምት ብምእታው መከሓሓሲ መደብ ዝተሳለጠ ትምህርቲ እናተተግበረ መፂኡ እዩ። ብመሰረት እዚ ተምሃሮ ኣብ ዓመት ክልተ ደረጃ ክሓልፉ ብምግባር ንዕድሚኦም ዝምጥን ደረጃ ትምህርቲ ንክህልዎም ዓብዩ ፃዕሪ ተገይሩ። ኣብያተ ትምህርቲ ትግራይ ብፀላእቲ ምሉእ ብምሉእ ክዓንዋን ክጉሓላን ስለዝተገበረ ንኪይዲ ምምሃር ምስትምሃር ኣዝዩ ፈታኒ ከምዝኾነ ይፍለጥ። እንተኾነ ግና ተምሃሮ ትግራይ ካብ ድንቁርና ክድሕኑ እንተኾይኖም ግድን ናብ መኣዲ ትምህርቲ ክምለሱ ይግባእ። ስለዝኾነ ነቶም ዝነበሩ ፀገማት ተፃዊርካ ምስብዙሕ ክፍተታቱ ትምህርቲ ክጅምር፣ ዝነደሉ ናውቲ ድማ ደረጃ ብደረጃ እናማላእካ ንምኻድ እዩ ተፈቲኑ። ብተወሳኺ ድማ ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ዘጋጠመ ዕንወት ዓቕሚ ዝፈቐዶ ዳግመ ህንፀት ንምክያድ ኣንፈት ተታሒዙ እናተሰርሐሉ መፂኡን ኣሎን። ብፍላይ ድማ ኣብ ዘበነ ትምህርቲ 2017 ዓ/ም ምስመዳርግቲ ኣካላት፣ ትካላት ምግባረ ሰናይን መላእ ሕብረተሰብን ብምውዳድ ልዑል ምንቅስቓስ ከምዝተገበረ ዓመታዊ ፀብፃብ ቢሮ ትምህርቲ ትግራይ የመላኽት።

ቢሮ ትምህርቲ ትግራይ ኣብ 2017 ዓ/ም ኣብ ትሕቲ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ኣብ ዝርከባ 1,953 ቀዳማይን 245 ካልኣይን ብርኪ ኣብያተ ትምህርቲ ልዕሊ ሓደ ነጥቢ ሰለስተ ሚልዮን (ካብ ትልሙ 53 ነጥቢ 98 ምኢታዊ) ተምሃሮ ተቐቢሉ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር እናሳለጠ ፀኒሑ እዩ። ኣብዚ ዕማም ካብ ክልል ክሳብ ወረዳ 23,054 ደቂ ኣንስትዮ ዝርከብኦም 48,633 መምህራንን ኣመራርሓ ትምህርትን ተሳቲፎም እዮም። ነዚ ዕማም ንምፍፃም ድማ ልዕሊ ሰለስተ ቢልዮን ብር ኣብ ጥቕሚ ውዒሉ ኣሎ። እቲ ቢሮ ካብ ዝሓዞም ቁልፊ መደባት ሓደ ምዕባይ ዓቕሚ ኣመራርሓ፣ ኣወዳድባን ኣሰራርሓን ትምህርቲ ዝተትሓዘ ሽቶ እዩ። ብመንፀር እዚ ንኣመራርሓ ትምህርቲ ብርክት ዝበሉ ስልጠናታት ዝተወሃቡ ኩነታት ኣሎ። ንኣብነት፣ ኣብ ሕውየት ስነ ልቦና፣ መዋቕራዊ መሪሕነት፣ ገምጋማዊ ስልጠና ከምኡ እውን ደቂ ኣንስትዮ ናብ መሪሕነት ንምምፃእ ዘኽእል ፍሉይ ስልጠና ተዋሂቡ እዩ። ካብዚ ብተወሳኺ ኣብ ምድላው ትልሚ፣ ኣተገባብራ ስርዓተ ትምህርቲ፣ ደገፍን ክትትልን፣ ኣብ ምምሕያሽ ኣብያተ ትምህርትን ካልኦትን ምስ ፈፀምቲ ኣካላት ብምሕዋስ ብርክት ዝበሉ መዕበዩ ዓቕሚ ስልጠናታት ክወሃብ እናተገበረ መፂኡ።

ብዘይካ እዚ፣ ንኣሰራርሓ ዝሕግዙ መምርሕታት ምስምውፃእ ተዛሚዱ እቲ ቢሮ ኣብቲ ዝሓለፈ ዓመት ዝዓመሞም ዓበይቲ ስራሕቲ ኣለዉ። ካብዚኦቶም እቲ ሓደ ደቂ ኣንስትዮ ናብ መሪሕነት ዝመፃሉ ግዝያዊ መምርሒ ምልመላን ምደባን ደቂ ኣንስትዮ ኣመራርሓ ቤት ትምህርቲ ደምቢ ቐፅሪ 3/2017 ብምውፃእ ኣብ ስራሕ ክውዕል ገይሩ። ካብኡ ሓሊፉ ብግዝያዊ ምምሕዳር ንዝወፀ መምርሒ ሓርበኛታት መፈፀሚ ደምቢ ምድላው፣ መምርሒ ዝውውር መምህራንን ኣመራርሓ ትምህርትን፣ መምርሒ ሽልማት መምህራንን ኣመራርሓ ትምህርትን ተዳልዮም ናብ ስራሕ ኣትዮም እዮም። ድሕሪ እዚ መምርሒ ምልመላ ኮሌጅ ንሰልጠንቲ መምህራንን ካልኦት ንኣሰራርሓ ዝሕግዙ መምርሕታት ብምውፃእ ናብ ባይታ ክወርድ ተገይሩ እዩ። ንኣብነት ንፀ83 መምህራን፣ 69 ኣመራርሓ ቤት ትምህርቲ፣ ሽውዓተ ጥሮታ ዝወፁ ናይ ዕድመ ዘበን መምህራን (ካብ ሕድ ሕድ ዞባ ሓደ)፣ ሽውዓተ ናይ ብሉፃት ብሉፃትን መምህራን ተሸለምቲ ኮይኖም እዮም። እዚ ጥራሕ ዘይኮነ ሽውዓተ ናይ ብሉፃት ብሉፅ ኣመራርሓ ቤት ትምህርቲ ካልኦትን ብድምር ንፀ79 መምህራን፣ ኣመራርሓ ቤት ትምህርትን ጡረተኛታትን ምስኣምባሳደር ትምህርቲ ትግራይ ናይ ክብሪ ዶክተር ዘርኡ ገ/ሊባኖስ ብምትሕብባር ናይ ገንዘብን ኣፍልጦ ምስክር ወረቐትን ሽልማት ክወሃቡ ተገይሩ እዩ።

ምስዕብየት መምህራን ተዛሚዱ ድማ ኣብ 2017 ዓ/ም 113 ደቂ ኣንስትዮ ዝርከብኦም 209 መምህራን ካብ ጀማሪ ናብ ማእኸላይ፣ ሓደ ሽሕን ዓሰርተን ደቂ ኣንስትዮ ዝርከብኦም 1,903 ድማ ካብ ማእኸላይ ናብ መምህር ዝዓበይሉ ዓመት እዩ። ብተወሳኺ ድማ 1,671 ደቂ ኣንስትዮ ዝርከብኦም 3,357 ካብ መምህር ናብ ላዕለዋይ መምህር፣ 1,190 ደቂ ኣንስትዮ ዝርከብኦም 2,459 ካብ ላዕለዋይ መምህር ናብ ተሓባባሪ መራሒ መምህር ዓብዮም። ብተመሳሳሊ 657 ደቂ ኣንስትዮ ዝርከብኦም 1,736 ድማ ካብ ተሓባባሪ መራሒ መምህር ናብ መራሒ መምህር ከምኡ እውን ንፀ605 ደቂኣንስትዮ ሓዊሱ 1,849 ካብ መራሒ መምህር ናብ ላዕለዋይ መራሒ መምህር ብድምር 11,179 መምህራን ዕብየት ክረኽቡ ከምዝተገበረ እቲ ፀብፃብ የቐምጥ።

ኣብ ቁልፊ መደብ ዝተትሓዙ ሽቶታት ኣብ ምዕዋት ምስኣመራርሓ ትምህርቲ ኣብ ምድላው ምዕራፍ ገምጋም ኣፈፃፅማ መደባት ሕሉፍ ዓመት፣ ክፍተት ዓቕሚ ሓለፍቲ ቤት ፅሕፈት ወረዳ ዝመልእ ሰልጠና ምሃብ፣ ደቂ ኣንስትዮ ናብ ኣመራርሓ ንምምፃእ ኣብ ዝተገበሩ ፃዕርታት ዝሓሸ ስራሕ ተሰሪሑ እዩ። ምስዝተፈላለዩ መንግስታውን ዘይመንግስታውን ትካላት ብምርድዳእ ድማ ኣብ ምዕባይ ዓቕሚ ዝተሰርሑ ስራሕቲ፣ ኣብ ሰራዊት ትግራይ ዝነበሩ ዲግሪን ልዕሊኡን መምህራንን ኣመራርሓ ኣብያተ ትምህርትን ናብ ስራሕ ክምለሱ ዝተገበረ ምንቅስቓስ እውን ብእወንታ ይግለፅ። ብዘይካ እዚ ብደረጃ ቢሮ ዘሎ ክፍተት ኣወዳድባ ንምፍታሕ ዝግበር ዘሎ ምትዕርራይ፣ ሕፅረት መምህር ደረጃ ብደረጃ ንምቅላል ኮሌጃት ኣብ ምጥንኻር ዘሎ ፃዕሪ፣ ሽልማት መምህራንን ኣመራርሓ ትምህርትን ዝፈጠሮ መንፈስን ዘተባብዕ ምኻኑ ብዋናነት ብጥንካረ ዝግለፅ እዩ።

ኣብ ዓበይቲ መደባት ዝተሰርሑ ስራሕቲ ምስክፍተታቱ ዋላ እውን እንተኾነ ብትልሚ ስራሕትኻ ክትፍፅም ዘሎ ድልውነት፣ ዘለው ፀገማት ተፃዊርካ መደባት ንምፍፃም ዘሎ ቅሩብነት፣ ኣብ ውልቀ ኣብያተ ትምህርቲ ዘሎ ምምሕያሽ ውፅኢት ተምሃሮ ዝሓሸ ምኺኑ ተገምጊሙ። ከምኡ እውን ንኣሰራርሓ ዝሕግዙ ዝተፈላለዩ መምርሒታትን ማንዋላትን ብምድላው ናብ ወረዳታትን ኣብያተ ትምህርትን ምውራዶም እውን ብጥንካረ ተወሲዱ። ብኣንፃሩ ድማ ክመሃሩ ዝግብኦም ተምሃሮ ናብ ማኣዲ ትምህርቲ ኣብ ምምፃእ ክፍተት ነይሩ እዩ። ኣብ ልዕሊ እዚ 416 ኣብያተ ትምህርቲ ሕዚ እውን ናብ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ስለዘይተመለሳ ኣብኡ ዘለው ዜጋታት ንተኸታታሊ ሽዱሽተ ዓመት ካብ ማኣዲ ትምህርቲ ወፃኢ ኮይኖም ይርከቡ። ኣብ ልዕሊ እዚ 86 ኣብያተ ትምህርቲ ብተመዛበልቲ ምትሓዘን፣ ናይ 17 ወርሒ ዘይተኸፈለ መሃያ መምህራን ብምህላዉ ነቲ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ከቢድ ፅልዋ ፈጢሩሉ እዩ። ፈፀምቲ ትምህርቲ ስራሕ ሰዓት መንግስቲ ብኣግባቡ ዘይምጥቃም (ንወልቀ ስራሕኻ ምውዓልን ውፅእ እትው ምባልን)፣ ስሉጥ ዝኾነ ፍሰት ሓበሬታ ኣብ ምልውዋጥ ማለት እውን ትምህርትን ስታቲስቲክስን መረዳእታ (ትስመ) ኣብ ምምላእ ዘሎ ክፍተት፣ ኣግባብነት ዘለዎ መረዳእታ ኣብ ምልኣኽን ምምላእን ከምኡ እውን ንፉሉይ ድሌት ተምሃሮ ናብ ትምህርቲ ኣብ ምምፃእ ዝነበሩ ክፈተታት ከምድኽመት ዝውሰዱ እዮም።

ደገፍን ክትትልን ብዝምልከት ኣብ 76 ወረዳታት፣ 42 ቀዳማይን 66 ካልኣይን ብርኪ ኣብያተ ትምህርቲ ብድምር 108 ኣብያተ ትምህርቲ ደገፍን ክትትልን ተገይሩለን እዩ። ብተወሳኺ ድማ ኣብ ኩለን ዳህሳስ ዝተኻየደለን ወረዳታት፣ ከተማታትን ኣብያተ ትምህርትን ምስ ኣመራርሓ ቤት ትምህርቲ፣ መምህራን፣ ወመተሕ (ወለዲ፣ መምህራንን ተምሃሮን ሕብረት)፣ ተወከልቲ ተምሃሮ፣ ሓለፍቲ ኣብያተ ፅሕፈት ትምህርትን ከምኡ እውን ተወካሊ ማሕበር መምህራንን ብምእካብ ግብረ መልሲ ዝተወሃበሉ ኩነታት ኣሎ። ኣብዚ ግና ካብ ቢሮ ክሳብ ኣብያተ ትምህርቲ ዘሎ ኣመራርሓ ትምህርቲ ብዝተወደበ መልክዑ ደገፍን ክትትልን ኣብ ምግባር፣ እቲ ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ዝወሃብ ደገፍን ክትትልን እውን ለዋጣይ ዘይምኻኑ፣ ኣብቲ ዝግበር ደገፍ ዝዓበየ እዋን ኣብ ምምሕዳራዊ ስራሕቲ ዘተኮረ ምኺን ዝኣመሰሉ ፀገማት ተራእዮም እዮም። ምስተሳትፎ ሰብ ብፅሒት፣ ዋንነትን መሪሕነትን ሕብረተሰብ ትምህርቲ ንምምሕያሽ ህዝባዊ ውዳበታት ትምህርቲ ከምወለዲ መምህራን ጉባኤ (ወመጉ)፣ ቦርድ ትምህርትን ስልጠናን (ቦትስ)ን ወለዲ፣ መምህራን ተምሃሮን ሕብረት (ወመተሕ)ን ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ብምጥያሽን፣ ኣብያተ ትምህርቲ ብምጥንኻርን ኣብ ምዝገባን ምኽታትን፣ ምቕናስ ምቁራፅ ተምሃሮ ዝሓሸ ምንቅስቓስ ነይሩ። ብዘይካ እዚ ምቕናስ ትሕቲ ዕድመ መርዓን ፆታዊ ጥቕዓትን ከምኡ እውን ኣብ ምድንፋዕ እቶት ቤት ትምህርቲ ዘሎ ጅማሮ ዘተባብዕ እዩ። ብድምር ኣብ 2017 ዓ/ም ብተሳትፎ ሕብረተሰብ ልዕሊ 508 ሚልዮንን 676 ሽሕን ብር ብጥረ ገንዘብ፣ ብጉልበትን ብንዋትን ከምዝተረኽበ እቲ ፀብፃብ የርኢ።

ብዘይካ እዚ፣ ሰብ ብፅሒት ትምህርቲ ብፍላይ ትካላት ገበርቲ ሰናይ ማለት እውን ዩኒሴፍ፣ ትካል ዓለምለኽ መድሕን ህፃናትን ካልኦትን ዘፈር ትምህርቲ ትግራይ ንምሕዋይ እናተንቀሳቐሱ ይርከቡ። ብሰንኪ እቲ ዝተፈፀመ ፅንተታዊ ወራር ዘፈር ትምህርቲ ትግራይ ካብ ሓይሊ ሰብ ጀሚሩ ኣብያተ ትምህርቲ ትግራይ ምሉእ ብምሉእ ዓንየን እየን። ብመሰረት እዚ ቢሮ ትምህርቲ ትግራይ ተበፃሕነት ትምህርቲ ንምምሕያሽ ምስዝተፈላለዩ ኣካላት እናሰርሐ መፂኡን ኣሎን። ካብኣቶም ብትካላት ገበርቲ ሰናይ ኣብዚ ዓመት ኣብ ተበፃሕነትን ዳግመ ህንፀትን ዝተሰሉ ስራሕቲ ምርኣይ ኣገዳሲ እዩ። ብመሰረት እዚ 154 ሓደሽቲ መምሃሪ ክፍልታት፣ ኣርባዕተ ህንፃታት ምምሕዳር(ኦፊስ)፣ 59 ዓይነ ምድር(ሽቻቕ)ን 46 ትካላት ማይን ተሰሪሖም ናብ ግልጋሎት ተሰጋጊሮም ይርከቡ። ፅገና ዝምልከት እውን 715 መምሃሪ ክፍልታት፣ 165 ዓይነ ምድሪ፣ 49 ትካላት ማይ ከምኡ እውን 2,140 ፅገና በሪ፣ መስኮትን መንደቕን ተገይሩ እዩ። ኣብዚ ዝወዓለ በጀት ድማ ልዕሊ 476 ሚልዮን ብር ከምዝኾነ እውን ኣብቲ ፀብፃብ ተቐሚጡ ኣሎ።

እዚ ከምዘሎ ኮይኑ ምስእታወታት ትምህርቲ ተዛሚዱ ብትካላት ገበርቲ ሰናይ ንኣብያተ ትምህርቲ ዝተበርከተ ሓገዝ ኣሎ። ንኣብነት፣ 10,835 ኮምባይንድ ዴስክ፣ 8,797 ወንበር፤ 85 እስፒከር፤ 9,814 ካርቶን ቾክ፣ 3,192 ጠረጴዛ፣ 97 ኣቁሑ ኤለክትሮኒክስ፣ 877 ፀሊም ሰሌዳ፣ 4,213 ናውቲ ስፖርት ንተምሃሮ ብሓገዝ ተበርኪቱ እዩ። እዚ ብገንዘብ እንትግለፅ ልዕሊ 103 ሚልዮን ብር ይግመት። ተምሃሮ መሊኦም ናብ ትምህርቲ ንምኽታት ዋና ሓገዝቲ ካብ ዝኾኑ ነገራት ሓደ ንትምህርቲ ዘድልዩ ናውትን ፅሕፈት መሳርሕን ምምላእን ምግብና ተምሃሮን እቶም ወሰንቲ ምኺኖም ምርዳእ የድሊ። ብመንፀር እዚ ኣብዚ ዓመት ልዕሊ 934 ሽሕን 332 ደፍተር፤ 366 ሽሕን 209 እስክርቢቶ፣ 124 ሽሕ እርሳስ፤ 22 ሽሕ ሓገዝቲ መፅሓፍቲ፣ 85 ሽሕን 568 መደምሰስ፣ 77 ሽሕን 547 መፅረቢ እርሳስ፣ 48,565 ቦርሳ ካልኦትን ንተምሃሮ ተሓጊዞም እዮም። እዚ ብገንዘብ እንትትመን ልዕሊ 250 ሚልዮን ይግመት። ምስምግብና ተምሃሮ ተኣሳሲሩ እውን 343 ሽሕን 270 ተምሃሮ ተጠቀምቲ ዝኾኑ ኮይኖም ነዚ ድማ ልዕሊ 666 ሚልዮንን 761 ሽሕን ብር ፈሰስ ተገይሩ እዩ። ብመሰረት እዚ ካብተን ኣብ ትሕቲ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ዘለዋ ቀዳማይ ብርኪ ኣብያተ ትምህርቲ ኣስታት 30 ምኢታዊ ተምሃሮ ተጠቀምቲ ምግብና ከምዝኾኑ የመላኽት።

ኣጠቓሊልካ እንትርኢ ትግራይ ድሕሪ ኩናት ፅንተት ካብቲ ዝበፅሓ ፅንወትን ሃሰያን መሊኣ ክትሓውን ዳግም ክትህነፅን እንተኾይና ኣብ ዘፈር ትምህርቲ ዓብዩ ትኹረት ሂብካ ምስራሕ ከምዘድሊ ዘተሓታትት ኣይኮነን። ካብዚ ዝብገስ ቢሮ ትምህርቲ ትግራይ ዘፈር ትምህርቲ ትግራይ መሊኡ ክሓውን ዝዓነዋ ትካላት ትምህርቲ ደጊምካ ንምህናፅን ንምፅጋንን ምስትካላት ገበርቲ ሰናይን መላእ ሕብረተሰብን ብምውዳድ ዝገበሮ ምንቅስቓስ ኣዝዩ ዝነኣድ እዩ። ኣብ ልዕሊ እዚ ተምሃሮ ብሰንኪ ሕፅረት ናውቲ ትምህርትን ምግብን ካብ መኣዲ ትምህርቲ ከይርሑቕ ዝገበሮ ሓገዝ እውን ተጠናኺሩ ክቕፅል ዝግብኦ እዩ። ብካሊእ መዳይ ኣብ ኣፈፃፅማ መደባት ዘለዉ ሓላፍ ዘላፉትን ክፍተታትን መሊኡ ክቕርፍን ፅሬት ትምህርቲ ንምርግጋፅን ኣበርቲዑ ክዓምም ከምዝግባእ ክስመረሉ ይግባእ ንብል።

በይዛ ህዝቢ ዝሓለፍኩም ጀጋኑና ሕድርኹም ኣይነዕብርን!!

ተጋድሎ

ስርሒት መኸተ ብኣንደበት ሰብ ቅያ

3ᵉን መወዳእታን ክፋል

ኣብ ዝሓለፈ ካልኣይ ክፋል፤ ኣባላት ምልሻ ወረዳ ሓውዜን ኣብ 2013 ዓ/ም ፀላእቲ ብኹሉ ኣንፊት ንዝኸፈትዎ ወራር ኩናት ፅንተት ንምምካት ዝፈፀምዎ መስተንክራዊ ስርሒትን፣ ጅግንነታዊ ተጋድሎን ከምኡ እውን ናይ በዓል ስውእ ወያናይ ገብረመድህን ገብረስላሴ (ገብረመድህን ጠላ)፣ ስውእ ወያናይ ኣብርሃ ቀይሕን ዝፈፀምዎ ታሪኽን ኣቕሪብና። ካብዚ ብተወሳኺ ጀጋኑ ኣባላት ምልሻ ወረዳ ሓውዜን ካብ ግምባር ሶበያ ተመሊሶም ኣብ ከባቢ ወረድኦም ምስ ዝተፈላለዩ ሓይልታት ፅንተት ከሳብ 19 ሕዳር 2013 ዓ/ም ይኳሸሑ ምንባሮም፤ ድሕሪኡ እቲ ኩነታት እናኸበደ ከምዝኸደ ዝብሉ ገድላዊ ታሪኻት ምቕራብና ይዝከር። ንሎሚ ድማ ሳልሳይን ናይ መወዳእታን ክፋሉ ከምዝስዕብ ቀሪቡ ኣሎ።

ጀጋኑ ኣባላት ምልሻ ወረዳ ሓውዜን ካብ 15 ክሳብ 19 ሕዳር 2013 ዓ/ም ምስ ሰራዊት ብልፅግናን ሻዕብያን ኣብ ዝተፈላለዩ ከባብታት ሓውዜን ለይትን ቀትርን ተኳሽሑ። ዕለት 18 ሕዳር ከባቢ ሰዓት 8 ናይ ቀትሪ እናተጓዓዙ እናሃለዉ ኣብ ከባቢ ጉዳለ ምስ በፅሑ ምስ ሓንቲ ቦጦሎኒ ሰራዊት ሻዕብያ ሃንደበት ፊት ንፊት ተራኸቡ። ኣብ ልዕሊ ድኻምን ጥምየትን ንሓደ ሰዓት ዝኣክል ሓያል ግጥም ገበሩ። ፀላኢ ኣብዚ ውግእ ኣስታት 15 ዝኾኑ ምውታት፣ 25 ቁሱላት ከሳራ ተጎልቢቡ ሃደመ። ምስይስይ ምስበለ ፀላኢ ከም ኣመሉ ብኸቢድ ብረት ገይሩ ዓንፆ ዓንፆ ናብ ከባቢ ማይተኽልን ፅጌሬዳን ናብ ህዝቢ ምድብዳብ ጀመረ። በዚ ደብዳብ ድማ ገዛውቲ ኣፍሪሱ፣ እንስሳት ቀቲሉ፣ ሓሰር ኣቃፀለ። ኣብተን ዝቐፀላ መዓልትታት እውን ምልሻ ሓውዜን ምስ ብዝተፈላለየ ኣንፊት ምስዝመፆም ወራሪ ፀላኢ ፊት ንፊት ገጢሞም እዮም።

ኣባላት ምልሻ ወረዳ ሓውዜን ህዝቦምን መሬቶምን ንዘይምድፋር ንኣስታት ክልተ ወርሒ ለይትን ቀትርን ብዘይዕረፍቲ እናጥቅዑን እናተኸላኸሉን ተረባረቡ። ድሕሪ 19 ሕዳር 2013 ዓ/ም ግን ልፍንታውያን ወረርቲ ብኹሉ ኣንፊት ፅዕንቶ ክፈጥሩ ጀመሩ። ኣብዚ እዋን እዚ እቶም ኣብ ሓንቲ ቦጦሎኒ ዝነበሩ ኣባላት ምልሻ ወረዳ ሓውዜን ብርኪ ሓደ በቲ ዝነበረ ኣወዳድባ ምቕፃል ከምዘይከኣል ተረድኡ። ብድሕሪ እዚ ኣስታት 450 ዝኾኑ ኣባላት ምልሻ ናብ ኣባላት ፍሉይ ሓይሊ ትግራይ ተሓወሱ። ገሊኦም ድማ ነናብ ከባቢኦም ብምኻድ ኣብ ብርኪ ክልተ ምስዝነበሩ ኣባላት ምልሻ ብምኻን ብዘይተወደበ መንገዲ ቃልሶም ቀፀሉ።

ኣመራርሓ ምልሻ ቦጦሎኒ ሓውዜን፤ ድሕሪ 19 ሕዳር 2013 ዓ/ም ነናይ ባዕሎም ተልእኾ ሒዞም ናብ ሰለስተ ኣንፊት ብክላስተር ተመዳደቡ። ዓዲ ሑፃን ከባቢ ሓውዜንን ሓደ ክላስተር፣ ዓይባ ምስ ክልተ ኣውላዕሎ ካልኣይ ክላስተር፣ ብደላ ከባቢ ምስ ተምቤንን ወርዒ ለኸን ዘለዉ ከባብታት ዘተኣሳስር ክላስተር ፈጢሮም መኸተኦም ንምጥንኻር ተንቀሳቐሱ። በዚ ኣቢሎም ምስ ውድቦምን ኣባላት ፍሉይ ሓይሊ ትግራይን ብምርኻብ ኩነታት ፀላኢ እናፅንው ነቲ መኸተ ንምሕያል ዘኽእሉ መደባት እናተቐበሉ ቀፀሉ።

ተልእኾኦም ንምፍፃም በብዝሓዝዎ ክላስተር ለይትን ቀትርን ፎቐዶ በረኻ እናተንቀሳቐሱ ህዝቢ ተስፋ ከይቆረፀ ክቃለስ፣ ብዕጥቅን ስንቅን ክድግፍ ኣለዓዓልዎ። ኣብ ብርኪ ሓደን ብርኪ ክልተን ተወዲቡ ዝነበረ ምልሻ እቲ ኩነታት ምስከበደ ተበታቲኑ በብውልቁ ዝቃለስ ዝነበረን ሓይሊ ምልሻ ዳግም ተወዲቡ ክቃለስ ተልእኾ ሒዞም ተረባረቡ።

ኣመራርሓ ምላሻ ቦጦሎኒ ሓውዜን ብኸፋል

ኣመራርሓን ኣባላትን ምልሻ ወረዳ ሓውዜን በዚ መንገዲ እዚ እናተቓለሱ እናሃለዉ ድሕሪ 19 ጥሪ 2013 ዓ/ም ዝተፈላለየ ተልእኾ ንምፍፃም ዝተወሰኑ ኣባላት ምልሻ ብክርቢት ተወዲቦም ክንቀሳቐሱ ጀመሩ። በዝሒ ኣባላት እዛ ክርቢት 150 እዩ። እዞም ብክርቢት ዝተወደቡ ጀጋኑ ኣባላት ምልሻ ወረዳ ሓውዜን በብግዚኡ ንዝውሃቦም ተልእኾ ሒዞም ተንቀሳቐሱ። ሰራዊት ሻዕብያን ኢትዮጵያን ናብ ዘለውዎ ሽሊኾም ብምእታው ኣብ ልዕሊ ፀላእቲ ሰብኣውን ንዋታውን ክሳራታት እናብፅሑ ፀላእቲ ክርዕዱን ተረጋጊፆም ኮፍ ክይብሉን ገበርዎም። ከምኡ እውን ንፀላእቲ ዘገልግሉ ዕሱባት ባንዳታት ካብ ተግባሮም ክቐጠቡ ብሕቡእ መኸርዎም። እምቢ ንዝበሉ ባንዳታት ድማ ለይትን ቀትርን ሃዲኖም ክሕዝዎም ተገደዱ። ኮታሰ እዞም ኣብ ክርቢት ዝተወደቡ ኣባላት ምልሻ ኩነታት ፀላኢ ኣፅኒዖም ሓበሬታ ንወገን ኣብ ምሃብ፣ ዝተማረኸ ንብረት ኣብ ምዕቃብ፣ ቁሱላትን ስውኣትን ብምልዓል ይኹን ካልኦት ተልእኾታት ሒዞም መኸተኦም ንምዕዋት ካብኦም ዝድለ ኩሉ ፈፀሙ። ኣብ ክርቢት ዝተውሃቦም ተልእኾ ድሕሪ ምፍፃሞም ድማ ዳግማይ ተኣምር ንምስራሕ ነቲ ውዳበ ኣፍሪሶም ናብ ኣባላት ሰራዊት ትግራይ ተፀምበሩ።

መስተንክራዊ ስርሒትን ጅግንነትን ኣባላት ምልሻ ወረዳ ሓውዜን በዚ ኣየብቀዐን። ኣባላት ምልሻ ብርኪ ሓደ ንበይኖምን ምስ ኣባላት ፍሉይ ሓይሊ ትግራይን ብምኻን ካብ 24 ጥቅምቲ ክሳብ 19 ሕዳር 2013 ዓ/ም ኣብ ዝተፈላለዩ ከባብታት እንትኳሽሑ ኣብ ብርኪ ክልተ ዝተወደቡ ሰብ ዕድመ ኣባላት ምልሻ ወረዳ ሓውዜን እውን በብጣብየኦምን ቁሽቶምን ኮይኖም ንምእማኑ ዘፀግም ታሪኽን ጅግንነትን ሰሪሖም እዮም።

ሰራዊት ሻዕብያን ብልፅግናን ምስ ኣባላት ፍሉይ ሓይሊ ትግራይን ምልሻታትናን እናተዋግኡ ብኣንፊት ነበለት፣ ወርዒ ኣቢሎም 14 ሕዳር 2013 ዓ/ም ናብ ሓውዜን ንምእታው ተንቀሳቐሱ። ከባቢ ሰዓት 9፡30 ድሕሪ ቀትሪ ኣብ ገጠራት ሓውዜን ምስ ኣባላት ፍሉይ ሓይሊ ኩናት ጀመሩ። ነዞም ፀላእቲ ንምምካት ኣብ ብርኪ ክልተ ዝነበሩ ውሱናት ኣባላት ምልሻ ወረዳ ሓውዜን ቁሽት እንኮዐነ ደርዓን ቁሽት ለለማን እውን ኣብ ከባቢኦም ዓሪዶም ንኣባላት ፍሉይ ሓይሊ ትግራይ ብምሕጋዝ ምስፀላእቲ ፊት ንፊት ገጢሞም ተሓናነቑ።

እቲ ውግእ ክሳብ ሰዓት 8 ናይ ለይቲ ብዘይምቁራፅ ቀፀለ። ፀላእቲ ዋላ እኳ ከቢድ ሰብኣውን ንዋታውን ክሳራ እንተተጎልበቡ ምስቲ ዝነበሮም በዝሒ ሰራዊትን ዘመናዊ ኣፅዋርን 15 ሕዳር 2013 ዓ/ም ረፋድ ናብ ከተማ ሓውዜን ኣተው። ሓይልታት ልፍንቲ በዝሒ ሰራዊትን ኣፅዋርን ፀብለልታ ዋላ እንተነበሮም ብኡ ልክዕ ብሰራዊት ትግራይን ኣባላት ምልሻን ዝበፅሖም ዝነበረ ክሳራ ከቢድ ነይሩ። ካብዚ ዝብገስ ዕሱብ ሰራዊት ሻዕብያ በብከባቢኡ ይበፅሖ ካብ ዝነበረ ሰፍ ዘይብል ስዕረትን ክሳራን ተበጊሱ “እቲ ኩነታት ክሕይለኩም እንተሎ ካብተን ኣእዱግ ብበዝሒ ተጠቐሙ” ዝብል መልእኽቲ ብሬድዮ እናሕለፈ ዝተጠለፈሉ ኩነታት ነይሩ። እዚ ማለት ካብ ሰራዊት ብልፅግናን ፋኖን ንቐድሚት ብበዝሒ ኣእቲኻ ግዳይ ሞትን መቐሰልትን ክኾኑ ዘገድድ ኩነታት ምንባሩ ምርዳእ ይከኣል።

ከምዚ ዝበለ ንምእማኑ ዘፀግም ሓያል ግጥም ንድሕሪት ምልስ ኢልካ ክትዕዘብ እንተለኻ ወታደራዊ ብቕዓትን ጅግንነትን ሰራዊት ትግራይን ምልሻታትናን መዳርግቲ ኣይነበሮምን። ብፍላይ ተኩስካ ንፀላኢ ብምውቃዕን ብምቕታልን ዓይኒ እንትርአ ኣባላት ፍሉይ ሓይልን ምልሻናን ውፅኢታውያን ነይሮም። ይኹን እምበር ፀላእቲ በብመዓልቱ ከቢድ ክሳራ እናተጎልበቡ እናሃለዉ በዝሒ ዘለዎ ሓይሊ ሰብን ኣፅዋርን ተጠቒሞም ግምባራት እናስፈሑ ንሰራዊትናን ምልሻናን ናብ መፃብብ ንምእታው ፀዓሩ። ፀላእቲ መበገሲኦም ከተማ ሓውዜን ገይሮም ብነበለት፣ ዕዳጋ ዓርቢ፣ መጋብ፣ ቆራሮ፣ ወርቃምባን ውቕሮን ገይሮም ንምውጋእ ተንቀሳቐሱ።

ሰራዊት ትግራይን ምልሻታት ሓውዜንን ብወገኖም ኩነታት ፀላኢ ብሓፂር ርሕቐት ለይትን ቀትርን እናተኸላኸሉ ቃልሶም ቀፀሉ። ኣብ ዝጥዕሞም ግዜን ቦታን ንፀላኢ እናጥቅዑ፣ እናተኸላኸሉ ፀላእቲ ከምዝርብርቡ እናገበሩ በብግዚኡ ዓበይቲ ዓወታት ኣመዝገቡ። ብሰንኪ እቲ ኩነታት ውዳበ ምልሻታት ወረዳ ሓውዜን ምስፈረሰ ኣባላት ምልሻ እዚ ወረዳ ገሊኦም ምስሰራዊት ትግራይ ገሊኦም በብውልቆም ኮይኖም ብዝገርም ፅንዓትን ጅግንነትን ምስሸሾ ሰራዊት ተዋጊኦም ታሪኽ ሰርሑ። ከምእኒ ጅግና ወያናይ እምባፍራሽ ገብረመድህን፣ ኣቦይ ሃይለማርያም ተላ፣ ሰይፉ ኣፅበሃ፣ ኪዳኑ ወለንሰአን ካልኦት ጀጋኑ ኣባላት ምልሻ ወረዳ ሓውዜንን በብጣብየኦምን ቁሽቶምን ድፋዕ ሒዞም ብጅግንነት እናተዋግኡ ብከብሪ ተሰውኡ። ብፍላይ ጅግና ወያናይ እምባፍራሽ ገብረመድህን ዓዱን ህዝቡን ንዘይምድፋር ብጅግንነት እናተዋግአ ኣብ ልዕሊ ፀላእቲ ከቢድ ሰብኣዊ ክሳራ ኣብፀሑ። ድፋዕ ሒዙ ንፀላእቱ ከምቆፀሊ እናርገፎም እንተሎ ብጥይት ፀላኢ ተወቒዑ ክቡር መስዋእቲ ኸፈለ። እዚ ጅግና ኣብ ልዕሊ ፀላኢ ዘብፀሖ ክሳራ ረዚን ብምንባሩ ፀላእቲ ብመስዋእቲ እዚ ጅግና ኣይዓገቡን። ካብዚ ዝብገስ ወያናይ እምባፍራሽ ድሕሪ ምስውኡ እውን እንተኾነ ፀላእቲ ኣብ ሓደ ኦም ብገመድ ኣሲሮም ብኻራ ገይሮም ከምጤል ሓሪዶም ኣንጠልጢሎም ገደፍዎ።

ፀላኢ ናብ መላእ ትግራይ ምስኣተወ ኣብ ከተማ ሓውዜን ዓሪዱ ካብኡ እናተበገሰ በብኸባቢኡ እናኸደ ምውጋእ ቀፀለ። 12 ታሕሳስ 2013 ዓ/ም ብርክት ዝበለ ሓይሊ ፀላኢ ናብ ከባብታት ጣብያ ሓየሎም፣ ሞዝተይ፣ ደጋምባ፣ ደብረኣባይ ከጥቅዕ ተንቀሳቐሰ። ንኩነታት ፀላኢ ዝከታተሉ ዝነበሩ ውሱናት ኣባላት ምልሻ ወረዳ ሓውዜን ድፋዕ ሰሪሖም ኣድብዮም ብምፅናሕ ኣብ ልዕሊ ፀላኢ ዓበይቲ ዓወታት ኣመዝገቡ። ኣብዚ ውግእ ሬሳ ዝሓዛ ኣርባዕተ ኦራል፣ ካልኦት 6 ኦራል እውን ቁሱላት ፅዒነን ናብ ከተማ ሓውዜን ዝኣተዋሉ ኩነታት ምንባሩ እቶም ሰብ ታሪኽ የዘንትዉ። ጀጋኑ ኣባላት ምልሻ ወረዳ ሓውዜን ኣብዚ ውግእ እዚ ብዘይከሳራ ዓብዩ ዓወት ኣመዝጊቦም ናብ ዝጥዕሞም ከባቢ ኣበሉ።

17 ታሕሳስ 2013 ዓ/ም እውን ብተመሳሳሊ 5 ዕጡቕት ምልሻ፣ 5 ድማ ጀለ /ዕጥቂ/ ዘይነበሮም ኣባላት ብምኺን ኣብ ሓደ ከባቢ ኮይኖም ኩነታት ፀላኢ የፅንዑ ነበሩ። ኣብዚ እዋን እዚ ሓደ ውሱን ሓይሊ ዘለዎ ፀላኢ ከባቢ ሰዓት 10፡30 ኣጋምሽት ካብ መቐለ ተበጊሱ ብኣንፊት ውቕሮ፣ ብእንዳኣብርሃ ወኣፅብሃ፣ ድጉም ገይሩ ንሓውዜን ይመፅእ ነበረ። እቲ ዝጓዓዝ ዝነበረ ፀላኢ ኮሎኔል ተፈራ ሽጉጤ ዝተብሃለ መራሒ ሰራዊት ብልፅግና ኮይኑ፤ ብኣርባዕተ ፓትሮል ገይሩ ምስ ገለ ዓጀብቱን ኦፕሬተራቱን ብድምር 17 ኣባላት ሒዙ እንትመፅእ ምስቶም 5 ብረት ዝሓዙ ውሱናት ሰባት ኣብ መንገዲ ሃንደበት ተራኸቡ። እዚ ሓይሊ እዚ ብድብያ እቶም ውሑዳትን ተባዓትን ኣባላት ምልሻ ተመከተ። ብዘይካ እታ ሓንቲ ፓትሮል ካልኦቶም ነቲ ኮሎኔል ሓዊሱ ምሉእ ብምሉእ ተደምሰሱ። እዚ መራሒ እዚ ቅድም ክብል ሓውዜን ማእኸሉ ገይሩ ንነበለት፣ ዕዳጋ ዓርቢ፣ ቆራሮን ወርቃምባን ኣማእኺሉ ዝመርሕ ዝነበረ ፀረ ህዝቢ ትግራይ ዝኾነ ኮሎኔል እዩ ነይሩ። ነዚ ዕሉል ፀረ ህዝቢ ዝኾነን መራሒ በብግዚኡ ካበይ ናበይ እናተኸታተሉ ዝፀንሑ ኣባላት ምልሻ ወረዳ ሓውዜን ኣድብዮም ብምፅናሕ ነቲ መራሒ ቀቲሎም ሰራዊቱ ብፍርሒ ከምዝሕቆን ገበርዎ።

ናብ ገፅ 17 ይዘውር

መግለፂ ቅዋም ክልላዊ መድረኽ “ወፍሪ ብሄራዊ ሓድነት!”

“ብሄራዊ ሓድነት ንምውሓስ ብሄራዊ ህላወን ድሕንነትን!” ብዝብል መራሒ ሓሳብ ካብ 1-2 ጳጉሜን 2017 ዓ/ም ንኽልተ መዓልቲ ዝተኻየደ መድረኽ ኣመራርሓ ትግራይ ብዓል ፡፡ ነጥቢ መግለፂ ቅዋም ብምውፃእ ምዝዛሙ ይዝከር።
ሙሉእ ትሕዝቶ እቲ ቅዋም ስዒቡ ቀሪቡ ኣሎ።

መግለፂ ቅዋም መድረኽ ክልላዊ ኣመራርሓ!
ብሄራዊ ሓድነት ንምውሓስ ብሄራዊ ህላወን ድሕንነትን ትግራይ!

1. መእተዊ
ንሕና ኣብዚ “ወፍሪ ንብሄራዊ ሓድነት” ብዝብል ስያመ ካብ ዕለት ሓደ ክሳብ ክልተ ጳጉሜን 2017 ዓ/ም ንኽልተ መዓልቲ ዝተኻየደ ክልላዊ መድረኽ ዝተሳተፍና ልዕሊ 800 ላዕለዎት ኣመራሓ ትግራይ ዕውት ምይይጥ ብምክያድ መድረኽና ብዓወት ዛዚምና ኣለና።
እዚ እነካይዶ ዘለና መድረኽ ወፍሪ ብሄራዊ ሓድነት ዝኽሪ መበል 82 ዓመት ቀዳማይ ወያነ ትግራይ፣ ጀጋኑ ወለድና ኣንፃር ምልካዊ ስርዓት እምቢታ ኣብ ዘርኣይሉን ንቃልሲ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ እውን ከምመንጠሪ ዝተጠቐምናሉን ድሙቕ ታሪኽ ወለድና ምኳኑ ፍሉይ ይገብሮ።
ህዝቢ ትግራይ ኣብ መዋእል ታሪኹ ከበድቲ ናይ ህልውና ፈተናታትን ወራራትን እናጋጠምዎ ነዚኦም ብቓልሲ፣ ፅንዓትን ጅግንነትን እናመከተ መንነቱን ታሪኹን ዓቂቡ ዝመፀ ህዝቢ እዩ። እዚ ህዝቢ፣ ካብ ስላጣንኡን ታሪኹን ብዘጥረዮ ተመኩሮ ስልጡን፣ ፍትሓዊ፣ ኣብ መንነቱ፣ ታሪኹን ክብሩን ዘይዋገ፣ ምእንተ እዚ ኩሉ ዓይነት መስዋእቲ ንምኽፋል ድልዊ ዝኾነ ተቓላሳይ፣ ፅኑዕን ጅግናን ህዝቢ እዩ። ህዝቢ ትግራይ፣ ንታሪኹን መንነቱን ክብል ዝኽፈሎ መስዋእቲ፣ ዘርኣዮ ፅንዓትን ጅግንነትን ካብ ባሕሪ ብጭልፋ ጉዕዞ እቲ ዝሓለፈ ሓምሳ ዓመት እንተርኢና እኹል ምስክር እዩ። ስርዓት ደርጊ ንዝነበሮ ሽሾ ሰራዊትን በቲ እዋን ካብ ናይ ደገ መንግስታት ይረኽቦ ንዝነበረ ሓገዝ ዘበናዊ ኣፅዋርን ጋዕ ገልጠምን ተኣማሚኑ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ኩሉ ዓይነት ግፍዒ ፈፂሙ እዩ። ወድብና ህወሓት እግሪ ከይተኽለ ንምጭፍላቕ እውን ተደጋገምቲ ክባታትን ወራራትን ኣካይዱ። እንተኾነ ግን ህወሓትን ህዝቢ ትግራይን ህዝባዊ ዕላማ ተሓንጊጦም ብፅንዓት ስለዝተቓለሱ ኣብ መወዳእታ ተዓዊቶም። መሓውራት ደርግ እውን ምስ ሽሾ ሰራዊቱን ጋዕገልጠሙን ተሓምሺሹ።
ኣብቶም ዝሓለፉ ዓመታት ህዝቢ ትግራይ ንምጥፋእ ትግራይ ድማ ካብ ካርታ ንምድምሳስ ብልፍንቲ ብምድርን ኣየርን ንዝተኸፈተ ጀኖሳይድ እውን ህዝብና ከምቲ ልሙድ ኣብ ቅኑዕ ዕላምኡ ተሰሊፉ ካብ ጫፍ ክሳብ ጫፍ ከቲቱ ኣብ መስመር ምርግጋፅ ሃለዋትን ድሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ረቢቡ ዓለም ዘስደመመ ሓዱሽ ቅያ ሰሪሑ መኪቱ እዩ። ብሳላ ቃልሲ፣ ፅንዓትን ጅግንነትን ድማ ተኹሲ ደው ኢሉ ኣብ ቅድሚ ዓለም ውዕሊ ፕሪቶርያ ክፍረም ተገይሩ። እንተኾነ ግን እቲ ህዝብና ብውግእ ንምጥፋእ ዝተኣወጀ ቅሉዕ ጀኖሳይድ ደኣ ደው በለ እምበር እቲ ሰላሕታዊ ፅንታ ግን ኣይተገትአን። መንግስቲ ኢትዮጵያ ነቲ ውዕሊ ንምፍፃም ዘኽእል ፍቓደኝነት ስለዘየርአየ ዓበይቲ ትሕዝቶታት እቲ ውዕሊ ዛጊድ ኣይተፈፀሙን። ህዝብና ኣብ ትሕቲ ፀላእትን መዓስከራትን ኮይኑ ይፀንትን ይሳቐን ኣሎ። ኣብ ልዕሊ እዚ፣ እቲ ውዕሊ ብቕሉዕ ዝጥሕሱ ተግባራት ፕሮፖጋንዳ ፅልኢ፣ ተግባራት ክልከላ ነዳድን ኣብ ዓፋርን ምዕራብን ህዝቢ ትግራይ ዝህውኹ ዕጡቕት ይምልመሉ፣ ይስልጥኑን ይዕጠቑን ኣለዉ። ካብዚ ሓሊፉ ንተፈጥሮኣዊ፣ ሰብኣውን ሕገ መንግስታውን ሕቶታት ህዝቢ ትግራይ ድማ ዓሪፍኩም እንተዘይተቐሚጥኩም ከምቲ ዝሓለፈ ዘይኮነስ “መሊእና ክነጥፈኣኩም ኢና” ዝብል መልሲ ይወሃብ ኣሎ። እዚ ስለዝኾነ ብሄራዊ ህልውንናን ድሕንነትን ህዝብና ንምውሓስ “ብወፍሪ ብሄራዊ ሓድነት” ዝተሰነየ ምልኣተ ህዝብናን ኩሎም ስትራቴጂኻ ዓቕምታትናን ናብ ዘበርኽ ተግባር ንምእታው ወሲንና ተላዒልና ኣለና።
ነዚ መሰረት ብምግባር ድማ ንሕና ኣብዚ ክልላዊ መድረኽ ዝተሳተፍና ላዕለዎት ኣመራርሓ ትግራይ በዓል ፡፡ ነጥቢ መግለፂ ቅዋም ኣውፂእና ኣለና።

2. መግለፂ ቅዋም
1. ህዝቢ ትግራይ ኣብ ሰላም ካብዘለዎ ፅኑዕ መትከል ብምብጋስ ፀገማቱ ብሰላምን ብውዕሊ ፕሪቶርያን ክፈትሕ ተደጋገምቲ ሕቶታት ክቕርብ ፀኒሑን ኣሎን። ይኹን እምበር ነዚ ሕቶ ቅኑዕን ልባውን መልሲ ኣብ ክንዲ ምሃብ ብመዳይ መንግስቲ ኢትዮጵያ ንኹሎም ሕቶታትን ፀገማትን ህዝቢ ብሽርሕን ተንኮልን ከምኡ እውን ብሓይሊ ብረት ንምዕፃፃንን ንምጭፍላቕን ዝግበር ምንቅስቓስ ቀፂሉ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ሓደጋ ብሄራዊ ሃለዋትን ድሕንነትን ኣንፀላልዩ ኣሎ። ፈለማ ንፖለቲካዊ ፀገም ፖለቲካዊ ፍታሕ ምሃብ እምበር ተፈጥሮኣዊ፣ ሰብኣውን ሕገ መንግስታውን ሕቶታት ንዘቕርብን ህዝባዊ ዕላማ ሒዙ ንዝቃለስን ህዝቢ ብሓይሊ ብረትን ቴክኖሎጂን ምዕፃፃንን ምጭፍላቕን ከምዘይክኣል ካብሕሉፍ ትምህርቲ ተወሲዱ ሕዚ እውን ውዕሊ ፕሪቶርያ ክትግበር ደጊምና ፃውዒት ነቕርብ። ብምቕፃል ንሕና ኣብዚ መድረኽ ዝተሳተፍና ላዕለዎት ኣመራርሓ ብወፍሪ ብሄራዊ ሓድነት ዝተሰየመ ስትራቴጂካዊ ዓቕምታት መኽተና ዘብርኽን ዘናቕንቕን ተግባራት ብምፍፃም ብሄራዊ ሃለዋትን ድሕንነትን ህዝብና ብብቕዓት ንምርግጋፅ ዘኽእል ኩሉ መዳይ ምድላው ክንብር ወሲንና ኣለና።
2. ብሄራዊ ሓድነት ህዝቢ ትግራይ ምንጪ ኩሉም ዓወታትና እዩ። ስለዝኾነ እውን እዩ ፀላእቲ፣ ቢልዮናት በጀት ኣፍሲሶም ሓድነት ህዝብና ንምዝራግ ብዕቱብ ዝሰርሑ ዘለዉ። ስለዝኾነ ነዚ ምነጪ ብሄራዊ ዓወትና ዝኾነ ብሄራዊ ሓድነትና ንምዝራግ ንዝግበሩ ከባብያዊ ምልዕዓላትን ድሕረታትን ብዕቱብ ከምእንቃለሶምን ከምዘይንዕገሶምን ብምርግጋፅ ብሄራዊ ሓድነትና ኣብ መኽተና ዝተለመደ ወሳኒ ተርኡ ክፃወት “ብወፍሪ ብሄራዊ ሓድነት” ካባና ዘድሊ ኩሉ ስራሕ ክንትግብር ምኳንና ነረጋግፅ። ኣብዚ መዳይ ዝተፈለየ ፖለቲካዊ መርገፂ ዘለዎም ግን ድማ ኣብ ምውሓስ ሃለዋትን ድሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ትኹረት ገይሮም ምስዝሰርሑ ከምዘይንዕገሶምን ብምርግጋፅ ብሄራዊ ሓድነትና ኣብ መኽተና ዝተሳመደ ወሳኒ ተርኡ ክፃወት “ብወፍሪ ብሄራዊ ሓድነት” ካባና ዘድሊ ኩሉ ስራሕ ክንትግብር ምኳንና ነረጋግፅ። ኣብዚ መዳይ ዝተፈለየ ፖለቲካዊ መርገፂ ዘለዎም ግን ድማ ኣብ ምውሓስ ሃለዋትን ድሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ትኹረት ገይሮም ምስዝሰርሑ ዓቕምታት መኽተና ዝኾኑ ፖለቲካዊ ውድባት ሓበራዊ ፎረም ብምጥያሽ ብሓባር ከምንሰርሕ እናገለፅና ካብዚ ሓሊፉ ብሽም ፖለቲካዊ ኣፈላላይ ሃለዋትን ድሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ናብ ዋጋ ዕዳጋ ንዘቕርቡን ንዝጎድኡን ወፍርታት ድማ ስርዓት ክሕዙን ተሓታትነት ክረጋገፅን ብፅንዓት ከምእንሰርሕ ቃል ንኣቱ ።
3. ውድብና ህወሓት ብሳላ ዘይተሓለለ ቃልሲ ኣባላቱን ህዝብናን ብደገን ውሽጥን ብምንባብ ካብ ዝተደገሰሉ ጥፍኣት ምብትታን ኣብ መበል 14 ውድባዊ ጉባኤኡ ክድሕን ክኢሉ እዩ። ማእኸል ፖለቲካዊ ሽኻል ትግራይና ኮይኑ እውን ተበታቲኖም ዝነበሩ ስትራቴጂካዊ ዓቕምታት ትግራይና ሓድነቶም ንኽጠናኽሩ ዓበይቲ ፃዕርታት የካይድ ኣሎ። ውድብና፣ ህዝብና ገጢምዎ ዘሎ ሓደጋ ህልውና በዲሁ ክወፅእን ናብ ቀፃሊ ባህግታቱ ክሰጋገርን ታሪኻዊ፣ ሞራላውን ሕጋውን ግቡኡ ምእንታን ክፍፅም ውድብና ንምፅራይን ንምጥንኻርን ካባና ትፅቢት ዝግበር ቃልሲ ከምእንብር ቃል ንኣቱ።
4. ሰራዊትና ዕርድን ዋልታን መኽተና፣ ዋሕስ ሃለዋትናን ድሕንነትናን እዩ። ነዚ ሰራዊት ንምጥንኻር ብዕቱብ ከምእንሰርሕ እናረጋገፅና ነዚ ዋሕስ ትግራይና ዝኾነ ሰራዊትናን ኣመራርሕኡን ብምብታን ኣቢልካ ህዝብና ናብ ሓደጋ ንምእታው ብዝተፈላለዩ መንገድታት ንዝካየዱ ወፍርታት ፀለመ ካብዚ ዕለት ጀሚሩ ደው ክብል እናተሓሳሰብና ነዚ ሰጊሩ ንዝቕፅል ወፍሪ ፀለመ ስርዓትን ተሓታትነትን ክረጋገፀሉ ከምእንሰርሕ ቃል ንኣቱ፡
5. ብሳላ ናይ ኩሎም ስትራቴጂካዊ ዓቕምታትና፣ ብፍላይ ድማ ብዘይሕለል ቃልሲ ህዝብና፣ ጊዚያዊ ምምሕዳር ትግራይ ካብቲ መሳርሒ ፀላኢ ኮይኑ ይብትነና ዝነበረ ጠላም ጉጅለ ተላቒቕ ከምብሓዱሽ ተመሳሪርዩ እዩ። ነዚ ስዒቡ እዚ ውዳበ ብሄራዊ ረብሓ ህዝቢ ትግራይ ንኽረጋገፅ ዝቃለሱ ሓይልታት ዝዕብልልዎ ውዳበ ኮይኑ ኣሎ። ስለዝኾነ ጊዚያዊ ምምሕዳር ዝያዳ ክጠናኸር፣ መደባቱ ካብ ላዕሊ ክሳብ ታሕቲ ብምንባብን ብምትእስሳርን ንምፍፃም ዘኽእሎ ስራሕቲ ብዕቱብ ከምእንሰርሕ እናረጋገፅና ክረምታውን ቀፀልትን መደባትናን ኣወሃህባ ግልጋሎትን መደባት ጊዚያዊ ምምሕዳርና ብቕኒት ብሄራዊ ህልውናን ምርግጋፅ ረብሓታትን ትግራይ ክምርሑን ክፍፀሙን ወሲንና ኣለና።
6. ህዝቢ ትግራይ ልዕሊ ቕፅሩ ታሪኽ እናሰርሐ ዝመፀ ዝተወደበ ህዝቢ ስለዝኾነን ነዚ ህዝቢ ዘንቀሳቕሱ ህዝባዊ ውዳበታት ስለዘለውዎን እዩ። ነዚ እውን እዩ ፀላእትና ኣብ ምፍራስ ውዳበታትና ትኹረት ገይሮም ክሰርሑ ዝፀንሑን ዘለውን። ስለዝኾነ ብወገንና ነዞም ሽኻልን ዕርድን ብሄራዊ ሃለዋትና፣ ምንጪ ጥንካረና ዝኾኑ ውዳበታትና ንምጥንኻር ቆሪፅና ከምዝተልዓልና ብምርግጋፅ ካብ ላዕሊ ክሳብ ታሕቲ፣ ኣብ ውሽጢ ዓድ ይኹን ኣብ ወፃኢ ዘለኹም ደቂ ትግራይ ውዳበታትኩም ዝያዳ ክተጠናኽሩን ብመንፈስ ምውሓስ ሃለዋትን ድሕንነትን ህዝብና ዝያዳ ክትዳለውን ፃውዒትና ነቕርብ።
7. ኣብ መኽተ ትግራይ ኣብ ውሽጢ ዓድን ወፃእን ዝርከቡ ስሩዓትን ዘይስሩዓትን ትካላት ሚድያን ሰብ ሞያ ሚድያን፣ ሰብ ሞያ ኪነ ጥበብ ህዝብና ፀኒዑ ብሕራነን ጅግንነትን መኪቱ ሃለዋትን ድሕንነቱን ከረጋግፅ ዘይትካእን ብወርቂ ቀለም ዝፅሓፍን ታሪኽ ተሰሪሑ እዩ። ሕዚ እውን ነዚ ታሪኻዊ ገድሊ ኣጠናኺሮም ዝቕፀሉ ትካላትን ሰብ ሞያ ሚድያ ከምኡ እውን ሰብ ሞያ ስነ ጥበብ ኣለዉ። ድሕሪ ምፍራም ውዕሊ ፕሪቶርያ ብፍላይ ኣብ ትካላት ሚድያን ሰብ ሞያ ሚድያን ዝነበረ ብሄራዊ ዓቕሚ ናብ ሓደጋ ዝኣተወ ኮይኑ ልዕሊ እዚ ግን ኣንፃር ብሄራዊ ሃለዋትናን ድሕንነትናን ዝተሰለፉን ንህዝብናን መኽተናን ዝጎድኡን ተግባራት እናተፈፀሙ ፀኒሖም እዮም። እዚ ተግባር ሕዚ መልክዕ ክሕዝ ግድን ኣብዝብለሉ መድረኽ ኣለና። ስለዝኾነ፤ ሚድያታትናን ሰብ ሞያ ሚድያናን ንዕውትነት ህዝባዊ መኽተና ክውዕሉ ብወገንና ግቡእና ከምእንፍፅም ቃል እናኣተና ኣብ ውሽጢ ዓዲ ይኹን ኣብ ወፃኢ እትርከቡ ትካላትን ሰብ ሞያ ሚድያን ኮሚኒኬሽንን ድማ ተግባራትኩም ንምርግጋፅ ሃለዋትን ድሕንነትን ህዝብና ብዘውሕስ ኣግባብ ክትመሳረረፁ፣ ኣብ ምውሓስ ሃላዋትን ድሕንነትን ህዝብና ሽኺሌኩም ክትቃለሱ ዝፀናሕኹም ድማ ሕዚ እውን ቃልስኹም ኣጠናኺርኩም ክትቕፅሉ ፃውዒትና ነቕርብ።
8. ሕዚ እውን ንሰላም ካብ ዘለና ፅኑዕ መትከል ብምብጋስ ምስኩሎም ህዝብታት ብፍላይ ድማ ምስጎረባብትና ዝኾኑ ህዝቢ ኣምሓራ፣ ዓፋርን ሱዳንን ከምኡ ድማ ተጀሚሩ ዘሎ ርክብ ሰላም ህዝብታት ትግራይን ኤርትራን ዝያዳ ክጠናኸር ከምእንድግፎ ነረጋግፅ።
9. ኣብዚ ታሪኻውን ወሳንን መድረኽ ኮይንና መንግስቲ ኢትዮጵያ ንስትራቴጂካዊ መትከል ሰላም ህዝቢ ትግራይ ብምርዳእ ሕዚ እውን ንሰላምን ሕቶ ፖለቲካዊ ፍታሕን ቅሩብ ክኸውን፣ ውዕሊ ፕሪቶርያ ክትግበር፣ ሕገ መንግስታዊ ሉኣላውነትና ክረጋገፅን ዝተሰደዱን ዝተፈናቐሉን ወገናትና ምስውሕስ ፀጥተኣምን ምምሕዳሮምን ክምለሱ ንፅውዕ።
10. ማሕበረሰብ ዓለም፣ ህዝቢ ትግራይ ዘቕርቦ ዘሎ ቅኑዕን ፍትሓውን ሕቶ ክሰምዕን ውዕሊ ፕሪቶርያ ክትግበርን ፀቕጢ ምግባር ማለት ኣብዚ ሃገርን ዞባን ውሑስ ሰላም ምስምርግጋፅ ኣተኣሳሲሩ ክሪኦ ንፅውዕ።
11. ኣብ መወዳእታ፤ ንሕና ላዕለዎት ኣመራርሓ ትግራይ ኩሎም ስትራቴጂካዊ ዓቕምታትና ብምትሕብባርን ብምድላውን ስቓይ ህዝብና ክሓፅር፣ ካብዚ ገጢምዎ ዘሎ ሓደጋ ብሄራዊ ህላወን ድሕንነትን ወፂኡ ናብ ቀፃሊ ውሑሱን ርህውን ባህግትታቱ ክሰጋገር ናይ ምግባር ሕጋዊ፣ ታሪኻውን ሞራላውን ግቡእ ከምዝተሰከምና ንኣምን። ስለዝኾነ በዚ ኣዊጅናዮ ዘለና ወፍሪ ብሄራዊ ሓድነት ንብሄራዊ ሃለዋትን ድሕንነትን ህዝብና ንምርግጋፅ ለይትን ቀትርን ብፅንዓትን ጅግንነትን ከምእንቃለስ ቃል ንኣቱ!

ብሄራዊ ሓድነት ንምውሓስ ብሄራዊ ህላወን ድሕንነትን ትግራይ!
ዘለኣለማዊ ዝኽርን ክብርን ንሰማእታትና!
2 ጳጉሜን 2017 ዓ/ም
መቐለ

ወፍሪ ... ካብ ገፅ 1 ዝዞረ

ክረጋገፅን ቀዳምነት ተዋሂቡ ክስራሕ ከምዘለዎ ድማ ኣገንዚቦም፡፡
እቶም ካብ ክልል ክሳብ ዞባን ወረዳን ዝተኻየዱ መድረኻት ዉሁይ ዘተን ምርድዳእን ዝጠልብ ጉዳይ ብሄራዊ ሓድነት ዋኒን ህልውና ምኳኑ ዘስመርሉ እንትኸውን፤ ከምህዝቢ ሓድነትና ኣጠናኺርና ህላወና ነረጋግፅ ማለት ኩናት ምዕዳም ማለት ከምዘይኮነን ተጋሩ ኣብ መዋእል ታሪኽና ዝጀመርናዮ ኩናት ከምዘየለን ሓቢሮም። ይኹን እምበር ናብ መረበትና መፂኦም “ከነጥፈኣኩም ኢና፤ ክንጭቁነኩም” ንዝብሉና ከምዘይንቕበል ናይ ትማሊ፣ ሎምን ፅባሕን ዘይነቓነቕ መትከልና ምኳኑ ፈታውን ፀላእን ክፈልጥ ይግባእ ብምባል ብኣፅንኦት ኣተሓሳሲቦም፡፡ ሐዚ እውን ብሄራዊ ክብርናን መንነትናን ኣውሒስና መሰል ዓርሰ ውሳነና ክሳብ ዝኽበር ፍትሓውን ሰላማውን ቃልስና ክንቅፅል ኢና ክብሉ ገሊፆም፡፡
እቶም ተሳተፍቲ፣ መሰል ዓርሰ ውሳነና ከይረጋገፅ፣ ሉኣላዊ ግዝኣትና ከይኽበር፣ ተመዛበልትና ምስ ፀጥተኣምን ምምሕዳሮምን ውሑስ ብዝኾነ መንገዲ ንከይምለሱ ፀላእትና ቀትርን ለይትን ይሰርሑ ከምዘለዉ ብምግላፅ፤ ልዕሊ ኩሉ ድማ ሓድነትና ተጠናኺሩ ንከይቕፅልን ናብ ንቡር ንከይምለስን እናሰርሑ ፀኒሖም፤ ሕዚ እውን ኣጠናኺሮም ይቕፅልሉ ኣለዉ ኢሎም። እቲ ኩነታት ሕዚ እውን እናኸፍአ ይኸይድ ምህላዉ፣ “ብቴክኖሎጂ ከነጥፍኣኩም ኢና” ክሳብ ምባል ከምዝተበፅሐ፣ ከምህዝቢ ንሃለዋትናን ድሕንነትናን ብሓድነት ክንረብብን ክንዳሎን፤ እቲ ምድላው ድማ ኩናት ብርሑቕ ዘትርፍ ክኸውን ከምዘለዎ ብምግላፅ ግዘ ከይሃብና ብሓባር ክንቃለሶም ይግባእ ክብሉ ኣስሚሮምሉ።
ኣብቶም መድረኻት ዝተልዓለ ካሊእ ጉዳይ ኣፈፃፅማ ውዕሊ ፕሪቶርያ ዝምልከት እንትኾን ተሳተፍቲ ከምዝሓበርዎ፣ ሰኣን እቲ ውዕሊ ምትግባር መሬትና ብወረርቲ ተታሒዙ ተመዛበልቲ ወገናትና ብሕማምን ጥምየትን ይረግፉ ኣለዉ። ስለዚ እዚ ውዕሊ ንከይትግበር ሓኒቕ ሒዝዎ ዘሎ መንግስቲ ፌደራል ምኳኑ ተረዲእና ነዚ ዝብድህ ቃልሲ ምክያድ የድሊ። ብፍላይ ድማ ውዳበታትና ክነጠናኽር ይግባእ ኢሎም፡፡ ፀላኢ፣ ውዳበታትና ንምፍራስ ዘይገበሮ ውዲት የለን ዝበሉ እቶም ተሳተፍቲ፤ ነዚ ተረዲእና ካብ ጉጅለ ልምዓት ጀሚሩ ኩለን ውዳበታትና ንምጥንኻር ክንሰርሕን ዓቕምታት መኽተ ዝያዳ ክንሰጠጠምን ክሰምርን ኣለዎ ክብሉ ገሊፆም፡፡
ኣብቶም ካብ ክልል ክሳብ ጣብያ ብርኪ ብሽም “ወፍሪ ብሄራዊ ሓድነት ንምውሓስ ብሄራዊ ህላወን ድሕንነትን ትግራይ” ዝተኻየዱ ህዝባዊ መድረኻት፤ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ህልውን ቀፀልትን ሓደጋታቱ ብምዝታይ ካብዞም ሓደጋታት መውፅኢ ብሕታዊ መንገዲ ሓድነቱ ኣስጢሙ ምቅላስ ምኳኑ ኣብ ምሉእ ምርድዳእ በዒሉ ከምዝተዛዘመ ህወሓት ኣብ ዘውፅኦ መግለፂ ምሕባሩ ይዝከር፡፡

ማይን ኢነርጅን

ብምትሕብባር ምስንዳእ ጋዜጣ ወይንን
ቢሮ ማይን ኢነርጅን ትግራይን ዝዳሎ መደብ

ማይ ገዲፍካ ብማይ ምሟት ይኣክል!

ጠቕላላ ስፍሓት መሬት ትግራይ ሓሙሽተ ነጥቢ ኣርባዕተ ሚልዮን ሄክታር ኮይኑ ካብዚ እቲ ሓደ ነጥቢ ሰለስተ ሚልዮን ሄክታር መሬት ተሓራሲ እዩ። ካብቲ ተሓራሳይ መሬት ጉልበት ሓረስታይ ብምጥቃምን ኣናእሽተይ ትካላት መስኖ ብምስራሕን ልዕሊ 150 ሽሕ ሄክታር መሬት ብመስኖ ክለምዕ ዝኽእል እዩ። ከምኡ እውን ማእኸለዎት ትካላት መስኖ ብምህናፅ ተወሳኺ 350 ሄክታር ዝለምዕ ኮይኑ፣ ዓበይቲ ትካላት መስኖ እንትስርሓ ድማ ጠቕላላ ብመስኖ ክለምዕ ዝኽእል መሬት ትግራይ ክሳብ 650 ሽሕ ሄክታር ክበፅሕ ከምዝኽእል መፅናዕትታት ቢሮ ማይን ኢነርጅን ይሕብሩ።

ልዕሊ 650 ሽሕ ሄክታር መሬት ብመስኖ ክለምዕ ዝኽእል ግና እቲ ብውሑጅ መልክዕ ናብ ሰለስተ ዓበይቲ መፋስሳት ማለት እውን መረብ፣ ዳናከልን ተከዘን ዝኸይድ ትሽዓተ ነጥቢ ሰለስተ ቢልዮን ኩቢክ ሜትር ማይ ናብ ክርሰ ምድሪ ክሰርፅ እንተሎን ካብ ክርሰ ምድሪ ወፂኡ ኣብ መስኖ እንትውዕልን እዩ። ዛጊድ ብምኽንያት ዝካየዱ ዘለዉ ምዕጋት መፋስሳትን ሩባታትን መጠን ክርሰ ምድሪ ካብ ዓመት ናብ ዓመት እናወሰኸ ከምዝኾነ መረዳእታ እቲ ቢሮ ይሕብር። እዚ እውን ኣብ መብዛሕቲኡ ክባቢ ዝኳዓቱ ጎዳጉዲ ካብ 20 ክሳብ 30 ሊትሮ ብሰከንድ ዘውፅኡ ኮይኖም፤ ኣብ መሬት ራያ ግና ካብ 70 ክሳብ 80 ሊትሮ ብሰከንድ ማይ ይወፅእ ከምዘሎ ብሰብ ሞያ መስኖ ዝተረጋገፀ እዩ። ኣብዚ ምሉእ መፅናዕቲ መስኖ ንምክያድ ሰፊሕ ባጀት ዝደሊ ስለዝኾነ እዚ ዝተገለፀ ዳታ ኣብ 100 ሽሕ ሄክታር "ፖተንሻል" (ውህልል ዓቕሚ) መስኖ ብኽፋል ካብ ዝተኻየደ መፅናዕቲ ከምዝኾነ ምክትል ቢሮ ሓላፍን ዳይሬክተር ቀረብ መስኖ ማይን ኣይተ ተስፋኣለም ገብረ ይገልፁ።

ኣብ መወዲእታ 2012 ዓ/ም ኣብ ትግራይ ዝነበረ ልምዓት መስኖ ምሉእ ፅንዓትን ዲዛይንን ተገይርሉ ነይሩ። ኣብዚ 71 ሽሕን 517 ነጥቢ ትሽዓተ ሄክታር መሬት ብመስኖ ክልምዕ ዝኽእል ፖተንሻል ማይ ነይሩ። እዚ ድማ ን4,450 ደቂ ኣንስትዮ ዝርከበኦም 215 ሽሕን 494 ወገናት ተጠቀምቲ ዝገብር ከምዝነበረ እቶም ምክትል ሓላፊ የረድኡ። ኣብቲ ዓመት ተጠቃምነት ልምዓት መስኖ ሓረስቶት ከበርኽ ዝኽእል ትልሚ ማእኸለዎትን ዓበይትን ትካላት መስኖ ተትሒዙ ነይሩ። እዚ እውን ኣብ መስኖ ኣድሂቦም ምስ ዝሰርሑ ገበርቲ ሰናይ ትካላት (FSRP, PACT, DRDIP, ሰቕጣ ቃል ኪንን ካልኦትን) ዝፍፀሙ ስራሕቲ እዮም ነይሮም። ኣብቲ ዓመት 32 ሽሕን 148 ካብ ኣናእሽተይ ክሳብ ዓበይቲ ትካላት መስኖ ክህነፁ ትልሚ ዝተትሓዘሎም ዝነበረ ኮይኑ እዚ ድማ 88 ሽሕን 741 ሄክታር ተወሳኺ ፖተንሻል ወይ ዓቕሚ መስኖ ዝፈጥር እዩ ነይሩ። እቲ መደብ እንተዝዕወት እቲ ብመስኖ ተጠቃሚ ዝኾን ሓረስታይና ናብ 266 ሽሕን 223 ክብርኽ ይኽእል ከምዝነበረ ኣይተ ተስፋኣለም የረድኡ።

ኣብ 2013 ዓ/ም ኣብ ትግራይ ዝተኻየደ ኩናት ፅንተት ስዒቡ እቲ ክብፃሕ ዝተሓሰበ ፖንተሻል መስኖ ይኹን ተበፂሑ ዝነበረ ክያዶ ናብ ድሕሪት እዩ ተመሊሱ። እዚ ብኣብነት ንምርኣይ፤ ብፀላእቲ ዝዓነዋን ዝተሰረቓን በዝሒ ትካላት መስኖ ማይ 3,285 እንትኾና፤ ነዚኣን ከምመሳለጢ ዘገልግላ ዝነበራ ብውልቀን ሓባርን ዝውነና ሰሓብቲ ማይ ሞተራት ልዕሊ 13 ሽሕ ተሰሪቐንን ተቓፂለንን እየን። ድሕሪ ውዕሊ ሰላም ፕሪቶርያ ብዝተገበረ ዳህሳስዊ መፅናዕቲ መጠን ዕንወት ፖተንሻል መስኖ ካብ 71 ሽሕን 517 ነጥቢ ትሽዓተ ሄክታር መሬት ብመስኖ ክልምዕ ዝኽእል ናብ 45 ሽሕ ዝወረደ ኮይኑ ተጠቀምቲ መስኖ ድማ ቅድሚ ወራር ን4,450 ደቂ ኣንስትዮ ዝርከበኦም 215 ሽሕን 494 ወገናት ተጠቀምቲ ዝገብር ዝነበረ ናብ 27 ሽሕን 157 ደቂ ኣንስትዮ ዝርከበኦም 58 ሽሕን 551 ኣንቆልቀሉ እዩ። ብምኺኑ ብኩናት ዝዓነወ ኢኮኖሚ ትግራይ ናብ ንቡር ቦትኡ ንምምላስ ወረዳታት ብመሰረት ዝሓዝዎ ትልሚ ኣብ ስራሕቲ መፅናዕትን ዲዛይንን፣ ፅገናን ኦፕሬሽንን ደገፍ እኳ እንተተገበረ ብሰንኪ ሕፅረት በጀት፣ ነዳዲን በዓል ሞያን ግና ክንድቲ ዝድለ ዝኸደ ኣይኮነን።

ኣብ ዝሓለፈ ዕፅዋን ክባን ምስግዜን ኩነታትን ዝኸዱ ኣብ ዓርሰ ምርኮሳ ሰፋሕቲ ስራሕቲ ተሰሪሖም እዮም። እዚ እውን ዝነበረ መማረፅን መዋፅኦን ልምዓት ኣብ ስራሕቲ መስኖ ዝሓሸ ስራሕ ንምስራሕ ኣብ ውልቀን ሓባርን ዒላ፣ ዓሞቕትን ማእኸለዎትን ጎዳጉዲ መስኖ ማይ ሓረስታይ ብውልቀን ሓባርን ብምኳን ጥራሕ ዘይኮነስ ምስሰብ ሃፍቲ እቲ ክባቢ ብምትሕብባር ብሚልዮናት ዝቐፀር ገንዘብ ወፂኢ እናተገበረ ካብ መንግስቲ ሞያዊ ድጋፍ እናረኸበ ብዓርሰ ምርኮሳ ሰፋሕቲ ስራሕቲ ተሰሪሖም እዮም። እዚ ብኣብነት እንትርአ ኣብ ተደራቒ ዝብሃል ክባቢ ኣብ ወረዳ ሰውሓ ሳዕሲዕ ዙርያ ክተማ ዕዳጋ ሓሙስ ፉሉይ ቦታ ሰውነ ሓደ ብዓል ሃፍቲ ብ4 ነጥቢ 2 ሚልዮን ብር ነቲ ሕብረተሰብ ዝኹዓቶ ጉድጋድ 30 ሊትሮ ብሰከንድ እትፍልፍል ነቲ ሕብረተሰብ ኣረኪቡ እዩ። ኣይተ ደስታ በርሀ ዝተብሃለ ተወላዲ ራያ ኣብ ክልተ ማሕበራት ንዝተወደቡ መናእሰይ ናብ ስደት ኣይትኸዱ ኢሉ ውህሉል ዓቕሚ ማይ ጉድጋድ ኹዒቱ እንተረክበም ኣመራርሓ እቲ ክባቢ እውን ንመስኖ ዝውዕል መሬት ኣማቻቸዩሎም እዩ። ካብ እዋን ናብ እዋን እናማዕበለን እናወሰኸን ዝኸይድ ዘሎ ድልየት ልምዓት ምስፍሕፋሕ መስኖ ማይ፤ ንሕቶ ሓረስታይ ዝምልስ ኣሰራርሓን ድልውነትን ብዝግባእ ብምርዳእ ፅቡቕት ስራሕቲ ተሰሪሖም እዮም። ቐረብ መስኖ ማይ ምስዝተፈላለዩ ትካላት ገበርቲ ሰናይ ብምርድዳእ ኣብ ማሕበራት መስኖ ማይ ዝሓሸን ውፅእታውን ስራሕ ተሰሪሑ እዩ። መስኖ ካብ ላዕሊ ክሳብ ታሕቲ ትኹረት ንክህልዎ ምስቢሮ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ኣብ ዝግበሩ ገምጋማት ቐረብ መስኖ ማይ ከምዓብዩ ተግባር ከውሰድ ከምዘለዎን ቐፃሊ ትኩረት ከምዘድለዮን ኣብ ምርድዳእ ከምዝተበፅሐ ኣይተ ተስፋኣለም የረድኡ።

ኣብ 2017 ዓ/ም ኣብ ዞባ ደቡብ ወረዳታት ራያ ዓዘቦን ራያ ጨርጨርን ብዓርሰ ምርኮሳ ዝተጀመረ ምንቅስቓስ ውዳበ ማሕበራት መስኖ ማይ፤ ናብ ኩለን ዞባታት ትግራይ ብምስፍሕፋሕ ልምዓት መስኖ ኣብ ኢኮኖሞያዊ ለውጢ ምምፃእ ዝሐሸ ኣረኣእያ ተፈጢሩ ኣሎ። ሓረስቶት ብውልቀን ብጉጅለ እናተወደቡን ኣብ ዒላታትን ማእኸለዎትን ዓሞቕትን ጎዳጉዲ፣ ኣብ ፅገና ዳይቨርሽንን ግድባትን፣ ፅገናን ዕድጊትን ትራንሰፎርመር፣ መለዋወጢ ኣቐሑ ወዘተ ዝሐሸ ምንቅስቓስ ይገብሩ ኣለዉ። ማሕበራት መስኖ ማይ እውን ዓቕሚ መንግስቲ ብምርዳእ ምስትካላት ፋይናንስ፣ ሰብ ሃፍትን ተወለድትን ዝተፈላለዩ ሓገዝን ዕድላት ልቓሕን እናረኽባ ይርከባ። እዚ ድማ ምንቅስቓስ መስኖ ዘላቕነት ክህልዎ መሰረት እናትሓዘ ይርከብ።

እዚ ከምዚ እናሃለወ ኣብ 2017 ዓ/ም ብዝተፈላለዩ ገበርቲ ሰናይ ትካላት ኣብ ዝተፈላለዩ ወረዳታት 126 ፅንዓቶም ዝተጠቓለሉ ትካላት መስኖ ኣለዉ። እዞም ትካላት ማይ ዘልምዕዎ መጠን መሬት 5,662 ነጥቢ 56 ሄክታር እዩ። እዚ መጠን ስፍሓት መሬት ብመንፅር ተጠቀምቲ እንትረአ 4,309 ደቂ ኣንእስትዮ ዝርከበኦም 19 ሽሕን 831 ወገናት ተጠቀምቲ ዝገብር መፅናዕትን ዲዛይንን ስራሕቲ ተወጊኑ ኣሎ። እቲ ካሊእ ኣብቲ ዓመት ዝተሰርሐ ን351 ነባር ማሕበራት ምጥንካርን ን49 ሓደሽቲ ማሕበራት ምዉዳብን እዩ ነይሩ። እዚ እውን 9,094 ደቂ ኣንስቲዮ ዝርከበኦም 32 ሽሕን 529 ሓረስቶት እቲ ትልሚ እንትፍፀም ተጠቀምቲ ዝገብር ከምዝኾነ መብርሂ ኣይተ ተስፋኣለም ይሕብር።

ቅድሚ ፅንተታዊ ኩናት ሓረስቶት ብስራሕቲ ዓርሰ ምርኮሳ ዓበይቲ ጎዳጉዲ ምኹዓት ኣብ መረብ ምኢቲ እዩ ተጀሚሩ ነይሩ። ብሰንኪ ፅንተታዊ ኩናት ተቐሪፁ ድሕሪ ምፅናሕ፤ ኣብ 2017 ዓ/ም ቀፂሉ ወረዳታት እምባ ኣላጀ፣ ጋንታ ኣፈሹም፣ ራያ ጨርጨር፣ እንዳ መኾኒ፣ ፃዕዳ እምባ ሕድሕደን ሓደ ሓደ፣ እንደርታ ኣርባዕተ፣ ራያ ዓዘቦ ሽዱሽተ ብድምር 15 ጎዳጉዲ ተኺዲተን እየን። እዘን ጎዳጉዲ ናብ ልምዓት ድሕሪ ምስግጋረን ልዕሊ 80 ማሕበራት "ጎዳጉዲ ክንኩዕት" ዝብል ሕቶ ኣቕሪበን ኣለዋ። እዚ ከምዚ እናሃለወ ብህዝቢ ዝለዓሉ ሕቶታት ድማ ኣለዉ። "መስኖ ብስፍሓት ይሰርሑልና፣ ኣብ ሕሉፍ ዓመታት ዝተጀመሩ ፕሮጀክትታት ይጠቓለሉና፣ ብኩናት ዝዓነዉ ትካላት ማይ መስኖ ከምብሓዱሽ ይፀገኑልና፣ ብዝሓለፉ ዓመታት ዘይተኸፈሉ ክፍሊታት፣ ህንፀት፣ መፅናዕቲ ዲዛይን ኣብቲ ቢሮ ዘሎ ሰራሕተኛ ዘልዕሎ ሕቶ ጥቕማጥቕን ዕብየትን ካልኦትን ይወሃበና፣ ሽፋን "NGO" ዘይብልና ወረዳታት ብፍሉይ ንርአ" ዝብሉ ሕቶታት የልዕል ኣሎ።

ኣይተ ተስፋኣለም ገብረ፤ ምክትል ቢሮ ሓላፍን ዳይሬክተር ቀረብ መስኖ ማይን

ከምቢሮ ኣብቲ ዳይሬክተሬት ዘድሊ ሓይሊ ሰብ ንምምላእ ኣብ ሰራዊት ትግራይ ዘለዉ 19 ሰብ ሞያ እንተዝምለሱ ብዝሓሸ መልክዑ እቲ ፀገም ምተቓለለ ዝብል እምነት ኣሎ። እቲ ምንታይ ምጥያሽን ምጥንካርን ተጠቀምቲ ማሕበራት መስኖ ማይ ብኣዋጅ 258/2007 ዓ/ም ዝተውሃበ ስልጣን ኮይኑ ኣብ ቢሮ ይኹን ኣብ ወረዳ ነዚ ዝተመደበ ሓይሊ ሰብ ስለዘየለ እቲ ዳይሬክተር ቀረብ መስኖ ማይ ክሳብ መንግስቲ መፍትሒ ዘቐምጠሉ ተወሳኺ ስራሕ ብውክልና ክሳብ ወረዳ ብምውራድ ስራሕቲ እናተሰርሐ ብምህላዉ ዓቕምታት ክባታተን ገይርዎ እዩ። እዚ ኮይኑ ኣብ ኣፈፃፅማ መደባት ዝነበሩ ጥንካረታት ነቲ ህልው ኩነታት ዘገናዘበ ትልምን ኣወፋፍራ ሓይሊ ሰብን ጥቡቕ ዝኾነ መሪሕነት እናዓረፈሉ ብውሱን ሓይሊ ሰብ እቲ ስራሕ ተዓሚሙ እዩ። መብዛሕትኡ ሰራሕተኛ እውን ውፉይን ዝተውሃበ መደብ ብትግሃትን ብቅንዕናን ዝሰርሕን እዩ።

"እዞም ካብ ህዝቢ ብዝተወደበ መልክዑ (ብውልቀ፣ ብጉጅለን ማሕበራትን) ዝቐርቡ ጠለባትን ሕቶታትን ህዝቢ ንምምላስ ቢሮ ማይን ኢነርጅን ምስዝምልከቶ ኣካል ኮይኑ ክሰርሕ እዩ።" ይብሉ ኣይተ ተስፋኣለም። እዚ እውን እቶም ዝተፀንዑን ካብ ዓቕሚ ክልል ንላዕሊ ኣብ ዝኾኑ ዓበይቲ ጎዳጉድን ግድባትን ንምፅጋንን ንምምሕያሽን ምስመንግስቲ ፌደራል ምርድዳእን ምትሕግጋዝን ወሳኒ እዩ። ብፍላይ ኣብ ራያ ዘለዉ ዓሞቕቲ ጎዳጉዲ መብራህቲ፣ ፓምፕን ክልኦትን ፀገማት ምፅጋንን ምምሕያሽን የድሊ። ብሰብ ሞያ ወረዳን ጉልበትን በጀትን ህዝቢ ብምጥቃም ካናል ፀረጋ፣ መሳገሪ ምስራሕ፣ ሞተር ፅገና ወዘተ ንምክያድ ዘኽእል ስራሕቲ ምስላጥ እቲ ዝዓበየ መደባት እቲ ቢሮ ተገይሩ ይስረሐሉ ከምዘሎ ሓቢሮምልና ኣለዉ።

ካሊእ ኣብ ምውዳብን ምጥንካርን ማሕበራት መስኖ ትኹረት ብምግባር ምስራሕ የድሊ። ነባራት መስኖ ተጠቀምቲ ማሕበራት ምጥንካርን ሓደሽቲ ማሕበራት ምዉዳብን ቀዳማይ ስራሕ 2018 ዓ/ም ምኳኑ ይገልፁ እቶም ም/ሓላፊ ቢሮ። ኣብ ስራሕቲ መስኖ ማሕበራት ዝጠናኸሩን ዝውደቡን ክረአ ከሎ ድማ ን500 ነባር ማሕበራት ንምጥንኻር መደብ ዝተትሓዘ እንትኾን፤ እዚ መደብ 9,100 ደቂ ኣንስትዮ ዝርከበኦም 32 ሽሕን 535 ወገናት ተጠቀምቲ ዝገብር እዩ። ብዘይካ እዚ፤ 100 ሓደሽቲ ማሕበራት ንምዉዳብ ብዘሎ ትልሚ 1,720 ደቂ ኣንስቲዮ ዝርከበኦም 6,500 ተጠቀምቲ ንምግባር ክስራሕ እዩ። እዚ ንምፍፃም ስጡም ስርዓት ደገፍን ክትትል ሰብ ሞያን ኣመራርሓን ምክያድ ወሳኒ ይኸውን።

ብድምር ትግራይ ዕቑር ሃፍቲ ማይን ብመስኖ ክለምዕ ዝኽእል መሬትን እናሃለዋ ሓረስታይ ህዝብና በቲ ዝድለ ደረጃ ተጠቃማይ ኣይገበርናዮን። ዘለና ፖተንሻል መሊእና እንተተጠቒምና ፀሙ ዝሓድር መሬትን ሰብን ኣይህሉን። ብፍላይ ነቲ ኣረኣእያን ረብሓን ዘይጠመተ ቁፅሩ ዘይናዓቕ መናእሰይ ትግራይ ዝኸዶ ዘሎ ጌጋ መንገዲ ክእረም ምስራሕ የድሊ። ማይ ገዲፍካ ብማይ ምሟት ክሓስበሉን ይኣክል ክብሎን ኣለዎ። እዚ ኣብ መረበትና ዘሎ ሃፍቲ ማይ ኣብ ረብሓ ክውዕል እንተኾይኑ ህዝብና ብፍላይ ድማ መንእሰይና ምስ ኣብ ገፅ ምድርን ከርሰ ምድርን ዘሎ ማይ ከባቢኡም ክራኸቡ ኣለዎም። ኣብ ዓዶም እኹል ሃፍቲ ማይን 650 ሽሕ ሄክታር መሬት ዝኣክል ብመስኖ ክለምዕ ዝኽእል ቦታን ገዲፍካ ድራር ዓሳ ምኺን መሕዘኒ እዩ። ብሓፂሩ ኣብ ትግራይ ድሕሪ ዕፅዋን ክባን ማዕቢሉመፂኡ ዘሎ ዓርሰ ምርኮሳ ሓረስታይ ዘዕቢ መደብ መናእሰይ ከጠናኽርዎ ይግባእ።

መጋባእያ

ብምትሕብባር ምስንዳእ ጋዜጣ ወይንን
ቢሮ ሰላምን ፀጥታን መንግስቲ ትግራይን ዝዳሎ መደብ

ዝተወደበ ፃዕርን ውፅኢትን

ኣብ ወረዳ ዛና ኣብ እዋን ልፍንታዊ ወራርን ድሕሪኡን ዝተፈጠሩ ከበድቲ ፀገማት ፀጥታ ሕብረተሰብ ኣብ ከቢድ ስግኣት ከወድቕን ብሰላም ወፊሩ ንክኣቱ ውሕስና ክስእንን ምኽንያት ኮይኖምዎ እዮም። እቲ መሓውር ፀጥታ ነቲ ዘጋጠመ ወራር ፅንተት ንምምካት በቢዘለዎ ናብ መኽተ ስለዝወፈረ እቲ ነባር ኣወዳድባኡ ፈሪሱ እዩ ፀኒሑ። ንኣብነት፣ ቤት ፅሕፈት ሰላምን ፀጥታን እታ ወረዳ ናብ ስሩዕ ስርሑ ኣብ መወዳእታ 2015 ዓ/ም እዩ ተመሊሱ። ከምዝፍለጥ ብሰንኪ ኩናት ፅንተት ብብርኪ ትግራይ ሰፋሕቲ ፀገማት ፀጥታ የጋጥሙ ብምንባሮም ሕብረተሰብ ኣብ ስግኣት ወዲቑ መረረቱ እናስመዐ መፂኡ እዩ። ኣብ ወረዳ ዛና እውን ገበን ቅትለት፣ መውቃዕቲ፣ ማሕነኾቲ ክሳድ (ሃንግ)፣ ብሃበ ተረኽበ ምትኳስ ጥይትን ባእስን ብሰፊሑ የጋጥሙ ነይሮም። ኣብ ብዙሕ ከባብታት ሕጊ ኣልቦነት ነጊሱ ሕብረተሰብ ብቕትሪ ከይተረፈ ንህይወቱ ሰጊኡ ዘይንቀሳቐሰሎም ቦታታት ነይሮም እዮም።

ከምቤት ፅሕፈት ሰላምን ፀጥታን ናብ ስሩዕ ምንቅስቓስ ምስኣተወ ብፍላይ ካብ መፈለምታ 2016 ዓ/ም ጀሚሩ ነቶም ዝረኣዩ ዝነበሩ ከበድቲ ፀገማት ፀጥታ ንምቕራፍ ብዙሓት ስራሕቲ ሰሪሑ እዩ። ንኣብነት፣ ኣብ ህንፀት መናእሰይን መላእ ሕብረተሰብን፣ ምጥያሽ ፎረም ማሕበረሰብ፣ ምውዳብ ምልሻ፣ መናእሰይን ተመለስቲ ተጋደልትን ዝኣመሰሉ ስራሕቲ ተወጊኖም ናብ ስራሕ ምስግጋር ተኻኢሉ። ምስቲ ሕብረተሰብ እውን መድረኻት እናፈጠርካ ግንዛበ ከዕብን ኣብ ምውሓስ ፀጥታ ከባቢኡ ዋና ተዋሳኢ ክኸውንን ዓሚዩቕ ምርድዳእ ተገይሩ። በዚ ኣቢልካ እቶም ዝነበሩ ፀገማት ፀጥታ ካብ እዋን ናብ እዋን እናተቐረፉ ብምኻዶም ኣብቲ ሕብረተሰብ ዝነበረ ስግኣት ገበን እውን እናቐነሰ ከምዝኸደ ሓላፊ ቤት ፅሕፈት ሰላምን ፀጥታን ወረዳ ዛና ተጋዳላይ ፈረደ ኣማረ ይገልፅ።

ኣብ 2017 ዓ/ም እውን ነቶም ኣብ 2016 ዓ/ም ዝተሰርሑ ስራሕትን ኣብ ምርግጋፅ ሰላምን ድሕንነትን ሕብረተሰብ ዝተረኽቡ ውፅኢታትን ከምመንጠሪ ብምውሳድ ካብ ትልሚ ምውፃእ ክሳብ ትግበራ ብዕቱብ እናተሰርሐ መፂኡ እዩ። ብመሰረት እዚ፣ ብብርኪ ወረዳ ብዘፈር ሰላምን ፀጥታን ዝተማእኸለ ትልሚ ወፂኡ ቤት ፅሕፈት ምልሻ፣ ፎረም ማሕበረሰብን ከምኡ እውን ክሳብ ጣብያ ዘለዉ ውዳበታት ብትልሚ ክምርሑ ተገይሩ። ብዘይካ እዚ ኣብ ህንፀት ልምዓታዊ ሰራዊት እውን ዝራኣዩ ዝነበሩ ፀገማት በቢእዋኑ እናተራኣዩን እናተገምገሙን ከምኡ እውን መሪሕነቱ እናተፈተሸ ብዝኸደ ቁፅሪ ኣብ ስራሕቱ መሓውሩ እግሪ ክተክል ክኢሉ እዩ። ንባዕሉ እግሩ ምስተኸለ ድማ ነቲ ጠቕላላ ሕብረተሰብ ከንቀሳቐስ ዕድል ዝፈጠረሉ ኩነታት ኣሎ። ምስደገፍን ክትትልን ተኣሳሲሩ እውን ምልሻ፣ ብዙሕነትን ርክብ ህዝብታትን በቢጣብይኡ ነቲ ዝነበረ ፀገማት ፀጥታ ንምቕራፍ ናብ ታሕቲ ወሪዱ ነቲ መሓውር ክድግፍ እዩ ተገይሩ።

ሓላፊ ቤት ፅሕፈት ሰላምን ፀጥታን ወረዳ ዛና
ተጋዳላይ ፈረደ ኣማረ

ብኻሊእ መዳይ ግንዛበ ሕብረተሰብ ንምዕባይ፣ ኣብ መናእሰይ ህንፀት ንምክያድ፣ እቲ መሓውር እውን ምዕሩይ ቁመና ወኒኑ ስራሕቱ ብብቕዓት ንክፍፅም ዘኽእሉ ስራሕቲ ክስርሑ ክኢሎም እዮም። ኣብ ዙርያ ምውሓስ ፀጥታን ሰላምን ሕብረተሰብ ሓጋዝን ብዓል ዋናን ክኸውን ኣብ ምልዕዓል እውን ኣብዚ ዓመት ሰፋሕቲ ስራሕቲ ተሰሪሖም። ካብ ወረዳ ጀሚሩ ክሳብ ጣብያ፣ ቁሸትን ልምዓት ጉጅለን ሓበራዊ ምርድዳእ ንምፍጣር መድረኻት ተፈጢሮም ንኩሉ ክፋል ሕብረተሰብ ዘሳተፈ ግቡእ ምንቕናቕ ተኻይዱ እዩ። በዚ ኣቢልካ እቶም ዝነበሩ ፀገማት ፀጥታ ክቃለሉ፣ ብርክት ዝበሉ ገበነኛታት ክቃልዑን ኣደብ ክሕዙን ተገይሩ። ቡቲ ዝተገበረ ምልዕዓል ብርክት ዝበሉ ርካባት ነይሮም እዮም። ንኣብነት፣ ምስዘይሕጋዊ ዝውውር ኣፅዋር ተዛሚዱ 18 ዝተፈላለዩ ኣፅዋራት፣ ሽውዓተ ቦንቢ፣ ሽድሽተ ካዝና ጥይት፣ 127 ዝተፈላለዩ ተተኮስቲ ኣብ ቁፅፅር ውዒሎም እዮም።

ኣብታ ወረዳ ሓደሽቲ ኣባላት ምልሻ ኣብ ምምልማል እውን መብዛሕትኡ ተመላሲ ተጋዳላይ ናብ ምልሻ ክኣቱ ዝተገበረሉ ኩነታት ኣሎ። ልዕሊ 886 ኣብ መዳይ ፀጥታ ዝሕግዙ መናእሰይ ብምውዳብን ፍሉይ መፍለዩ “ባጅ” ብምሃብን ምስቲ ምልሻን ኮምዩኒቲ ፖሊስን ሓለዋ ዝወፁሉ ኩነታት ተፈጢሩ እዩ። ብመንፅር እዚ ኣብታ ወረዳ ዘለዉ ዝተፈላለዩ ህዝባዊ፣ መንግስታውን ዘይመንግስታዊን መሰረተ ልምዓትን ትካላትን ብተንቀሳቓስን ቀዋምን ሓለዋ ድሕንነቶም ውሑስ ምግባር ተኻኢሉ ኣሎ። ኣብዚ ክፍለጥ ዘለዎ ኣብ 2016 ዓ/ም ሰፊሕ ፅንወት መሰረተ ልምዓት እዩ ነይሩ። ብፍላይ ኣብ ትካላት መስተ ማይ ዝበፅሕ ዝነበረ ከቢድ ፅንወትን ጉሕለትን እቲ ዝኸፍአ ምንባሩ ይዝከር። ኣብ 2017 ዓ/ም ግና ሕብረተሰብ፣ መናእሰይ፣ ተመለስቲ ተጋደልቲ፣ ውዳበታት ፀጥታን መሓውርን ተዋዲዶም ብምስርሖም ኣብ መሰረተ ልምዓት ዘጋጠመ ፅንወትን ስርቅን ዳርጋ የለን ምባል ይከኣል። በቢዓመቱ ዝካየዱ ህዝባዊ፣ መንግስታዊ፣ ባህላውን ሃይማኖታውን በዓላት እውን ብሰላማዊ መንገዲ ክሓልፉ ክኢሎም እዮም።

ከምወረዳ እቶም ከበድቲ ዝበሃሉ ከምኩብለላ ወዲሰብ፣ ማሕነኾቲ ክሳድ (ሃንግ)፣ ብኣፅዋር ዝተደገፈ ክትራንን ዓመፅ ደቂ ኣንስትዮን ዝኣመሰሉ ገበናት የለዉን። ብኣንፃሩ ድማ ዛጊድ መሊኦም ዘይተቐረፉ ቀለልቲ ገበናት ብፍላይ ድማ ምስመሬት ዝተኣሳሰረ ኣብ ሞንጎ ውልቀ ሰባት ወይ ቤተሰብ ዘጋጥሙ ፅንፅታት ኣለዉ። እዚኦም ምስምርግጋፅ ዋንነት ተዛሚዱ ዘሎ ኩነታት ዝፈጠሮም ኮይኖም “መሬት ደፊእኻኒ፣ ወሲድካለይ” ብዝብል ዝለዓሉ እዮም። ካሊእ ምስኣብያተ ፍርዲ ተዛሚዱ ንገበነኛታት መምህራይ ፍርዲ ናይ ዘይምሃብ የጋጥም እዩ። እዚ ንክእረም ዝምከቶም ኣካላት ብዝግባእ ክእዩዎ ዝግባእ ጉዳይ እዩ። ብሓፈሻ ምስሕሉፍ ዓመት እንትነፃር ኣብ 2017 ዓ/ም ሓፈሻዊ ገበን ብሽሞንተ ምኢታዊ፣ ከበድቲ ገበናት ብ9 ምኢታዊ ዝቐነሰሉ ኩነታት ከምዘሎን ብብርኪ ዞባ እንትርአ ወረዳ ዛና ኣብዚ ዓመት ብሉፅ ኣፈፃፀማ ስራሕ ካብ ዘለወን ወረዳታት ተፀራሒት ምኺናን ተጋዳላይ ፈረደ የረድእ።

ኣብ 2018 ዓ/ም እውን ኣብ ምውሓስ ሰላምን ፀጥታን መላእ ሕብረተሰብ ዝዓግበሎ ውፅኢትን ምምፃእ ኣብተን ውዳበታት ዘሎ ጥንካረን ድኽመትን ምግምጋም ወሳኒ እዩ። ነቲ ገምጋም መሰረት ብምግባር ድማ ካብ እዋን ክረምቲ ጀሚሩ ኣብተን ውዳበታት ሰፊሕ ምንቕናቕ፣ ህንፀትን ምጥንኻርን መደብ ተታሒዙ እናተሰርሐ ይርከብ። ምኽንያቱ ሰላም ዝዓሰሎ ከባቢ ክትፈጥር እንተኾይንካ ዝተወደበ ሓይሊ ሰላም ክህልወካ ኣለዎ። ነዚ ድማ እቲ ምልሻ፣ መንእሰይ፣ ፎረም ማሕበረሰብ ብሓፈሻ ከዓ ሕብረተሰብ ባዕሉ ወናኒ ፀጥታ ከባቢኡ ክኸውን ምግባር የድሊ። ብፍላይ እቲ መንእሰይ መልመዓይ ሓይሊ ክኸውን፣ ኣብ ስርሑ ክውዕል ኣብ ምግባር ውዳበታትካ ኣሰጣጢምካ ብዕቱብ ምስራሕ ይጠልብ። ስለዚ ነተን ውዳበታት ክመርሕ ዝኽእል ትልሚ ኣዳሊኻ ብ“ቸክሊስት” ዝተደገፈ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ዝነበሩ ጥንካረታት ዝዕቅብን ዝነበሩ ድኽመታት ዝእርምን ኣካይዳ ብምኽታልን ግንዛበ ህዝቢ ብምዕባይን ኣብ ፀጥታ ዝሓሸ ለውጢ ንምምፃእ ኣንፈት ተታሒዙ ይስራሕ ኣሎ።

በቢእዋኑ ግንዛበ ሕብረተሰብ እናዕበኻን ምልዕዓል እናገበርካን፣ ኣብ ሕማቕ ተግባር ንዝሳተፉ እናቃላዕኻ፣ ዝተፈረዶም ገበነኛታት እውን ከምመርኣያ እናቕረብካ ብምስራሕ ገበን ዝፅየፍ ማሕበረሰብ ንክፍጠር ከምቤት ፅሕፈት ናይዚ ዓመት ዓብዩ ትኩረት ዝተዋሃበ መደብ እዩ። ነዚ ድማ ኣብ ኣስተምህሮ ምክልኻል ገበን ምስመዳርግቲ ኣካላት ብፍላይ ምስፖሊስን ኣካላት ፍትሕን ተዋዲድካ ንምስራሕ ትልሚ ተታሒዙ ኣሎ። በቢጣብይኡ ብዝተፈላለየ መልክዕ ዝረኣዩ ፅንፅታት እውን እናፅናዕኻ ዝእለይሉ ኣግባብ ምንፃር የድሊ። ኣብዚ መዳይ ከምብሉፅ ተሞክሮ ኪጋፋሕ ዝግብኦ ስራሕ እውን ናብ ኩሉ ኪጋፋሕ እናገበርካ ክኸየድ ኣንፈት ተነፂሩ ይርከብ። እዚኦም ኩሎም ተደሚሮም ከምወረዳ ኣብ ምስፋን ሰላምን ምርግጋፅ ዉሑስ ፀጥታን ትርጉም ዘለዎ ለውጢ ንምምዝጋብ ይስራሕ ከምዘሎ እቶም ሓላፊ የገንዝቡ።

እዚ ከምዘሎ ኮይኑ እቲ ሕብረተሰብ እውን ኣብ ከባቢኡ ዝረኣዩ ሰላም ዝዘርኑ ምልክታትን ተግባራትን ኣቐዲሙ ንኣካላት ፀጥታ ሓበሬታ ክህብ ኣለዎ። ሰላም ምስፋን ካብ ሕድሕድ ገዛ እዩ ዝጅመር። ስለዚ ሕድ ሕድ መራሒ ስድራ ደቁ ክቆፃፀር፣ ወዱ ወይ ጓሉ መውዓሊኦም መሕደሪኦምን ክፈልጥን ይግባእ። ቀፂሉ ድማ ከባቢኡ ክቆፃፀር፣ ናይ ከባቢኡ ሰላም ዝዘርኑ ምንቅስቓሳት ንዝገብሩ ኣካላት ድማ ኣደብ ግቡሩ ክብል፣ ክከታተልን ክቆፃፀርን ካብዚ ሓሊፉ ድማ ንኣካላት ፀጥታ ክጥቁም ኣለዎ። ብድምር ከምሕብረተሰብ ዝህነፅ እናሃነፀ፣ ዝግምገም እናገምገመን እናስተኻኽለን ከባቢኡ ሰላም ናይ ምግባር ግቡኡ ክዋፃእ እንተኽኢሉ ዝፍፀም ገበን ኣይህሉን። ብፍላይ መራሕቲ ሃይማኖት፣ ዓበይቲ ዓዲ፣ ነባራት ዓቕሚን ተመለስቲ ተጋደልትን ፅንፅታት ኣብ ምክልኻልን ምእላይን ዝለዓለ እጃም ከበርክቱ ዝግብኦም እዮም። ንኣብነት፣ ኣብ 2017 ዓ/ም ጥራሕ ምስዞም ኣካላት ብምውዳድ ብዝተሰርሐ ስራሕ ልዕሊ 380 ፅንፅታት ብዕርቂ ክውድኡ ተኻኢሉ እዩ። ኣብ 2018 ዓ/ም እውን መፅናዕቲ መሰረት ገይርካ ምስከይዲ ስራሕ ብዙሕነትን ርክብ ህዝብታትን ካልኦት መዳርግቲ ኣካላትን ተኣሳሲርካ ፅንፅታት ብዕርቂ ዝፍትሑሉ መንገዲ ንምፍጣር እናተሰርሐ ይርከብ።

ኣይተ ንጉሰ ገ/ዋህድን ወ/ሮ ሓዳስ መሓርን ነበርቲ ወረዳ ዛና ከተማ ዛና ረኺብና ዘዘራረብናዮም እዮም። ኩነታት ፀጥታ ወረዳ ዛና ካብ እዋን ናብ እዋን እናተመሓየሸ ይኸይድ ከምዘሎ ድማ የረድኡ። ሓልሓሊፉ ዝረኣዩ ባእስን መውቃዕትን ከምዘለዉን እንተኾነ ግና ከምቲ ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት ዝነበረ ዘሰከፍን ዘስግእን ኩነታት ከምዘየለን ሕብረተሰብ ብሰላም ወፂኡ ዝኣትወሉ ዝሓሸ ለውጢ ከምዘሎ ይሕብሩ። እዚ ድማ ኣካላት ፀጥታን መላእ ሕብረተሰብን ሓቢሮም ብምስርሖም ዝመፀ ብምኺኑ ንቕፃሊ እውን ከምዚ ዓይነት ዝተዋደደ ስራሕ ተጠናኺሩ ክቕፅል ከምዝግባእ የገንዝቡ።

ኣጠቓሊልካ እንትርአ ስራሕቲ ፀጥታ ዑውት ንክኸውን ብዋናነት ህዝቢ ከውንኖ ምግባር ወሳኒ እዩ። ህዝቢ ከውንኖ እንተዘይከኢሉ ግና ፖሊስ፣ ምልሻ ወይ ሰራዊት ብምስላፍ ጥራሕ ዝዕወት ስራሕ ኣይህሉን። ህዝቢ ናተይ ኢሉ ክቕበሎን ከውንኖን እንተኺኢሉ ካብ ዓይኒ ሕብረተሰብ ዝኽወል ፈተነን ተግባርን ገበን ስለዘየለ ገበነኛታት ንምቁፅፃርን ሕጋዊ ስጉምቲ ንምውሳድን ዝቕለለ ይገብሮ። በቢከባቢኡ ዘሎ ሕማቕን ፅቡቕን ዝፈሊ ባዕሉ እቲ ሕብረተሰብ እዩ። ስለዝኾነ ኩሉ ክፋል ሕብረተሰብ ምስኮምዩኒቲ ፖሊስን ምልሻን ተዋዲዱ ክሰርሕን ፀጥታ ከባቢኡ ከውሕስን ዘኽእሉ ምንቅስቓሳት ምክያድ ኣገዳሲ ይኸውን። በዚ መዳይ ኣብ ወረዳ ዛና ዝተርኣየ ውሕሉል ስራሕ ክነኣድ ዘለዎን ንካልኦት ተሞክሮ ዝኸውንን እዩ። ስለዚ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ዝነበሩ ጉድለታት ኣሪምካ ነቶም ጥንካረታት ድማ ዓቂብካ ምኻድ የድሊ። ሕብረተሰብ እውን ሰላምን ድሕንነትን ከባቢኡ ዉሑስ ንምግባር ካብኡ ትፅቢት ዝግበር ኩሉ ክገብር ይግባእ ንብል።

መስዋእቲ ኩሎም ጀጋኑና ህያው ታሪኽና እዩ!!

ጠፈኛ

ብመንነቱን ውድባዊ እምነቱን ዘይዋገ ፅኑዕ ህዝቢ

“ምስለኔታት ኣይገዝኡናን!” ዝተዓፈነ ህዝቢ እንትትንፍስ

እዋኑ 22 ነሓሰ 2017 ዓ/ም እዩ። ብምኽንያት ስራሕ ከባቢ ሰዓት ሓደ ናይ ንጉሆ ካብ ከተማ መቐለ ተበጊሰ ናብ ከተማ መኾኒ ጉዕዞ ጀመርኩ። ኩሉ ተሳፋራይ የማነ ፀጋም ዘሎ ዓይንኻ ዘፅግብ ዝራእቲ እናረአየ ኣብ ገፁ ሓጎስ እዩ ዝንበብ ዘሎ። ኣብ ጎነይ ዝነበሩ ኣብ ከባቢ 60ታት ክሊ ዕድመ ዝርከቡ ወላዲ ካብ ዘውገዐኒ ቆንጢረ ኽቕርብ። “ዝራእቲ እዚ እዋን ንኣፍና የብሎ ዘብል እዩ። ንሕና ደኣ ከፊእና ነኒባዕልና ንናቕር ኣለና እምበር ኣምላኽስ ብጠለ ምሕረቱ እዩ ዝምግበና ዘሎ ዝወደይ። እንጀራ ህዝቢ እናሕረሩ እንጀረኦም ብዘብስሉ ኣካላት ህዝቢ ራያ ካብን ናብን ከይንቀሳቐስ ጅሆ ተታሒዙ ፀኒሑ እዩ። ኣነ ንዓርሰይ ድሕሪ ሓሙሽተ ዓመት እየ ንመቐለ መፂአ ወደይ ዝርኢ ዘለኹ” ክብሉ ጓሂ ብዝተመልኦ ስምዒት ገሊፀሙሲይ።

እዞም ወላዲ ህዝቢ ራያ ኣብዚ ክልተ ዓመት ዝወስዶም ዝነበሩ ቅዋማትን እቶም ብሄራዊ ክሕደት ዝፍፅሙ ኣካላት ዝሰርሕዎ ዝነበሩን ከምኡ እውን መንነት ህዝቢ ራያ ከጥፍኡ ዝንቀሳቐሱ ፀላእትን እናተረኹለይ እንትኸዱ፤ እንተይተፈለጠና ከተማ መኾኒ ኣተና። ድሕሪኡ ኣድራሻ ተለዋዊጥና ነናብ ስራሕና ኣምሪሕና። ኣነ ኣብ ከተማ መኾኒ ዝነበረ መንእሰይ፣ ደቂ ኣንስትዮ፣ ዓበይቲ ወለዲ፣ ነባራት ዓቕሚ ሓዊሱ ብርክት ዝበሉ ኣበላት ውድብ ህወሓት ናብ ዝተሳተፍሉ መድረኽ እየ ኣምሪሐ። እቲ መድረኽ ብውድብ ህወሓትን ጊዜያዊ ምምሕዳር ትግራይን ዝተመረፁ ኣካላት ዝመርሕዎ ብምንባሩ ካብቶም ተሳተፍቲ ዝቕርቡ ዝነበሩ ጥንክር ዝበሉ ሓሳባትን ሕቶታትን እንትብገስ እቲ ህዝቢ ክንደይ ዝኣክል ተዓፊኑ ምንባሩ ተገንዚቡ።

ህዝቢ ደቡብ ትግራይ ብሰንኪ እቲ ምስ ስርዓት ብልፅግና ወጊኑ ዓዱን ህዝቡን ዝኸሓደ ጉጅለ መላእ ህዝቢ ራያ ቡብደረጅኡ ብዝነበሩ ምስሌነታት ሰላሙ ተዘሪጉ፣ ፍትሒ ስኢኑ ብኩሉ ነገር ተዓፊኑ ከምዝነበረ ኣብቲ መድረኽ ብዝርዝር ቐሪቡ እዩ። እንተኾነ ግን ህዝቢ ራያ ብመንነቱን ውድባዊ እምነቱን ዘይጠራጠርን ዘይዋገን ህዝቢ ብምኹኑ ንኩሉ ዓይነት ውዲታት ፀላእቲ ከምዘበርዐኖም ነቶም ሓደሽቲ መራሕቲ ብዝርዝር ነጊርዎም። እቲ ህዝቢ ካብ ቀዳማይ ወያነ ጀሚሩ ንኣስታት 50 ዓመት ኣብ ጎድኒ ውድብ ህወሓት ተሰሊፉ ህልውንኡን መሰል ዓርሰ ውሳንኡን ንምርግጋፅ ካብ ውሉድ ወለዶ ኣትሒዙ ክቡር መስዋእቲ እናኸፈለ ዝመፀ ህዝቢ ምኹኑ ብዕሊ እዩ ገሊፁሎም።

ይኹን እምበር እታ ንኩናት መኽተ መሪሓ ህልውና ህዝቢ ዘውሐሰት ውድብ ህወሓት ኣብዚ ክልተ ዓመት ካብቲ ህዝቢ ርሒቓ ከምዝፀንሐት ድሕሪ ምግላፆም፤ “ህወሓት ፈትያ ዘይኮነትስ እቶም ምስለኔታት ይገብርዎ ብዝነበሩ ሕማቕ ተግባር ምኽንያት ናብ ዘይተደለየ ጎንፂ ንዘይምኻድ ምኹኑ ንርዳእ ኢና” ክብሉ እዮም ኣረዲኦም። ትማሊ “ህወሓት ኢና” ዝብሉ ዝነበሩ ኣካላት ሎሚ ብጥቅሚ ተደሊሎም ኣብ ጎድኒ ስርዓት ብልፅግና ተሰሊፎም ህወሓት ንምፍራስ ንክልተ ዓመት ዝፈፀምዎ በደል ብዝርዝር እዮም ኣቕሪቦም። ካብዚ ሓሊፉ ስድራ ስውኣትናን ሃርበኛታትን ኢሉ እውን እቲ ንውድብ ህወሓት ዝድግፍ መዋእሉ መስዋእቲ እናኸፈለ ዝመፀ ህዝቢ ደቡብ ትግራይ በቶም ምስለኔታት ርእሱ ደፊኡ ክነብር፣ ክሸቐረር ዝተገበረ ምስ ኣብነታቱ እዩ ተገሊፁ። ህዝቢ ራያ ክሳብ ሕዚ በቶም ዝጨፍጨፍዎ ሓይልታት ፅንተት ምኽንያት ብኮማንድ ፖስት እናተመርሐ ነፃነት ምስኣኑ ከይኣክል ንኣባላት ሰራዊት ትግራይ ዘይሸሙ እናሃብካ ሰራዊት ብልፅግና ክኣቱ እቶም ምስለኔታት ምፅዋዖም ምሒር እዩ ኣሕዚንዎም። እዚ ከይኣክል ትግራዋይ ነንባዕሉ ንኽቃተል “ሓራ መሬት” ብዝብል ኣብ ዓፋር ሰራዊት እናጣየሹ፣ ኣብ ውሽጢ እቲ ህዝቢ ድማ “ሓመድ ሞኾንን፣ ስበር ራያን” ብዝብል ብጥቅሚ ዝዕምፅ ሓይሊ እናተኣኻኽቡ መላእ ህዝቢ ከምብርከኽን ክርዕድን ምስራሖም ኣብቲ መድረኽ ብትሪ ኮኖኖምዎ እዮም።

ህዝቢ ደቡብ ትግራይ ህወሓት ክሳብ እትመፀሉ ተስፋ ኣይቆረፀን። ነዚ ኩሉ ስቓይን መከራን ክኢሉ ብዝተወደበን ዘይተወደበን መንገዲ እናተቓለሰ ምምፅኡ ኣይከሓድን። እዚ ከምዘለዎ ኮይኑ ብፍላጥ ይኹን ብዘይፍላጥ በቶም ጉጅለ ክሕደት ዝተደናገሩ ወገናት እውን ቀሊል ከምዘይኮነ ተዓዚቡ። ዋላ ዝዘንገዐ ዝተገበረ ኣብነታቱ እዩ ተገሊፁ። ህዝቢ ራያ ክሳብ ሕዚ በቶም ዝጨፍጨፍዎ ሓይልታት ፅንተት ምኽንያት ብኮማንድ ፖስት እናተመርሐ ነፃነት ምስኣኑ ከይኣክል ንኣባላት ሰራዊት ትግራይ ዘይሸሙ እናሃብካ ሰራዊት ብልፅግና ክኣቱ እቶም ምስለኔታት ምፅዋዖም ምሒር እዩ ኣሕዚንዎም። እዚ ከይኣክል ትግራዋይ ነንባዕሉ ንኽቃተል “ሓራ መሬት” ብዝብል ኣብ ዓፋር ሰራዊት እናጣየሹ፣ ኣብ ውሽጢ እቲ ህዝቢ ድማ “ሓመድ ሞኾንን፣ ስበር ራያን” ብዝብል ብጥቅሚ ዝዕምፅ ሓይሊ እናተኣኻኽቡ መላእ ህዝቢ ከምብርከኽን ክርዕድን ምስራሖም ኣብቲ መድረኽ ብትሪ ኮኖኖምዎ እዮም።

ህዝቢ ደቡብ ትግራይ ህወሓት ክሳብ እትመፀሉ ተስፋ ኣይቆረፀን። ነዚ ኩሉ ስቓይን መከራን ክኢሉ ብዝተወደበን ዘይተወደበን መንገዲ እናተቓለሰ ምምፅኡ ኣይከሓድን። እዚ ከምዘለዎ ኮይኑ ብፍላጥ ይኹን ብዘይፍላጥ በቶም ጉጅለ ክሕደት ዝተደናገሩ ወገናት እውን ቀሊል ከምዘይኮነ ተዓዚቡ። ዋላ ዝዘንገዐ ህዝቢ ራያ ኣብ ጎድኒ ህወሓት ክሳብ ሕዚ ዝፈፀሞ ግፍዕታት ፀላእቲ ከይተገብርኽኽ ኣብ ጎድኒ ምልሻ ሓዊሱ ሰራዊቱን ሰራዊቲ ትግራይ ዘይሸሙ ከይኣክል ንኣባላት ሰራዊት ብልፅግና ክኣቱ ከምዘለዎ ኮይኑ ብፍላጥ ይኹን ብዘይፍላጥ ብሕሱር ኣገባብ

መልእኽቲ ሰናይ ትምኒት
ቤት ማዘጋጃ ከተማ ሽረ እንዳስላሰ

ኣቐዲምና ኣብ ውሽጥን ደገን ንዝርከቡ መላእ ህዝቢ ትግራይ ብፍላይ ካብ መረበትኩም ተመዛቢልኩም ኣብ ሕማቕ ኩንታት ናብራ ዘለኹም ወገናትና፣ ህላወን ድሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ንምርግጋፅ ኣካል መጉዳእቲ ዝበፅሐኩምን ኣብ ግንባር ኮይንኩም ውሕስና ህዝብና ንምርግጋፅ ቀትርን ለይትን ትረባረቡ ዘለኹም ኣባላት ሰራዊት ትግራይ እንኳዕ ን2018ዓም ሓዱሽ ዓመት ብሰላም ኣብፀሐና ኣብፀሐኩም ከንብል ንፈቱ።

ቤት መዛጋጃ ከተማ ሽረ እንዳስላሰ ድሕሪ ኩናት ፅንተት ከተማና ናብ ንቡሩ ንምምላስ ስፋሕቲ ስራሕቲ ልምዓት ከም መንገዲ ኣስፋልቲ ዝበለ ሓሙሽተ ኪሜትሮ ንውሓት ዘለዎ፣ ልዕሊ ሽውዓተ ነጥቢ 4 ኪሎ ሜትሮ ዝንውሓቱ ምንፃፍ ፅሩብ እምኒ /ኮብሊስቶን/፣ ሽውዓተ ኪ.ሜትሮ መብራህቲ ፅገናን ካልኦት ስራሕቲ መስረተ ልምዓት ምስ ህዝብና ኮይንና ብዝገበርናዮ ፃዕሪ ዛጊድ ተሳሊጦም እዮም።

ብተመሳሳሊ መንገዲ ኣብ 2018 ዓ/ም በጀት ዓመት እውን ኣርባዕተ ኪሎ ሜትሮ ስራሕቲ ኣስፋልት ልዕሊ ሓሙሽተ ኪሎ ሜትር ምንፃፍ ኮብልስቶንን ኣብ ሓደሽቲ መንደር ድማ ዝርገሐ ማይን መብራህትን፣ ንኣካለ ጉዳኣትን ሃርበኛታትን ዝወፀ ኮድ ሽንሽና መሬት ተኻይዱ መንበሪ ዝረኽብሉ ኩነታት ክፍጠር እዩ።

ብሓፈሻ ኣብዚ 2018 ዓ/ም ምስ ህዝብናን መላእ ሕ/ሰብናን ኮይና ከተማና ንነበርታን በፃሕታን ተባሃጊትን ልምዕትን፣ ሰናይ ምም/ር ዝዓሰላ ከተማ ንምግባር ዘይተሓለለ ፃዕሪ ከምእንገብር ክነበስር ንደሊ።
በዚ ኣጋጣሚ ሰብ ውልቀ ሃፍቲ፣ ፈተውትን ተወለድትን ከተማ ሽረ እንዳስላሰ ኣብዚ ክንሰርሓ ዝሓዝናዮ መደብ ስራሕቲ ልምዓት ኣብ ጎንና ኮይንኹም ድጋፍኩምን ሓገዝኩምን ክትገብሩ እናሓበርና ኣብ ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ኢንቨስትመንት ተዋፊርኩም መዋእለ ንዋይኩም ክተፍስሱ ንእትደልዩ ብፀጋ ተቐቢልና ከምእነተኣናግደኩም ብሽም ህዝብን ምም/ርን ከተማ ሽረ እንዳስላሰ ፃዊዕትና ነቕርብ።

ደጊምና ርሑስ ሓዱሽ ዓመት 2018 ዓ/ም
ቤት ማዘጋጃ ከተማ ሽረ እንዳስላሰ

መልእኽቲ ሰናይ ትምኒት
ቤት ማዘጋጃ ከተማ ሳምረ

እንኳዕ ን2018 ዓ/ም ንበዓል ሓዱሽ ዓመት ኣብፀሓኩም ኣብፃሓና እናበልና ሰናይ ትምኒቱ ዝገልፅ ዘሎ ቤት ማዘጋጃ ከተማ ሳምረ እዩ፡፡

ቤት ማዛገጃ ከተማ ሳምረ ኣብ 2017 ዓ/ም ብርክት ዝበሉ ስራሕቲ ልምዓትን ዳግመ ሕውየትን እናሳለጠ ዝፀንሐ እንትኸውን፤ ህንፀት መካበብያ መናሃርያ፣ ዝርገሐ ማይን መብራህትን፣ ስራሕቲ ተፋሰስን ካልኦትን ስራሕቲ ልምዓት ብልዕሊ 4 ነጥቢ 5 ሚልዮን ብር ወፃኢ ብምግባር ኣብ ምስራሕ ፀኒሑን ኣሎን፡፡
ካብዚ ብተወሳኺ ፕላን ከተማና ንምስራሕ ምስ ዩኒቨርሲቲ መቐለ ብ ነ ነጥቢ 8 ሚልዮን ብር ውዕሊ ኣሲርና ኣብ ስራሕ ዘለና ምኂናን በዚ ኣጋጣሚ እዚ እውን ዩኒቨርሲቲ መቐለ ንዝግበረልና ኩለ መዳይ ምትሕብባር ብሽም ህዝቢ ከተማ ሳምረ ንቤት ማዘጋጃ ከተማ ሳምረን ምስጋናና ንገልፅ፡፡ ኣብ ከተማና ግዝያዊ መስርሕን መሸጥን ፀገም ንዝነበሮም ወገናትን ተመለስቲ ሰራዊትን 69 ሰብ፣ ንስድራ ስውኣት 30 ሰብ፣ ንነባራት ጉድኣትን ካብ ምክልኻል ሃገር ዝመፁን ን9 ሰብ ብድምሩ ን18 ሰብ መስርሕን መሸጥን ብምዕዳል ናብ ስራሕ ዝኣትውሉ ዕድል ፈጢርና ኢና፡፡ ከምኡ እውን ን04 ስድራ ስውኣት ንመንበሪ ዝኸውን ቦታ ክዕደሉ ተገይሩ እዩ፡፡
ቤት ማዛገጃ ከተማ ሳምረ ኣብ 2017 ዓ/ም ዝጀመሮም ስራሕቲ ህንፀትን ዳግመ ሕውትን ኣብ 2018 ዓ/ም እውን ብዝተዋወደ መንገዲ ንምቐፃል ኣንፈት ኣቐሚጡ ናብ ምንቅስቓን ኣትዩ ይርከብ፡፡ ካብኣቶም ኣብ ውሽጢ ከተማና 4 ነጥቢ 5 ኪሎ ሜትሮ መንገዲ ፀፀር ንምስራሕ ብመልክዕ ጨረታ ንክካየድ ትልሚ ተታሒዝሉ ኣሎ፡፡ ከምኡ እውን ዝርገሐ ማይ ኣብ 2017 በጀት ዓመት ንዘይበፅሖ ከባቢ ኣብዚ በጀት ዓመት እዚ ንምብፃሕ፤ ፅርየት ከተማና ንምሕላው መወገዲ ጎሓፍ ቦታ ንምስራሕ በቲ ናይ ከተማና ሓዱሽ ዲዛይን መሰረት ብምሕራይን ነዚ መስርሒ ዝኸውን 3 ሚልዮን ብር ተመዲብሉ ንምስራሕ ኣብ ምንቅስቓስ ንርከብ፡፡
ካብዚ ብተወሳኺ ከተማና ሓምለወይትን ውቅብትን ንምግባር 5,000 ክሳብ 10,000 ፈልሲ ተኽሊ ንምትካል ትልሚ ከም ዝተታሓዘሉ ብተወሳኺ ድማ ከተማና ምቸውትን ተፈታዊትን ንምግባር ናይ GREEN AREA ቦታታት ንምስራሕ ትልሚ ዝተታሓዘ ምኂኑ፤ ከምኡ እውን ዝተፈላለዩ ናይ ማይ መወገዲ ካናላት ንሓደሽትን ፅገናን፣ ፎርድን ንምስራሕ ተሊምና ኣብ ምንቅስቓስ ንርከብ፡፡ እዚኦምን ካልኦትን ኣብዚ ዓመት ንምስራሕ ብተግባር ዝጀመርና ምኂና እንትገልፅ ተወለድትን ፈተውትን ከተማና ዝኾንኩም ኣብ ውሽጥን ኣብ ደገን ዘለኹም ወገናት ብሓባር ከተማና ዓብይ ናይ ልምዓት ፃምእ ዘለዎም ምኂናን ኹሉ ግልፂ እዩ፡፡ ስለዚ ብምትሕግጋዝን ብምርድዳእን ፀገማት ንፈትሓላ ሳምረ ፃውዒታ ተቐርብ ኣላ። ምስዚ ብተወሳኺ ኣብ ከተማና ንዝተፈላለዩ ግልጋሎት ዝውዕሉ ኣብ ባንኪ መሬት ስለዘለና ምፁና ንምትእንጋድ ድልዋት ኢና፡፡ ብሩኽ ሓዱሽ ዓመት ሰናይ በዓል ይግበረልና፡፡

ቤት ማዛጋጃ ከተማ ሳምረ

መልእኽቲ ሰናይ ትምኒት
ህዝብን ምምሕዳርን ወረዳ ሳምረ

ኣብ ደገን ውሽጥን ዘሎ ህዝብና እንኳዕ ን2018 ዓ.ም ዘመን መቐየሪ ሓድሽ ዓመት ብሰላም ኣብፀሐኩም ኣብፀሐና ከንብል ንፈቱ። እዚ ዓመት ናይ ሰላም፣ ናይ ዕብየት፣ ናይ ሓድነት ክኾነልና እናተመነና ብወረርቲ ዝተትሓዘ መሬትና ሓራ ዝወፀሉ፣ ተመዛበልቲ ወገናትና ናብ መረበቶም ዝምለስሉ ከም እውን ሓድነት ተጋሩ ዝጥንከረሉ ክኸውን ተስፋና እዩ።

ወረዳ ሳምረ ኣብ 2013 ዓ.ም ዝነበረ ፅንተታዊ ኩናት ስዒቡ ብፍላይ ግንባር ወርቂ ዲኖ፣ ወፍሪ ኣሉላ ኣብ ዝነበረ ውግእ ንወገን ዕርዲ፣ ስንቅን ዕጥቅን ብምኂን ግንባር ቀደም ዝነበረትን ክሳብ ሐዚ እውን ኣብ መኸት እትርከብን ወረዳ እያ። ሐዚ እውን ኣብ ጎኒ ውድብናን ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ብምኂን ኣብ ዳግመ ሕውየት ከባቢና ሓቢርና ክንሰርሕ ቃል ብምእታው ይኸውን።
ወረዳ ሳምረ ካብ ዋና ከተማ መቐለ 57 ኪሎ ሜትሮ ንኣንፈት ደቡብ ምብራቕ ትርከብ ወረዳ እንትትኸውን፤ ዓመት ምሉእ ዝውሕዙ ከምኒ ሩባ ዛምራ፣ ሩባ ዓሪጃ ዝበሉ ሩባታት ዝወነነት እያ፡፡ በዞም ወሓዝቲ ሩባታት ከም ማንነ፣ ኣራንሺ፣ ኣቮካዶ፣ፖፖያ፣ ዘይትሁን፣ ሙዝን ሎሚን ዝኣመሰሉ ቀወምቲ ተኽሊታት ዝርከቦም ሰፊሕ ሽፋን መስኖ ዘለዋ ወረዳ እያ፡፡ ካብዚ ብተወሳኺ ብዙሓት ዝድህሰሱን ዘይድህሰሱን ሓድግታት ዝሓቆፈት ወረዳ እንትትኸውን ንምርባሕ ሃፍቲ እንስሳ ድማ ኣዝያ ምቸውቲ ወረዳ እያ። ስለዚ ኣብ ወረዳና እንቨስት ክትገብሩ እትደልዩ ሰብ ሃፍቲ ሓንጎፋይ ኢልና ክንቕበለኩም ከምዝኾንና በዚ ኣጋጣሚ ንገልፅ።

ኩነታት መሰረተ ልምዓት ወረዳና ቅድሚ 2013 ዓ.ም ኣብ ዘሐሸ እኳ እንተነበረ ብምኽንያት ዝተኣወጀና ወራር ተዘሪፉን ዓኒውን እዩ። ሐዚ ናብ ዜሮ ወራዱ ኣብ ኣፀጋሚ ኩነታት ዝርከብ ኮይኑ ብዝተኽኣለ መንገዲ ግልጋሎት ንክህባ ከም መብራህቲ ፣መንገዲ፣ ጥዕና ትካላት፣ ኣብያተ ትምህርቲ ዝበላ ዝዓነወ መሰረተ ልምዓትና ንምፅጋን ምስ መንግስታውን ዘይመንግስታውን ትካላት ብምትሕብባር ናብ ንቡር ክምለስ ክንብር ኣለና።
ሓረስታይና ካብ ተፀባይነት ክወፅእ ናይ መፍረያይነት ዓቕሙ ከዐቢ ብተወሳኺ ድማ ኣብቲ ወረዳ ምስ ዝርከባ ትካላት ፋይናንስ ብምርድዳእ ናይ ምዕቃር ባህሉ ከበርኽ ብምግባር ዝተሃሰየ መናባብሮ ንክሓዊ እናሰራሕና ኢና፡፡ ከምኡ እውን ንሓርበኛታትን ደቂ ኣንስትዮን ጠመተ ሂብና ክንሰርሕ ቃል እንኣትየሉ እዋን እዩ።
ኣብ በጀት ዓመት 2018 ዓ.ም ዋላእኳ ብዙሓት ስራሕቲ ንምስራሕ ትልሚ ዝተትሓዘ እንተኾነ፤ እቲ ቀንዲ መደብ ግና ከተማና ከተማ ሳምረ ማስተር ፕላን ከተማነት ምዝዛም እዩ፡፡ ከምኡ እውን ንስድራ ስውኣት ዝጀመርናዮ ዕደላ መንበሪ ገዛ መሬት ኣጠናኺርና ከምንቕፅል እናሓበርና ደጊምና እንኳዕ ንሓዱሽ ዓመት ብሰላም ኣብፀሓኩም ንብል።

ህዝብን ምምሕዳርን ወረዳ ሳምረ!

መልእኽቲ ሰናይ ትምኒት
ህዝብን ምምሕዳርን ከተማ ራማ ዓዲ ኣርባዕተ

ህዝብን ምምሕዳርን ከተማ ራማ ዓዲ ኣርባዕተ ኣብ ውሽጢ ዓዲን ወፃእን ንእትርከብ ህዝቢ ትግራይ፣ ብፍላይ ድማ መድሕንን ዋሕስን ህዝቢ ዝኾንካ ሰራዊት ትግራይ፣ ጉዳኣት ኩናት ትግራይን ስድራ ስዉኣትን እንኳዕ ንሓዱሽ ዓመት 2018 ዓ/ም ብሰላም ኣብፀሐኩም ኣብፀሐና ብምባል ሰናይ ትምኒቱ ይገልፅ።
ከም ህዝብን ምምሕዳርን ነዚ ሰናይ ትምኒት እንትንገልፅ ፀላእትና ብልፍንታዊ ወራር ኣቢሎም ህልውና ህዝቢ ትግራይ ንምጥፋእ ዘካይድዎ ፅንተት ካብኡ ዝድለ ኩሉ ልዑል ኣስተዋፅኦ እናገበረ ብብቕዓትን ብፅንዓትን መኪትና ኣብ ዳግመ ህንፀትን ሕውየትን ከተማና ጠንኪርና ብምርብራብ ብዓወት ከም እንዘልቕ ብምትእምማን እዩ።
ብርክት ዝበለ ነባራይ ዝነብረላ ወረዳና ነቲ ሐዚ ገጢሙና ዘሎ ፖለቲካዊ ዘይምርግጋዕ ናብ ንቡር ንምምላስ ፀገማት ኩለመዳይ ህዝብና ንምቕራፍ ልዑል ምንቅስቓስ ክንገብር ኢና። እቲ ደላይ ሰላምን ልምዓትን ዝኾነ ህዝብና ውድቡ ንምድሓን ኣብ ጎኒ መሪሕ ውድቡ ህዋሓት ተሰሊፉ ዝገብሮ ዘሎ ታሪኻዊ ቃልሲ ብወርቂ ቀለም ተፃሒፉ እናተኾለዐ ዝነብር ታሪኻዊ ስርሒት እዩ።

ህዝብን ምምሕዳርን ከተማ ራማ ዓዲ ኣርባዕተ ዳግመ ህንፀት ወረዳ ንምርግጋፅ ኣብ መደባት ልምዓት ካብ እንገብሮ ፃዕሪ ብተወሳኺ ተጠቃምነት ስድራ ስዉኣት፣ ሃርበኛታት ተጋደልትን ንምርግጋፅ ብዕቱብ እናሰራሕና ንርከብ። በዚ ድማ ን3ነ ሃርበኛታት ኣብ ከተማ ራማ መጠሻ ዝተዓደለ እንትኸውን ን150 ስድራ ስዉኣት ድማ መንበሪ ክረኽቡ ተገይሩ እዩ። ካብዚ ብተወሳኺ ን29ነ ስድራ ስዉእን ሃርበኛን ተሓራሲ መሬት ብምዕዳል ቁጠባዊ ውሕስንኡ ዘረጋግፀሉ ዕድላት እናመዓራረና ንርከብ። ካብዚ ሓሊፉ ኣብ ወረዳና ዝርከቡ መናእሰይ ከባብያዊ ፀጋታት ተጠቒሞም ተረባሕቲ ንክኾኑ 28 ስድራ ስዉኣትን ሃርበኛታት ተጋደልቲ ጎቦን ጉህምን ከልምዑ፣ 74 መናእሰይ ግዝያዊ መስርሕን መሸጥን ቦታ ክረኽቡ፣ 46 መናእሰይ ድማ ኣብ ፍሉይ ታሕተዋይ ብርኪ ምፍራይ ወርቂ ማዕድን ክዋፈሩ ብምግባር ኣብዚኦምን ኣብ ካልኦት ዘፈራትን ብድምር 1286 መናእሰይ ተጠቀምቲ ዝገብር ስራሕቲ ዓሚምና ኢና።

ምምሕዳር ከተማ ራማ ዓዲ ኣርባዕተ ዝተፈላለዩ ክቡራት መኣድናት ወርቅን ሑፃን፣ ገዳማት፣ ካልኦት ሃፍተ ገነታትን ዝወነነት እያ። ከምኡ ድማ ሰፊሕ ኢንቨስትመንት ሕርሻ መስኖን ዝተዓደለት፣ ዝተፈላለየ እንስሳ ንምርባሕን ንምህጣርን ምቸውነት ዘለዋ ከተማ እያ። ኣብ ከተማና ንዝግበር ምንቅስቓስ ኢንቨስትመንት ክትነጥፉ እትደልዩ ኣብ ውሽጢ ዓድን ደገን ዘለኹም ሰብ ሃፍቲ ተጋሩ በርና ክፍቲ እዩ ጥራሕ ምፁ ዓድኹም፣ ህዝብኹምን ምምሕዳርኩምን ከተኣናግደኩም ከምዝተዳለወ ደጊምና ከነረጋግፀልኩም ንፈቱ።
ደጊምና ርሑስ ሓዱሽ ዓመት ንብል!!

ዘለዓለማዊ ክብሪን ሞጎስን ንሰማእታትና ! !
ካብ ህዝብን ምምሕዳርን ከተማ ራማ ዓዲ ኣርባዕተ

ሕድሪ ስውኣትና ኣይነዕብርን!